# ምልክዕቲ ሰበይትን ተባሃጊ መሬትን ዘለዎ ህዝቢ ከይደቀሰ ይሓድር። 1ይ ክፋል

**ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ኤርትራ ዝርኤ ዘሎ ስቓይን መከራን: ካበይን ስለምንታይ ከምዝነቐለ: በዞም ዝስዕቡ ኣርእስታት ተርታ-ብተርታ ተንቲና ክነቕርብ ኢና።**

ጉጅለ ደቀባት ኤርትራ መስከረም 2008 ዓ.ም

- *ውሽጣውያን ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ መንዮም? ስለምንታይከ ንህዝቢ ኤርትራ ክሳብ ሎሚ ይጸብኡዎ ኣለው?*
- *ግዳማውያን ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራኽ መንዮም? ስለምንታይከ ክሳብ ሎሚ ብረቂቕን ስዉርን ሜላ ንህዝቢ ኤርትራ ይጐድኡዎ ኣለው?*
- *ስለላ-መርበብ ኣብ ትግራይን ኢትዮጵያን መዓስን ብየናት ሰበስልጣናት ኣትዩ?*
- *ቅድሚ ኮለንያል ግልያን ንኤርትራ ምውራሩ: መንዮም ኣብ ትግራይ እቶም ቀዳሞት መራሕቲ ብኮሎንያል እንግሊዝ ንስለላ ዝተሓጸዩ ?*
- *ህዝቢ ኤርትራ ብመሳፍንቲ ትግራይ ዝውረር ዝነበረ: ትግራዎት ንህዝቢ ኤርትራ ስለዝሓለዩሉ ድዮም ወይስ ስለዝቖንኡሉ'ዮም?*
- *ታሪኻዊ ትንተናን ዝምድናታትን መሳፍንቲ ትግራይ። ካብ እዋን ሚካኤል ስሑል ጀሚሩ (1735-1780 ዓ.ም) ክሳብ ዘመን ሽቃ ኣሉላን። ካብ እዋን ሽቃ ኣሉላን: የውሃንስ 4ይ 1888 ዓ.ም. ጀሚሩ ድማ ክሳብ ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ (ለገሰ) ዜናዊን ዝምድናታቶምን።*
- *ኮሎንያል ግልያን ካብ ሃገር ግልያን ንኤርትራ ክወርር ክብገስ ከሎ ስለምንታይ ካብ ካልኦት ሃገራት ንኤርትራ ክወርር ወሲኑ? መን ስለዝመኸሮ'ዩ? ስለምንታይከ?*
- *ኮሎንያል ግልያን ብድሕሪ ስዕረት ድጉዓሊ: ብሰንኪ መን ንኤርትራ ወሪሩ ክሕዛ በቒዑ?*
- *መነባብሮ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ኮሎንያል ግልያ ከመይ ነይሩ?*
- *እንግሊዝ ንግልያን ስዒሩ ንኤርትራ ክሕዛ ከሎ ዓላምኡን ስትራተጅኡን ኣንታይ ነይሩ?*
- *ድሕሪ እንግሊዝ ኣብ ኤርትራ ስለምንታ ኣብ ክንዲ ነጻነት ፈደረሽን ተባሂሉ? ፈደረሽን ኤርትራኽ ድሓር ስለምንታይ ፈሪሱ?*
- *ኤርትራ ኣብ እዋን መግዛእቲ ሃይለስላሴን መንግስቲ ደርግን?*
- *ዝምድና መራሕቲ ወያኔን ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.ን*
- *ሰንዓ ፎርም ስለምንታይ ቈሙ?*
- *ትርጉም ኪዳንን ስትራተጅኡን?*
- *መጻኢ ዕድል ኤርትራ እንታዩ ክኸውን'ዩ?*

መብርሂ: ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ኤርትራ ዝርኤ ዘሎ ስቓይን መከራን: ሎሚ ብዘመነ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ጹብ ኢሉ ዝመጸ ኣይኮነን። እንታይድኣ ካብ ጥንቲ ጥቅምቲ ማለት ብሕልፊ'ኳድኣ ካብ 17 ክፍለ ዘመን ጀሚሩ: ብፍላይ ብመሳፍንቲ ትግራይ ብሓፈሻ ድማ ብዝተፈላለዩ ባዕዳውያን ወረርቲ ዝነቐለ ጠንቂ እዩ። እቲ ቀንዲ መንቀሊ ድማ ጸጋን በረኸትን ስትራተጂን ክሊማን ህዝቢ ኤርትራ ስለዝብሃጉን ዝተተምነዩን: ነቲ ዝተባህጉዎ ዘይናቶም ጸጋ ንኽዘምቱን ክምዝምዙን: መልክዖም ኣናቐያየሩ ዝፈጠርዎ ሰበብ'ዩ። እቲ ካብ ኩሉ ዝገርም ነገር ግን: ህዝቢ ኤርትራ: ብፍላይ ዓበይቲ ዓዱ ይኹኑ ምሁራቱ: ወይ ድማ መራሕቲ ዝብሃሉ: ኣብ ክንዲ በቲ ዝሓለፈን ክሳብ ሕጂ'ውን ዘሎን ሰንሰለታዊን ዝተሓላለኸን ግፍዕታት ባዕዳውያን ገዛእቲ: ተመኪሮምን ተማሂሮምን ብሓባር



ይቕጽል

ፍታሕ ዝረኸቡ: ክሳብ ሎሚ ስኣን ብውህደትን ብሓድነትን ፍጹም ዓወት ከይረኸቡ ጸኒሖም። ብሕልፊ ሎሚ ኣሞኽኣ: ካብቲ ኩሉ ዘሕዝን ታሪኽ: ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ክንዲ ሕማሙ ኣለልዩ: ዝፍውስን: ጸላኢኡ ፈሊጡ ድማ ኣብ ክንዲ ብሓባር ዝምክት: ብኣንጻሩ ፍቕርን ምትእምማንን ኣጥፊኡ: ዳርጋ ዘርምዘርሞ ተሪፉ: ግዳይ ጸላእቱ ክኸውን ተገዲዱ ይርኤ ኣሎ። ስለዚ ነዚ ጸገምዚ ከም ወዲ ዓድን ወደባትን ኤርትራ መጠን: ብርኡይ እናተዓዘብካ ትም ኢልካ ክትሓልፎ ኣዝዩ ዘተሓሳስብ እዩ። ምናልባት ገለ-ገለ ሰባት: "ንዝሓለፈ ታሪኽ ምትንታን ኣንታይ ኣድለየ: ነዚ ሎሚ ብኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ወሪዱና ዘሎ ጸገም ጥራይ ዘይንፈትሕ" ዝብል ርእይቶታት ዘቕርቡ ኣይስኣኑን'ዮም። ይኹን እምበር ጸላእትና ታሪኽናን መበቈልና ኣጽኒዖም: ሓቢሮም ከጥቅዑና ኣናተዓዘብና: ማለት ከምዚ ናይ ሎሚ ስትራተጂኦም ዝርኤ ዘሎ: ንዓና ኣጽኒቶም ርስትናን ባህርያዊ ጸጋናን ብኸሊ መኣዝን ንኽግብቱ: ይኃየዩ ከምዘለው ርኡይ ተርእዮ እዩ። ንሕና ግን ከምኦም ወሪርና ንብረቶም ክንዘምት ዘይኮነስ: ንርስትናን ህላዌናን መበቈልናን: ንኽንከላኸል ነቲ ጠንቂ ጸገምና ብመጽናዕ: ተጠርኒፍና: ክንምክቶም እዩ ዝግብኣና። እዚ ከኣ ንፍትሕን ንመሰልናን እንተሞትና ጻጋ እዩ። መሬትና እንዳተዘምተ ወለዶና ኣናጸነተ: ህይወትና እናሓለፈ: ተፈላሊናን ትም ኢልና ክንርኢ ግን: ናይ ሞት ሞት እዩ። ከብቲ ወይ ብዕራይ'ኳ ዝብኢ ከጥቅዖ ከሎ: ክሳብታ ዝመውት እዩ ብቐርኑ ዝከላኸል። ወዲ ሰብከ ንህይወቱ ንኽይከላኸል ዝዓግቶ እንታይ እዩ? እንታይ እዩኸ ክተርፎ ካብ ሞት ሓሊፉ? ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ኣስመራ ብዙሓት ኮረኔላት ነቲ መንግስቲ ጸሊኦም ህይወቶም የጥፍኡ ኣለው ይብሃል። ከም'ዚ ክትሰምዕ ከሎኻ ኣዝዩ ዘሕፍር ወረ'ዩ። ህይወቶም ብኾንቱ ኣብ ክንዲ ዘጥፍኡ ግን: ነቶም ዝጭቁኑዎም ዘለው ተኸላኺሎምን ስዒሮምን ክመቱ ከለው ታሪኽን ኵርዓትን ዶኣይኮነን?። እዞም ህይወቶም ዘጥፍኡ ዘለው ደቀባት ኤርትራ: ብሓቂ ነቲ ኣብ ውሽጢ ጐጅለ ኢህግዲፍ: ዘሎ ረቂቕ ስለላ መርበብ: ብመጽናዕቲ ኣየለለዩዎን ጸኒሖም ክብሃል ይክኣል። ብሃንደበት ሎሚ ካብ ሰማይ ዱብ ኢሉ ዝመጸ ጥራይ እዩ ዝመስሎም ዘሎ። ካብ'ዚ ብምብጋስ ከይፈለጥካን ከያጽናዕካን ምምካት ዕሽነት እዩ። ሰራዊት ህ.ግ.ሓ.ኤ እንተኾነ'ውን ዝሓዝካ ሒዝካ ህጀም: ኣናተባህለ ድኣ እዩ ዝስዋእ ነይሩ'ምበር: ብግቡእ ውሽጣውያንን ባዕዳውያንን ጸላእቲ ኣለልዩ ብንቕሓት ኣይኮነን። እንተ በቲ ኣንተበቲ ግን ከቢድ መስዋእቲ ከፊሉ: ነቲ ሰራዊት እትዮጵያ ዋላ ዓበይቲ ግዳማውያን ዓንገልቲ ይንበሩዎ: ጸራሪጉ ጕሒፉ: ንኤርትራ ሃገርና ኣምጺኡዋ እዩ። ብድሕሪኡ ምምርማርከ ድኣ ነውሪ ድዩ? ካብቲ ሽዑ ዝነበረ ሓይሊ ደርጊ ዝብርትዕ ሓይሊ ኣብ ኣስመራ ኣሎድዩ ኮይኑ ? ያእ ኣይፋሉን? ጅግንነትን ሓቦን ድኣ ተረሲዑ ከይከውን? ክቡራት እከኣሎ ክቡራት ዋርሳይ ኣይፋልኩምን ሕጂ'ውን ምምካት ማይ ኣይሕለፎን። ስለ'ዚ ቅድም ብሕልፊ ውሽጣውያን ጸላእቲ ከምዘለውና ንፍለጥ: ድሓር ንጠርነፍ: ድሓር ንነብስናን ሃገርናን ንከላኸል። ሽዑ ኢና ታሪኽ ክንገብር እንኽእል። ብዝተረፈ ከም ኣባጊዕ ወኻርያ ተኃይየን: እንዳሞትካ ትም ኢልካ ንመቓብር ሃዲምካ ክትኣቱ ክልተ-ሞት እዩ። ስለ'ዚ ዝሓለፈ ታሪኽን: ሎሚ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዘሎ ህሉው ኵነታትን: ስለምንታይ እዩ ከምኡ ኮይኑ? ሕጂኸ ስለምንታ እዩ ከም'ዚ ዝኸውን ዘሎ ኢልካ? ፈቲሽካን ኣጽኒዕካን: መን ምኳኑ ጸላኢኻ ምፍላጥ ክሕግዘና'ዩ። ስለ'ዚ ንሕና ጕጅለ ደቀባት ኤርትራ: ሕሉፍን ህሉውን ታሪኽ ጸላእትና: ብመጽናዕቲ ምስንፈልጥ ጥራይ ኢና: ንጸላኢና መኪትና ፍታሕ ኣብ ኤርትራ ክመጽእ ዝኽእል ኢልና ስልዝተረዳእና: ብዘይ ፍርሕን ሕፍረትን ነዚ ኣስተምህሮ'ዚ ብኸምዚ ኣገባብ ንኸነዳልዎ መሪጽና።

ርግጽ'ዩ ብሕልፊ ኣብ'ዚ ዘሎናዮ መዋል: ዓለም ብፖለቲካ ዘይኮነስ ብስለላን ብሸፍጥን (ብማኒፑለሽን) ሓሶትን: ጥራይ እያ ትጐዓዝ ዘላ። ብሕልፊ ድማ ንሕና ኤርትራውያን ዕጫና ኮይኑ: ኣውራ ግዳይ ናይ ጐሎባላይዘሽን ኰንና: ኣብ ዝሓሰመ ሃለዋት ከኣ ወዲቕና። ዘይክሓድ ሓቂ'ዩ'ዩ ኣብ'ዚ ሕማቕ እዋን'ዚ ንሓቂ ንኽተለልያ: ቀሊል ከምዘይኮነ። ብዙሕ መጽናዕትን መርምርን ሓበሬታትት ምእካብ ከምዘድሊ ከኣ ርዱእ'ዩ። ምእንት'ዚ መሰረታዊ መጽናዕቲ ከይገበርካ ድማ: ጠንቅን ሳዕቤንን ናይ ሓደ ሽግር ክትርዳእ ባህርያዊን መጎታዊን ኣይኮነን። እምብኣር ግድነት ይኸውን: ነቲ ስኣን ሓቂ ምፍላጥ ተደናጊሩ ዝሳቐ ዘሎ ህዝብና: ኣብ ታሪኽ ተመርኵስና ሓቀኛ <u>መርትዖ ዘለዎ</u> ሓበሬታ ክንሕብሮ። ነዚ ንምግባር ድማ: ጠንቅን ሳዕቤንን ፈቲሽና: ምስነቕርበሉ ጥራይ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ቅኑዕ ታሪኽ እንተድኣ ፈሊጡ: ጭቡጥ ሓበሬታ እንተድኣ ረኺቡ: ቀንዲ ጸላኢኡን ፈታዊኡን ብቐሊሉ ከለሊ ይኽእል ኢልና ስለዝኣመና: ዋላ ገለ-ገለ ሰባት ቅር እንተበሎም: ንሓቂ ክንብል ግን ከነቕርቦ ክንግደድ ኢና። <u>ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግዜ ሰውራ: ኣብ ባህሉን መንነትን ርስቱን ዝተመስረተ ስትራተጂ ሒዙ ኣይኮነን ተቓሊሱ።</u> <u>ህዝቢ ኤርትራ ጸላእቲ ብግቡእ ፈሊጡ: ዓዱን መንነትን ርስቱን ንኽድሕን ተጠርኒፉ መኪቱ</u>

ኣንተዝኸውን ከምዚ ሎሚ ወሪዱዎ ዘሎ ስቓይ ኣይምወረዶን። ርግጽዩ ኣብ ግዜ ሰውራ እቶም ተኻሊ መራሕቲ ሰውራ: ንህዝብና ብግርህነቱን ስምዒቱን መዝሚዞም: ናቱ ገዲፉ ጌጋ ስትራተጂ ሒዙ ብስነ-ሓሳብ ባዕዳውያን ተመሪሑ: ትምህርተ-ማርክስ: ትምህርተ-ለኒንን ወይ ትምህርተ-ማኦን ሆጃክን ዝብል ጽውጽዋይ: ብሙዚቃን ብኮቦሮን ዝተሰነየ መዓሸዊ መምርሒ ተቐቢሉ: ሓሸውየ ከምዝብል ገይሮሞ እዮም: ኢልና ኢና ንኣምን። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ: እዝዩ መሪር ዝኾነ ሕሰም ወሪዱዎ ይርኤ ኣሎ። እዚ መከራ'ዚ ብዘይ ውዲታዊ ጠንቂ: ሎሚ ዱብ ኢሉ ካብ ሰማይ ዝወረደ ኣይኮነን። ካብ መበገሲኡ እዩ። ብገዛእ ሕጊ ኣንዳቦኻን ብገዛእ ጭዋ ባህልኻን: ብካብ ጓኖት ዝተለቃሕካዮ ዝንቡዕ ስነሓሳብ መምርሒ ገርካ: ናትካ ክትርስዕ ከሎኻ: ካብ ኩሉ ዘስደምም'ዩ። ብሰንኪ'ዚ ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ: ኣብ ክንዲ ነቲ ዝነበሮ ምዕሩግ ባህሉን ሃይማኖቱን ከይገደፈ: እናእማዕበሎ ንቕድሚት ዝጕዓዝ: ብኣንጻሩ ግን እንዳተታለለን እንዳደንቈረን እንዳተፋላለየን: እንዳተጻልኤን ግዳይ ጸላእቱ ኮይኑ ይሳቐ ምህላዉ እዩ።

ስለዚ ኣንተተረዲኡ ጥራይ እዩ: ብሓቂ ነዚ ወሪዱዎ ዘሎ ጸገም ክፈትሖ ዝኽእልን: መኪቱ ድማ ህይወቱ ከድሕን ዝኽእልን ኢልና ስለእንኣምን: ነዚ ታሪኻዊ መጽናዕቲ ከነቕርብ ንደሊ ዘሎና። እዚ ሎሚ ነቕርቦ ዘሎና ታሪኻዊ መጽናዕቲ: ብርግጽ ህዝቢ ኤርትራ ስኣንፍልጠት ይጠፍእ ከምዘሎ ስለተረዳእና ኢና። ከም ግቡእስ ገና ኣብ ግዜ ሰውራ እዩ ግቡእ ታሪኹን: ባህሉን ሕገ-እንዳቦኣኡን: ቀንዲ ጸላእቱን ፈተውቱን ከለልየሉ ዝኻል ፖለቲካዊ ትምህርቲ ክምሃር ነይሩዎ። ብኣንጻሩ ግን እቶም መሳርሒ ባዕዳውያን ኮይኖም ንጸረ ሰውርኡ ዝተኸትቡ: ውሽጣውያን ጸላእቱ: ከም ቍርዲድ ኣብ ውሽጡ ተጸፍዮም: ብመደብ ትምህርቲ ምድንጋር ምሂሮም: ኣብ ስምዒት ጥራይ ጥሒሉ ዝኣዘዝዎ ክፍጽም እምበር: ኣርሒቑ ንኸይጥምት ገይሮም ኣደንዚዞሞ'ዮም። ካብዚ ዝሓስም ተግባር ድማ የልቦን። ክሳብ ሎሚ ድማ ነቲ ክፍኣታቶም ብግቡእ ኣየለለዮን።

ምናልባት እዚ ኣብ ብዘይ ቀላዓለምን ብሰፊሑን: ብመጽናዕትን ነቕርቦ ዘሎና ፖለቲካዊ ትምህርት'ዚ: ገለ-ገለ ሰባት ብሕልፊ እኳድኣ መራሕቲ ወያኔን: ደቀ-መዛምቶም ኤርትራውያንን:: ኤርትራውያን ከቜጥየም ይኽእል'ዩ። ይኹን እምበር ዝተፈጸመ ሓቀኛ ታሪኽ ስለዝኾነ: ክሕባእ ኣይክእልን'ዩ። ክቐርብ ከሎ ግን: ኣብ ዓሚቝ መስጽናዕቲ ዝተመርኮሰ ድኣንበር: ኣብ ስምዒትን (ማኑፕለሽሽን): ኣብ ጽልእን ቅርሕንትን ተመስሪቱ ዝቐርብ ዘሎ ኣይኮነን። መኽንያቱ ከኣ ካብ ዝርከብ ዋላ ሓደ መኽሰብ ስለዘየለ። መርትዖ ዘለዎ ሰነዳዊ ሓበሬታን ተመርኲስካ ክቐርብ ከሎ ግን ብሓፈሻ ንህዝቢ ኤርትራ: ብፍላይ ድማ: ንመንእሰይ ወለዶ ትግራይን ኤርትራን: ዓቢ ትምህርቲ ከምዝኸውን ጥርጥር የብልናን።

ብሓጺሩ ታሪኽ ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ ብግቡእ ዳህሲስናን ፈቲሽናን: ንህዝቢ ኤርትራ ከነቕርብ ከሎና: ኣብቲ ህዝቢ ኤርትራ ንጸላኢኡ ንኽምክት ዝገብሮ ቃልሲ: ክሕግዞ ከምዝኽእል ስለዝተገንዘብና ጥራይ ኢና'ምበር: ካልእ ንረኽቦ ረብሓ የልቦን። መኽንያቱ ብሕልፊ ኣብዚ ግዜ'ዚ: ህዝቢ ኤርትራ: ካብ ግዜን መዋእልን ምንዋሕ ግዲኮይኑ: ዳርጋ ፈተውቱን ጸላእቱን መን ምዃኖም ንምልላይ ዝጸገሞ'ዩ ዝመስል ዘሎ። እኳድኣ ሎምስ ኤረ ሕሉፍ ሓሊፎም: እቶም ንህዝቢ ኤርትራ ንሓልየሉ ኢና ዝብሉ ተቓወምቲ: ዳርጋ ነቶም ቀንዲ ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ ዝነበሩ: ከም ምሓዙት ቈጺሮሞም: ወጽዓን ስቓይን ህዝቦም ረሲዖምም: መሳርፍ ካብኦም ኣናተቐበሉ ንህዝቢ ኤርትራ ንኸይቃለስ ይቃለስዎ ኣለው።ስለ'ዚ እዚ ጸገም'ዚ ሱር ከይሰደደ ከሎ: ብግቡእን ብጭብጣዊ ብመጽናዕትን ንህዝቢ ብቐሊሉ ከምዝርድኦ ገርካ ክቐርብ እለዎ።

ስለ'ዚ ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው: እዚ ሎሚ ብኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ዝወርዶ ዘሎ ግፍዕን መከራን: ታሪኻዊ መንቀሊ ዘለዎን: ኣብ ታሪኽ ተመርኲሱ ድማ ብስነ-ኣእምራዊ ሜላ ንሓደ ንጹር ዓላማ ንምውቃዕ: ብመደብ ሰለይ ኣናበለ ዝጕዓዝ ዘሎ ምዃኑ: ንህዝቢ ንምሕባር ብሰፊሑ ብኸምዚ ዝስዕብ ከነቕርቦ ክንፍትን ኢና።

## ውሽጣውያን ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ መንዮም?
## ስለምንታይከ ንህዝቢ ኤርትራ ክሳብ ሎሚ ይጸብኡዎ ኣለው?

ህዝቢ ኤርትራ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ጭዋ ባህሉን ክቡር ሃይማኖቱን ሓልዩ: ብሕጊ እንዳቦኡ ተሰሪዑን: ዋና ባሕሩን መሬቱን ኮይኑ ክነብር ዝጸንሐ ህዝቢ'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ካብ ዝፍጠር ጀሚሩ ካብ ዶቡን ደረቱን ሓሊፉ: ንማንም ጐረቤት ሃገር ወሪሩን ደፊሩን ከምዘይፈልጥ



ይቕጽል

መጻሓፍቲ ታሪኽን: ኣፈታሪኽ ኣቦታትናን ኣባሓጎታትናን ዝምስክሮ ሓቒ'ዩ። ብኣንጻሩ ግን ህዝቢ ኤርትራ: ተባሃጊ ዝኾነ መሬትን ባሕርን ስትራተጂን ዝወነነ ጥራይ ስለዝኾነ: ብፍላይ ጐረባብቱን ውሽጣውያንን ብተወሳኺ ድማ ግዳማውያንን ጸላእቱ: መልክያም እናለዋወጡን እናተባራረዩን: ካብ 17 ክፍለ ዘመን ጀሚሮም: ክሳብ ሎሚ የሳቕዩዎ ከምዘለው ንኹሉ ታሪኽ ኤርትራ ዝከታተል ስዉር ኣይኮነን። እቲ ቀንዲ ጸገም ህዝቢ ኤርትራ ድኽነት ፍልጠትን: ውህደትን ጥራይ እዩ። እታ ኣብ ግዜ ፈደረሽን ዝነበረት ሓድነት'ውን እንተኾነት: ድሕሪ ፍርቂ ዘመን: ብሕልፊ ሎሚ ካብቲ ኣውራጃታት ኤርትራ ኣብ ዞባታት ምቕያረን: ዝላሕልሔት እያ ትመስል ዘላ።

ህዝቢ ኤርትራ ካብ ጥንቲ ጥቅምቲ ጀሚሩ: ርእሱ ክኢሉ ዝነብር ዝነበረ ህዝቢ እዩ ነይሩ። በብከባቢኡ ከኣ ንመሳፍንቲ ትግራይን ኣምሓራን: ኣብ እዋን ጸገሞም: ብሕልፊ ጸላኢ ክወሮም ከሎ: ብጅግንነት እንዳሓገዘን ኣንዳስዓረን: ዘዓወቶም ህዝቢ ምዃኑ ታሪኻዊ ሓቂ እዩ። (ሩፋሎ ፐርኒ-ትርጉም መረብ ምላሽ: ኣብ ገጽ 207 ርኤ) ብሕልፊ'ኳድኣ መሳፍንቲ ትግራይ: ካብ 1730 ጀሚሮም ብቀጻሊ ሰራዊቶም ንኤርትራ እናስሎኹ: ነዚ ሕጂ ኤርትራ ዝብሃል ዘሎ ከባቢ ንኽባድሙን: ንሰላሙን ሓድነቱን ክዘርጉን: ክሳብ ኮለንያል ጣልያን ብሰንኮም ንኤርትራ ወሪሩ ዝሕዛ: ፈተናኦም ኣየቋረጹን። ክጽግሞም ከሎ ንህዝቢ ኤርትራ ሓግዝና ይብሉዎ: ክጥዕሞም ከሎ ድማ: ንህዝቢ ኤርትራ ወሪሮም ጥሪቱን ሃብቱን ይዘምትዎ ከምዝነበሩ: ኩሎም ኣባሓጎታትና ዝፈልጡዎን: ብዙሓት መጻሕፍቲ ታሪኽ ድማ ዝምስክሩዎ ሓቂ እዩ። ብኣንጻሩ እኳድኣ ንህዝቢ ኤርትራ ጕድኣት እንተዘይኮይኑ ዝገበሩሉ ሓገዝ ከቶ ኣይነበረን። ንመረዳእታ ህዝቢ መታሕት ብሰንኪ ወራር ቱርካውያንን ግብጻውያንን: ክርስትና ሃይማኖቱ ተጋሂሱ: ተገዲዱ ኣብ ምስልምና ክልወጥ ከሎ: መሳፍንቲ ትግራይ ግን ክርስታይን ክነሶም: ኣማዕድዮም ድኣ ይዕዘብዎ ነበሩ'ምበር ኣይሓገዙዎን። የግዳስ ኣዘንጊያም ኣንዳወረሩ ጥሪቱን ሃብቱን ዘዘሚቶም ንዓዶም ይምለሱ ድኣ ነበሩ። ኮሎንያል ጣልያን ንህዝቢ ኤርትራ ከሳቕዮ ኣንከሎ ድማ: "ኣባና ጥራይ ኣይትምጽኣና ኣምበር: ኪኖ መረብስ ድላይካ ግበር" ኢሎም: ንህዝቢ ኤርትራ ረሲዕሞ ነይሮም'ዮም። ኤረ ኮለንያል ጣልያን ንኤርትራ ንኽወርር ዘበቕዐ'ውን ብሰንኪ መሳፍንቲ ትግራይ እዩ። ብድሕሪ ምእታው ኮለንያል ጣልያን'ውን: ሕሉፍ ሓሊፎም ንመግዛኣቲ ኮለንያል ጣልያን ተቓዊሞም: ኣብ መሬት ትግራይ ተዓቚቦም ክቃለሱ ዝመጹ ዝነበሩ ጀጋኑ ኤርትራውያን: መሳፍንቲ ትግራይ ጕቦ ካብ ጣልያን ኣናበልዑ: ኣሕሊፎም ንኮለንያል ጣልያን ይህቡዎም ከምዝነበሩ ታሪኽ ዝምስክሮ'ዩ። ኤርትራውነት ውጽኢት ወረራትን መኸተን: ብመም. .ስማኦን ኣማኑኤል ርኤ...

## 2ይ ክፋል

### ብሓልዮት ጕጅለ ደቀባት 14.09.2008 ዓ.ም

*ታሪኻዊ ትንተናን ዝምድናታትን መሳፍንቲ ትግራይ። ካብ እዋን ሚካኤል ስሑል ጀሚሩ (1735-1780 ዓ.ም) ክሳብ ዘመን ሽቃ ኣሉላን 1978-1888 ዓ.ም. የውሃንስ 4ይን: ዘመን ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ (ለገሰ) ዜናዊን ዝምድናታቶምን። መሳፍንቲ ትግራይ ደጋጊሞን ኣሃሚሎምን ንህዝቢ ኤርትራ ዝወርዎ ዝነበሩ: ስለዝሓለይሉን ንኤርትራ ከኣ ካብ ባዕዳውያን ገዛእቲ ንኽካላኸሉላን ድዮም: ወይስ ተልእኾ ስለዝነበሮ'ዮም?*

**መብርሂ**: ነዚ ታሪኻዊ ኣስተዋጽኦ'ዚ ብፍላይ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ክንዝርግሖ ዝመረጽና መኽንያት: ሎሚ ኣብ ኤርትራ ብግልጺ ኣብ ኢትዮጵያ ድማ ብረቂቕ ሜላ: ታሪኽ ዝድገም ዘሎ ኮይኑ ስለዝተረድኣና'ዩ። መኽንያቱ ድማ መብዛሕትኡ ህዝብና ብሰንኪ ዘመን ዘምጽኦ: ዝተሓላለኸ ፕሮፓጋንዳዊን ስነኣእምራዊን ስለላውን ጽልዋታት: ነቲ ታሪኽን ተልእኾን ጠንቅን ናይቶም ካብ ጥንቲ ጀሚሮም ዝሃስዩዎ ዝነበሩ: ባዕዳውያንን ውሽጣውያንን ጸላእቱ: ብመጽናዕቲ ተመራሚሩ ክፈልጦም ስለዘይከኣለ'ዩ። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ: ነቲ ዝሓለፈ ሕሱም ግፍዕታት ድሮ ረሲዑ: ነቶም ካብ ጥንቲ ጀሚሮም መልክያምን ሜላኦምን ኣናቀያየሩ ክሳብ ሕጂ ዝሃስዩዎ ዘለው: ከም ፈተውቱ ገይሩ ክርእዮም ንዕዘብ ኣሎና። ንሕና ብወገንና ግን እዚ ሕጂ ዝወርዶ ዘሎ ስቓይን መከራን: ካብ ጥንቲ ጀሚሮም ባዕዳውያን ጸላእቱ ብረቂቕ ሜላ ንውሽጣውያን ጸላእቱ እናልኣኹ ዝፈጠሩዎ ምዃኑ ስለእንኣምን: ኣብ ታሪኽ ተመርኲስና በታ ዘላትና ንእሽቶ ዓቕሚ: ንህዝብና: ብሕልፊ ድማ ነቲ ናይ ጽባሕ ሕብረተ-ሰብ ዝኾነ ንእሽቶ ወለዶ: ንኽፈልጠ ብኸምዚ ዝስዕብ ታሪኻዊ ትንተና ከነቕርበሉ መሪጽና። ነዚ ትንተና'ዚ ከነቕርብ



ይቕጽል

ዝመረጽና ድማ: ሓደ ህዝቢ ብስምዒት ዘይኮነ ብፍልጠት: ቅኑዕ ታሪኽ እንተድኣ ፈሊጡ ጥራይ እዩ: ንመሰሉ ክጣበቕ ዝኽእል ኢልና ስለንኣምን ኢና።

## ኤርትራ ኣብ እዋን ሚካኤል ስሑል ካብ 1735-ዓ.ም ክሳብ 1780 ዓ.ም.:

እዚ ዘመንዚ ምሕደራ ብሓረነጋሲ ኣብ ኤርትራ ብወራራት መሳፍንቲ ኢትዮጵያን ቱርካውያንን ኣዝዩ ተዳኺምሉ ዝነበረ እዋን'ዩ። እቶም ሽዑ ዝነበሩ ባሕረ-ነገስታት ንንግስነት ኢትዮጵያ ዘርዕድ ስልጣን እዩ ነይሩዎም። ሩፊሎ ፐርኒ ትርጉም-መረብ ምላሽ ገጽ 155።ባሕኣብ ከባቢ 1735-1780 ዓ.ም. ሽዑ እዋን ኣብ ጸዓዘጋ ራእሲ ዝነበሩ <u>ራእሲ ዓንድሃይማኖት</u> ዝተባህሉ እዮም። ኣብቲ ዘመን'ቲ ራእሲ ዓንድሃይማኖት ምምሕዳሮም ክሳብ ዓድዋን ከባቢ ወሎን እዩ ዝነበረ። ንኣብነት ነቲ ሎሚ ዓድዋ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዘሎ ከተማ: ሽዑ እዋን ሰብ ዘይቕመጦ ዱር ስለዝነበር: ኣብ ምምሕዳር ራእሲ ዓንድሃይማኖት እዩ: ደቂ ሰባት ከምዝነብሩዎ ኮይኑ ዓዲ ወይ ከተማ ኮይኑ ዝተሃንጸ። እብቲ ዘመን'ቲ ድማ ኤርትራ ህዝቢ ቀሲኑ ዝነብረሉ ዝነበረ እዋን'ዩ። ንህዝቢ ኤርትራ ግን ካብ ጥንቲ ጀሚሮም: <u>እቶም ቀንዲ ናይ ቀረባ ጸላእቱን ተጻባእቱን መሳፍንቲ ትግራይ እዮም ነይሩ። ንኣብነት ካብ ከባቢ 1735 ዓ.ም ጀሚሮም ክሳብ ኮለንያል ጣልያን ንኤርትራ ዝወርር: ማለትዩ።</u> እቲ እዋንቲ ድማ: ህዝቢ ኤርትራ በብዓዱን በብወረዳኡን: በብኣውራጃኡን: ቀሲኑ ዝነብረሉ ዝነበረ እዩ። ካብኡ ንድሓር ግን መሳፍንቲ ትግራይ: ሰራዊቶም ብቐጻሊ ንመሬት ኤርትራ ብቓጻ እናወረሩ: ንሰላምን ንሓድነትን ንቅሳነትን ህዝቢ ኤርትራ: ክዘርጉ ፈተናኦም ኣየቋረጹን።

ንመረዳእታ:- ሚካኤል ስሑል ዝተባህለ ቴንቤናይ: ካብ ትግራይ ንኤርትራ ተሰዲዱ: ኣብቲ መሬት ደቀ-ተሽም ሻሙናዮም ሙሳ ዝተባህለ ከባቢ: ብፍላይ ኣብ እንዳ ሃዘጋን ጸዓዘጋን ብጕስነት ትዓሲቡ ይነብር ነበረ። ተንኮለኛን ጕራሕን ስለዝነበረ ግን: ንራእሲ ዓንደ-ሃይማኖት ብቓጻ ኣዘንጊዑ ቀቲሉ: ራእሲ ሚካኤል ስሑል ተባሂሉ። ን40 ዓመታት ዝኣክል ድማ ብዓመጽን ግፍዕን: ንኣውራጃ ሰራየ ይገዝእ ነበረ። ነቶም ጕይቶት ሚካኤል ስሑል ዝነበሩ መኳንንቲ እንዳ ጸዓዘጋ: ብፍሉጥ ግዝኣቶምን ዕዉት ብረቶምን: ክሳብ ፈለግ ተከዜን ክኤውኡን ዘምሓድሩ ዝነበሩ: ናይ ቀደም ውርሻታቶም ዘጥፍኣሎም ከይኣክል: ንክልተ ኣሓዋት ጽዓዘጋን ሃዘጋን ደማዊ ግርጭት ኣታኣታትዩሎም። ማለት ንጽዓዘጋ እትሒቱ: ንሃዘጋ ክብ ስለዘበሎም: ኣብ መንጎ ክልተ ኣሕዋት ደማዊ ዥናት ሕድሕድ ከምዝውላዕ ጠንቂ ዘእተወ <u>ሕሱም መስፍን -ሚካኤል ስሑል</u> እዩ። *ጂኦሜትራ ገብረየሱስ ኣባይ-መሰረት ዓሌት ህዝቢ ኤርትራ...ገጽ 151.*. ሚካኤል ስሑል ካብቲ ዘይርሳዕ ሕሱም ጭካኔኡ: ካብ ትግራይ ንሰራዩ እናተመላለሰ: ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ሰራየ: ባህልን ልምድን ብዘቐይም ስድነት ፈጸመ። ነቲ ካብ ጥንቲ ብዴስነት ዝመሓደር ዝነበረ ርስቲ <u>ኣውራጃ ሰራየ:</u>ጕልቲ ዝብል ስም ኣጠሚቑ: ነንዝፈትዎም ውልቃውያን መሳፍንቲ ዓደሎ። እቲ እዋን'ቲ ካብ 1735 ዓ.ም ክሳብ 1780 ዓ.ም ኣቢሉ ነበረ።ብሽምዚ ብዕሉግ ውዲት ከኣ ነቲ ጭዋ ኣባታዊ ሕጊ ህዝቢ ሰራየ ኣባዕለን። ብሰንኪ ሽፍታ ሚካኤል ስሑል ዘምጽኦ ሰበብ ድማ: ብፍላይ ህዝቢ ኣውራጃ ሰራየ: ብሓፈሻ ድማ ህዝቢ ከበሳ ዕረፍትን ቅሳነትን ስኢኑ ነበረ።
ሩፊሎ ፐርኒ ትርጉም-መረብ ምላሽ ገጽ 80። ኣብ ኢትዮጵያ ብፍላይ ድማ ኣብ ትግራይ: ሕጊ-ኣንዳባ ዝብሃል ብሱሩ ኣይነበረን። ወለድኦም'ውን ከምዚ ኣብ ኤርትራ ልሙድ ዝኾነ ክሳብ ብዙሕ ወለዶኦም ክቑጽሩ ኣይክእሉን እዮም። እቶም ብዙሕ እዋን ዝጽውዑ ዘርኢ መሳፍንቲ ቴንቤንን ከም ብዓል ደግያት ውቤ:ገለ ካብ ኣውራጃ ዓጋመ እንዳ ስብጋድሽ: ከማኡ'ውን ካብ ኣንደርታ ስድራቤት የውሃንስ 4ይ ወዘተ እዮም። እቲ ካልእ ሓፋሽ ሓረስታይ ግን ዓሸከርን ተኸታላይ ንጉስን ቤተክህነትን ጥራይ እዩ።

## እዋን ወልደስላሴ ጨለቖት ዘመድ ዮውሃንስ 4ይ ኣብ ኤርትራ 1780-1816 ዓ.ም

ድሕሪ ሞት ሚካኤል ስሑል ድማ: ራእሲ ወልደስላሴ ጨለቕት ዝተባህለ ካብ 1780 ዓ.ም ክሳብ 1816 ዓ.ም ኣብ ሰራየ ይገዝእ ነበረ። ነቲ ሽፍታ ሚካኤል ስሑል ዘተኣታተዎ ብዕሉግ ባህሊ ድማ ቀጸሎ። ህዝቢ ሰራየ ኣብቲ እዋን'ቲ: ሓደ ኮንፈደራላዊ ዝመስል ስርዓት ኣቝሙ: ንነዊሕ ዘመናት ከይለወጠ: ብስኒትን ብሰላምን ብፍትሕን: ብስም ሽውዓት ዓዲ-ሕጊ ተፈልጠም: ፈራዲ ኣካል ብናይ ሓባር ስምምዕ ዓበይቲ ዓድን ለባማትን ደቀባት እናሓረዩ: ተማእኪሎም ዝነብሩሉ ዝነበሩ እዮም። ራእሲ ወልደስላሴ ጨለቕት ግን ከይሓፈረ ብጭዋነት ክጕዓዝ ንመዋእል ክጕዓዝ ዝጸንሑ ባህሊ ህዝቢ ሰራዬ ቀጺሉ ኣበላሸዎ። እቲ ሰባብ ሚካኤል ሽሑል ካብ ኩሉ ዝኸፍኤ ዝፈጸሞ ረሳሕ ታሪኽ ድማ: ነቲ ካብ ጥንቲ እሕዋት ኮይኑ ዝጸንሐ ህዝቢ ሰራየ: ብሰንኪ መሬቱ ዘይነበሮ ጽልኢ ኣተኣታትዩ: ነንሓድሕዱ ከምዝፋለስ ገይሩ ዕረፍትን ቅሳነትን ከምዝስእን ምግባሩ'ዩ። ቅድሚ ወራር መሳፍንቲ ትግራይ ንኤርትራ ኩሉ ዋንነት መሬት: ብሕልፊ ኣብ ኣውራጃ ሓማሴንን ኣከለጉዛይን ኣውራጃ ሰራዬን ዴሳ ኮይኑ: ኣብ ሽሽውዓተ ዓመት እዩ ዝማሳሕ ዝነበረ። መሬት ሰራየ ግን: ብሰንኪ መሳፍንቲ ትግራይ: ክሳብ ሕጂ ኣብ ጕልቲ ክቕየር ከሎ: ኣብ ኣውራጃ ኣከለጉዛይን ሓማሴንን ግን: ክሳብ መግዛእቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ዋንነት መሬት በቶም ሕሱማት መሳፍንቲ ትግራይ ከይተቀየረ ዴሳ ኮይኑ'ዩ ጸኒሑ'ዩ።

## እዋን ደጊያት ሱባጋድስ ኣብ ኤርትራ 1818-1830

ደጊያት ሱባጋድስ ወድ-ሹም ዓጋመ ወልዱ ብ1821-1830 ዓ.ም ሓያል መስፍን ትግራይ ኮነ። ካብ'ኡ ቀጺሉ ብዙሕ እዋን ንሃብቲ ኣከለጉዛይ: ብቕንኢ ክብህነ ድሕሪ ምጽናሕ: ጥሪትን ሃብትን መሬትን ኣከለጉዛይ ክወርር ተበገሰ። ኣውራጃ ኣከለጉዛይ ምንምኳ ግዳይ ወርራትን ራስያን ዝምታን: ናይቶም ቅድሚ ደግያት ውቤ ኣብ ትግራይ ክገዝኡ ዝጸንሑ መሳፍንቲ: ከም ብዓል ሽፍታ ምካኤል ስሑል: ወልደስላሴ ጨለቕት: ድግያት ኣስባጋድስ ኮይኑ ኣንተጸንሑ: ንዕብላሌኦምስ ኣሚን ኢሉ ዝኣመነሉ እዋን ኣይነበረን። ደጊያት ሱባጋድስ ንኣከለጉዛይ ክወርር ምስተበገሰ: ብደቀባት ኣከለጉዛይ ብባሕረ-ነጋሲ እያሱን ባሕረ-ነጋሲ ስብሓትን ከኣ ተሳዕረ። ቀጺሉ ድማ ወልደሚካኤል ዝተባህለ ወዲ ደጊያት እስባጋድስ: ሕነ ኣቦኡ ክፈዲ እንደገና ከም ኣመሉ: ብኢሮብ ኣቢሉ ንኣከለጉዛይ ክወርር ተበገሰሞ: ብክልተ ኣሕዋት ተኸላይን ወልዳይን ዝብሃሉ ጀጋኑ ደቂ ሰገነይቲ: ንፈረሱ ማሪኾም ስዒሮም ንዓዲ ግራት ኣህደምዎ። ብኸም'ዚ እንዳ ደጊያት ሱባጋድስ ዋላ'ኳ ንከለጉዛይ ክገዝኡ ብዙሕ እዋን እንተፈተኑ: ተሳዒሮም ድኣ ተረፉ። ካብኡ ደጊያት እስባጋድስ: መኳንንት ደቂ ኣውራጃ ዓጋመ ምስ ጠለምዎ: ንኣውራጃ ዓጋመ <u>"ህዝቢ ዓጋመ ኣኽቢረኪ ሸይመኪ: ኣጸዊዐኪ ኣንድየ: ግን ጸመይ ኣሕዲርክኒ: ስምኪ ብውርደት ይጸዋዕ"</u> ኢሉ ረገማ ይብሃል። ምናልባት ካብቲ መርገም ደጊያት እስባጋድስ: ዝነቕለ: ክኸውን ይኽእል'ዩ ብዙሕ ግዜ: ትግራዎት ይኹኑ ኤርትራውያን: ንደቂ ኣውራጃ ዓጋመ: "ዓጋመ" እናበሉ ዘናኣእስዎም። *( ኤርትራውነት: ውጻኢት ወርራትን መኸተን ብመም. ስምዖን ኣምኑኤል ኣብ ገጽ68-69 ርአ)* ብድሕሪ'ዚ መሳፍንቲ ትግራይ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ኣብ ነንሓድሕዶም ተዋግኡ። ደግያት እስባጋድስ: ድማ ምስ ደቁ ኣንጻር ደግያት ውቤን ራእሲ ማርየን ተዋግኡ: ወዱ ደጊያት እስባጋድስ: ደግያት ሓጎስ ዝተባህለ: ኣብ ሾናት ክመውት ከሎ: ደግያት እስባጋድስ: ድማ ብደግያት ውቤ ተሳዒሩ ተማሪኹ ተቐትለ። *(ታሪኽ ኢትዮጵያ ብሃለቃ ፍጽህጽዮን ኣብ ገጽ 50-51: 53;64 ርአ)*

## ቀንዲ ፍልልይ ኤርትራን ትግራይን ከምኡ'ውን ኢትዮጵያን:

ብሓፈሻ ኣብ ኢትዮጵያ ብፍላይ ድማ ኣብ ትግራይ ከምቲ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ምዕሩግ ሕጊንዳባ ኣይነበሮን። ህዝቢ ትግራይ ከምቲ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ: ኣብ ዓዓዱ ባዕሉ ዘርቀቖ ምዕሩግ ሕጊ-እንዳባን: ከምኒ ሕጊ ኣከለ-ምልጋ (ሕጊ ሰራየ) ሕጊ ኣድገና-ተገልበ (ሕጊ ኣከልጉዛይ) ሕጊ ለጎ-ጭዋ: ሕጊ ዓዲ ቈንጺ (ሕጊ-ሓማሴን) ሕጊ ክልተ-መንሳዕ: ሕጊ መጋርሕ (ብሌን) ሕጊ-ሽውዓተ-ዓንሰባ ወዘተ....ኣይነበሮምን። ህዝቢ ትግራይ ብራእስታትን



ይቕጽል

መሳፍንትን ይግዛእ ስለዝነበረ: ልዕልና መሳፍንትን ራእስታትን ሸፋቱን ዝምእዘዝን ዘኸብርን: ክብረ-ነገስትን ፍትሓ-ነገስትን ዝብሃል መምርሒ ጥራይ እዩ ነይሩዎ። ዝባን ሕጊ ኢሎም ዝዳነይሉ ባይቶን ሕጊንዳባን ግን ኣይነበሮምን። ብንጉስን ብመስፍንን ጥራይ እዮም ዝፍረዱን ዝግዝኡን ነይሮም። ህዝቢ ትግራይ ብመስፍናዊ ኣገባብ መግዛእቲ ይግዛእ ስለዝነበሩ: መሳፍንቲ ትግራይ: ራእሲታት ወይ "ንጉስ" ትግራይ: ንኤርትራ ክወሩ ክደልዩ ከሎው: ብቐሊሉ ብእዋጅን ብነጋሪትን: ነቲ ህዝቢ ብሓይሊ ከይፈቶ ከማባጊዕ ከብኪቦም ጥራይ እዮም: ንወራር ዘሰልፍዎ ዝነበሩ። ህዝቢ ኤርትራ ግን ኣብ ኣኣውራጃኡ ብሕጊ ኣንዳባን: ብባይቶ ዓደቦን ምስተዛተየ'ዩ ወከልቱ ልኢኹ ንጸላኢኡ ዝከላኸል ዝነበረ። ማለት ሓደ ኮንፈደራላዊ ዝመስል ስርዓት ኣቑሙ'ዩ ይመሓደር ስለዝነበረ: ጸላኢ ክወሮ ክመጽእ ከሎ: መጀመርያ ካብ ሓደ ኣውራጃ ናብ ሓደ-ኣውራጃ ልኡኻት ወይ ኳደረ ተሰዲዶም: ካብ ዓዓዱን ወረድኡን ኣውራጅኡን መምስ መራሒኦም (ብዓል-ቄጽሊ) ሰራዊት መሪጾም: ኣብቲ ምእኩል ሓይሊ ካብ ካልኦት ኣውራጃታት ዝተዋጽኤ: ክሰዱ ከምዘለዎም ይንገሮም ነበረ። ብድሕሪኡ በብዓዱ ብምእኩል ኣገባብ ባይቶ ተዛትዩ ምስተሰማምዔ ድማ: ወከልትን መራሕቲ ውግእን ሓርዩ ብሓባር: ንጸላኢ ይምክት ነበረ። ነዚ ንኸገብር ግን ግዜ ስለዝወስድ: ገና እተን ኣውራጃታት ናይ ሓባር ሰራዊት ኣዳልየን ከይተቐረባ ከለዋ: እቲ ብንጉስን መሳፍንትን ኣዋጅ ጥራይ "ዓስብኻን ምሃያኻን ጥሪትን ሃብትን ኤርትራ ወሪሪካ እዩ" ተባሂሉ: ተገዲዱን ተማእዚዙን ከም እኩብ ሽፍታ ንሸናት ዝስለፍ ዝነበረ ሰራዊት መሳፍንቲ ትግራይ: ከኣ: ብቀዳምነት ንረብሓ ንጉሱ ወይ ብካልኣይ ደረጃ ድማ ንኸብዱ ጥራይ ክመልእ: ብድንገት ኣዘንጊዑ ንሓንቲ ኣውራጃ ከም ኣውራጃ ኣከለጉዛይ: ወይ ኣውራጃ ሰራዬ ሓደጋ ይወድቆም ከምዝነበረ: ታሪኽ ዝምስክሮ ሓቂ'ዩ።

ካብ 1750 ክሳብ 1880ዓ.ም. ዝያዳ ግዳይ ወራራራት መሳፍንቲ ትግራይ ዝኾና ዝነበራ: ካብተን ሰለስተ ኣውራጃታት ኤርትራ ከበሳ: ኣጋጣሚ ኮይኑ ድማ ኣብ ዶብ ትግራይ ዝቐርባ ኣውራጃታት: ኣውራጃ ኣከለጉዛይን ኣውራጃ ሰራዬን: ከምኡ'ውን ህዝቢ ኩናማን ባርያን ናራን ባዛን ነበሩ። ኣብ መወዳእታ ግን ንኣውራጃ ሓማሴን: ንኣውራጃ ሰኒሕትን ንባርካን ክወሩ ጀመሩ። ህዝቢ ኣውራጃ ሰምሃር ግን: ሓንሳብ ብቱርኪ ሓንሳብ ብግብጺ ይግዝኡ ስለዝነበሩ: ክሳብ ክንድቲ ብመሳፍንቲ ትግራይ ኣይተሃሰዩን።

እቲ ቀንዲ መኽንያት ህዝቢ ኤርትራ: ብመሳፍንቲ ትግራይ ዝጥቃዓሉ ዝነበረ: ከምቲ መስፍናዊ ስርዓት ትግራይ ዝመስል ስርዓት ስለዘይነበሮ'ዩ። ኵለን ኣውራጃታት ኤርትራ በብሕጊ ኣንዳቦኤን: ሓደ ነጻ ኮንፈደራላዊ ዝመስል ስርዓት መሰል ቅርጻ ምምሕዳር እዩ ነይሩወን። ስለዝኾነ ከኣ ካብ ኩሉ ኣውራጃታት ኤርትራ ዝተዋጽኡ ሕቡራት ሰራዊት: ብሓደ ራእሲ ወይ ንጉስ ዝእዘዙ ኣይነበሩን። ጸላእቲ ስለዝበዝሑወን ግን ከምዚ ናይ ኤውሮጳ ከማዕብልኦ ዕድል ኣይረኸባን። ነዚ ተገንዚቦም ከኣ እዮም: ሸፋቱ ራእስታት ትግራይ ነተን ሰለስተ ኣውራጃታት ከበሳ: ገና ንሸናት ከይተዳለዋ ከለዋ: ብሃንደበንትን ብቓጻን ዘጥቅዑወን ዝነበሩ። ብሓጺሩ ጥራይ ንህዝቢ ኣከለጉዛይ ንበይኑ: ወይ ድማ ንህዝቢ ሰራየ ንበይኑ ኣዘንጊያም'ዮም ከብቶምን ንብረቶምን ዘሚቶም ዝሃድሙ ነይሮም። እቲ ካብ ኩሉ ዝገርም ግን: ኣሸንኳይዶ ካብ 8 ኣውራጃታት ዝተዋጽኡ ሰራዊትሲ: ካብተን ሰለስተ እዋራጃት ከበሳ'ውን ብሓባር ሰሚሮም: ኣንጻር መሳፍንቲ ትግራዎት ከቲቶም ዳርጋ ኣይፈልጡን ዝነበሩ። ከማኡ ኣንተዝገብሩ ነይሮም ኣሞ ንትግራይ ጥራይ ዘይኮነ ንምልእቲ ኢትዮጵያ ምተቈጻጸሩዋ ነይሮም። ስለዚ ኤርትራዊ ሓይሊ ዘይተጠርነፈ ስለዝነበረ እዩምበር: ሰራዊት መሳፍንቲ ትግራይ ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ኤርትራ ፈጺሙ ከጥቅዕ ኣይክእል'እዩ ነይሩ። በዚ መኽንያት ድማ'ዩም ነቲ ባህርያዊ ጸጋን ሃብቱን ተባሂጎም ሸፋቱ መሳፍንቲ ትግራይ ነቲ ጅግናን ፍትሓቅዊ ህዝቢ ኤርትራ: ኣዘንጊያም ኣናወረሩ ዝዘምትዎን ዝራስዩዎ ዝነበሩ። *(ሩፊሎ ፐርኒ ትርጉም-መረብ ምላሽ ገጽ 167)*



ይቕጽል

## ኣብ ኤርትራ ደግያት ውቤ 1830-1855 ዓ.ም.

ደግያት ውቤ ብ1832 ዓ.ም.ሃብቲ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ኣወናወኖ ካብ መሬት ትግራይ ተብጊሱ: ብመሪሕነት ደግያት እሼቱን ብላታ ኮኼብየን ንኣከለጉዛይ ክዘምት ሰራዊቱ ኣኸቲቱ ወፈረ። ህዝቢ ኣከለጉዛይ ድማ "ሎሚ ዘይከተተ ብደው ዝሞተ" ኢሉ ኣወጀ። ካብኡ ኩሎም ጀጋኑ ደቂ ኣውራጃ ኣከለጉዛይ: ደቂ ሽመዛና: ደቀ-ኣከለን ጉዛይን: ደቂ ኣገላ-ሓጺንን ተግረርን ሎጎ ሳርዳን ወዘተ..: ኩሎም ጀጋኑ መራሕቲ ሹናት: ምስቲ 30 ሽሕ ዝኸውን ክዘምት ዝመጸ ሰራዊት ሽፍታ ውቤ ብትብዓት ተዋግእዎ።

መተሓሳሰቢ.:.ካብቲ ደግያት ውቤ ዝፈጸሞ ግፍዕታትን ተንኮልን: ነቶም ካብ ጥንቲ ጥቅምቲ ኣሕዋት ኮይኖም: ንመዋእል ተኻባቢሮም ዝነብሩ ዝነበሩ ደቂ ክልተ ኣውራጃት ኣከለጉዛይን ሰራየን: ብሕሱም ዘሪፉን ኣዕንዩን ከይኣኽሎ: ኣብ ከቢድ ሹናት ሕድ-ሕድ ከምዝጥበሱ ገበሮም። መኳንቲ ውቤ ንሰንሒት ወሪሮም: ነቲ ውሩይ ጅግና ሃኪን ወዲ መዲን ካብ ዓዲ ዘማት ብሌናይ ካብ ዓሌት ተርቀ (ሹመኛ) ወይ ብዓል ቆጽሊ ህዝቢ ብሌን ዝነበረ: ኣብ ጭንድቕ ዝተባህለ ቦታ ጥቓ ዒላ-በርዕድ ተዋጊኡ ሰዓሮሞ። ጅግና ሃኪን ወዲ መዲን ትወጊኡ ኣብ ሹናት ወዲቑ ንምሬቱ በጃ ኮነ። ሽዕ'ዩ ኣብ ሰንሒት ከም'ዚ. ዝተባህለ:-.

| |
|---|
| ኣበዮ ጭንድቕ ምድሪ ከንደቕድቕ: ሃኪን ክወድቕ:<br>ኣበዮ ሓልሓል: ጕራደ ክስሓል: ኣዳም ክደሃል<br>ኣበዮ ገተን: ጃዊ ክብተን: ምስ ኣግነተን። |

ደጊያት ውቤ ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰንሒት ዝፈጸሞ ጭካኔን ግፍዒታት: እዚ ጥራይ ኣይነበረን። ንደቂ መንሳዕ'ውን በዲሉዎም'ዩ። ንምድሪ መንሳዕ ንገለብ ደይቡ ከብቶም ምስ ዘመተ: ነቶም ጀጋኑ ደቂ መንሳዕ ድማ ማሪኹ ፍረ ነብሶም ቀንጢቡ ብጭካኔ ኣሳቒዩ ሓዲጉዎም ሃደመ። ብ1850 ዓ.ም. ድማ ደግያት ውቤ ንእሸቴን ካሳን ዝተባህሉ ሕሱማት መራሕቲ ሰራዊቱ ኣኸቲቱ: ንኸብቲ ኣልግዴን ማርያን ኩናማን ገፊፉ: ንህጻናትን ኣንስትን ዘሪፉ ተማሊኡዎም ንትግራይ ሰገሩ። እቲ ደግያት ውቤ ዝብሃል ጨካን ሽፍታ: ጐራሕ ተንኮለኛ ስለዝነበረ: ንኤርትራውያን ስብኡት ኣብ ርሱን መቕሎ ብመቐመጭኦም ኮፍ ኣቢሉ: ገንዘብ ሃቡ ኣናበለ የሳቕዮም ከምዝነበረ: ክሳብ ሎሚ ብኣፈ-ታሪኽ ዓበይት ዓዲ ይትረኽ'ዩ። ንደቂ ኣንስትዮ ድማ ቈሎ ዓተር ኣብ ኣዝነን ኣናከዓወለን: ጸማማት ኮይነን ብዘይ ዕረፍቲ ከምዝጥሕና ይገብረን ነበረ። ብኡ መኸንያት ድማ እዩ: "ብዘመን ውቤ ዝጸመመ ውቤ ክብል ሞተ" ተባሂሉ ክሳብ ሎሚ ዝምሰል። ስለምንታ'ዩ እዚ ኩሉ ኣንተተባህለ ድማ: መሳፍንቲ ትግራይ ካብ ጥንቲ ጀሚሮም: ሃብትን ጸጋን ስለዝይብሎም: ካብ ስእነት ዝተላዕለ: ኣብ ልዕሊቶም ኣምላኽ ሃብትን ጸጋን ዝዓደሎም: ደቂ ኤርትራ ብሰንኪ ስነኣእምራዊ ሕማም ዝተፈጥረ ቅንእን ጽልእን ስለዘለዎም ጥራይ እዩ። መሳፍንቲ ትግራይ ኣምብኣር ከምዚ ዘስካሕክሕ ግፍዒ'ዮም ኣብ ልዕሊ ደቂ ኤርትራ ዝፍጽሙ ዝነበሩ። መዓንጣ ሃልዩዎም ግን ንምድረ ኣምሓራ ደዪቦም ኣብ ልዕሊ መሳፍንቲ ኣምሓራ: ደፊሮም ግፍዒ ፈጺሞም ኣይፈልጡን። ፍቕሪ ሃገርን ህዝብን ሃልዩዎም ድማ ንዓባይ እትዮጵያ ብባዕዳውያን ከይትድፈር ኢሎም ሓሲቦም ኣይፈልጡን።

| |
|---|
| ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ኢትዮጵያ ዝገዝኡ ዘለው መራሕቲ'ኸ: ነቲ ኣባሓጎታቶም ዝፈጸሙዎ ሕማቕ ፍጻሜታት ደምሲሶም: ዘላቒ ሰላምን ስኒትን ንህዝብታት ኤርትራን ትግራይን ኢትዮጵያን ከምጽኡ ድዮም: ወይስ ታሪኽ ኣባሓጎታት ደጊሞም ንኢትዮጵያ ንባዕዳውያን ኣሕሊፎም ክህቡዎም'ዮም???????? |

# 4ይ ክፋል

ብሓልዮት ጐጅለ ደቀባት-ኤርትራ 14 መስከረም 2008 ዓ.ም

> - መግዛእቲ ኣብ ኤርትራ ካብ ሃጸይ ቴድሮስ 1855-1861 ዓ.ም
>   ክሳብ የውሃንስ 4ይ 1885-1888 ዓ.ም
> - *ታሪኻዊ ትንተናን ዝምድናታትን መሳፍንቲ ትግራይን ኢትዮጵያን ኣብ ኤርትራ።*
> - *ኮሎንያል ጣልያን ብድሕሪ ስዕረት ድጉዓሊ: ብሰንኪ መንዩ ንኤርትራ ወሪሩ ክሕዛ በቒዑ?*
> - *ቅድሚ ኮለንያል ጣልያን ንኤርትራ ምውራሩ: መንዮም ኣብ ትግራይ እቶም ቀዳሞት መራሕቲ ብኮሎንያል እንግሊዝ ንስለላ ዝተሓጸዩ?*

**መብርሂ**: ነዚ ታሪኻዊ ኣስተዋጽኦ'ዚ ብፍላይ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ክንዝርግሖ ዝመረጽና መኽንያት: ሎሚ ኣብ ኤርትራ ታሪኽ ዝድገም ዘሎ ኮይኑ ስለዝተረድኣና'ዩ። መኽንያቱ ድማ መብዛሕትኡ ህዝብና ብሰንኪ ዘመን ዘምጽኦ: ዝተሓላለኸ ፕሮፓጋንዳዊን ስነኣእምራዊን ስለላውን ጽልዋታት: ነቲ ታሪኽን ተልእኾን ጠንቅን ናይቶም ካብ ጥንቲ ጀሚሮም ዝሃሰዩዎ ዝነበሩ: ባዕዳውያንን ውሽጣውያንን ጸላእቱ: ብመጽናዕቲ ተመራሚሩ ክፈልጦም ስለዘይከኣለ'ዩ። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ: ነቲ ዝሓለፈ ሕሱም ግፍዕታት ድሮ ረሲዑ: ነቶም ካብ ጥንቲ ጀሚሮም መልክዖምን ሜላኦምን ኣናቀያየሩ ክሳብ ሕጂ ዝሃስዩዎ ዘለው: ከም ፈተውቱ ገይሩ ክርእዮም ንዕዘብ ኣሎና። ንሕና ብወገንና ግን እዚ ሕጂ ዝወርዶ ዘሎ ስቓይን መከራን: ካብ ጥንቲ ጀሚሮም ባዕዳውያን ጸላእቱ ብረቂቕ ሜላ ንውሽጣውያን ጸላእቱ እናልኣኹ ዝፈጠሩዎ ምዃኑ ስለእንኣምን: ኣብ ታሪኽ ተመርኲስና በታ ዘላትና ንእሽቶ ዓቕሚ: ንህዝብና: ብሕልፊ ድማ ነቲ ናይ ጽባሕ ሕብረተ-ሰብ ዝኾነ ንእሽቶ ወለዶ: ንኽፈልጦ ብኽምዚ ዝስዕብ ታሪኻዊ ትንተና ከነቕርበሉ መሪጽና። ነዚ ትንተና'ዚ ከነቕርብ ዝመረጽና ድማ: ሓደ ህዝቢ ብስምዒት ዘይኮነ ብፍልጠት: ቅኑዕ ታሪኽ እንተድኣ ፈሊጡ ጥራይ እዩ: ንመሰሉ ክጣበቕ ዝኽእል ኢልና ስለንኣምን ኢና።

ሃጸይ ቴድሮስ ነቲ ብሚካኤል ስሑል ተሳዊሩ ዝነበረን: ብደግያት ውቤ ድማ ጕሂሩ ዝጸንሖ ሓዊ ኣጥፍኦ። ሃጸይ ቴድሮስ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ከምቲ መሳፍንቲ ትግራይ ዝፈጸምዎ ግፍዒ ኣይፈጸመን። መጻሕፍቲ ታሪኽን ኣፈታሪኽን ከምዝምስክሮ: ሃጸይ ቴድሮ ንሰራዊቱ "ኣነ ካብቶም ኣብ ኤርትራ ዝርከቡ ዓሌት ሮቤል ወለዶ ስለዘሎኒ: ምስ ኤርትራውያን ዝምድና ኣሎኒ: ስለዚ ንህዝቢ ኤርትራ ብዘይካ ግብሪ ምኽፋል ግፍዒ ኣይትፈጽሙ" ይብል ስለዝነበረ: ከም መሳፍንቲ ትግራይ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ብዘይካ ግብሪ ምኽፋል: በደል ፈጺሙ ኣይፈልጥን። ከምኡ ስለዝኾነ ከኣ ነቲ ግፍዔኛ ደግያት ውቤ: ተዋጊኡ ስዒሩ ማረኾ። ክልተ ኣዒንቱ ብመስፈ ኣጥፊኡ ድማ ቀንጸሎ። ሃጸይ ቴድሮስ ነቲ ኩሉ ዕሉል ሓለቓ ሽፍታ ውቤ: ካብ ህዝቢ ኤርትራ ሰሪቑን ዘሪፉን ዝኣከቦ: ወርቅን ብሩርን ገንዘብን ብሓይሉ ሰሊቡን መንዚዑን ንመቕደላ ኣከቦ። እቲ ብመሳፍንቲ ትግራይ: ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ዝተፈጸመ ዘሕፍር ተግባር: እንተሎ ከኣ: ካብ ኣንግሊዝ መሳርያን ገንዘብን ተቐቢሎም: ንሰራዊት ኣንግሊዝ ንመቕደላ ክሓልፍከሎ ከምዛ ዘይፈለጡ: ከይተንከፉዎ ትም ኢሎም ምርኣዮም'ዩ። ክንዲ ንክብሪን ልዑላውነትን ኢትዮጵያ ዝከላኸሉ ከኣ ንጅግና ሃጸይ ቴድሮስ ንከብዶም ክብሉ ንባዕዳዊ ሓይሊ ኣሕሊፎም ሃቡዎ። እቲ ጅግና ሓደ ነዲኡ ሃጸይ ቴድሮስ ግን: "ካብ ብባዕዳውያን ተማሪኸ ዝመውት: ባዕለይ ህይወተይ ከሕልፉ ይሕሸኒ" ኢሉ: ሽጕጡ ሰትዩ ብኽቡርዓት ተሰውኤ። በኸም'ዚ ድማ ብሰንኪ ክሕደት መሳፍንቲ ትግራይ: ልዑላውነት ኢትዮጵያ ተደፍረ። መሳፍንቲ ትግራይ ፍቕሪ ገንዘብን ሃብትን ኣንተዘይኮይኑ: ፍቕሪ ሃገር ከቶ ሓዲሩዎም ኣይፈልጥን። ኣብ እዋን ሃጸይ ቴድሮስ እትዮጵያ ብዓባያ ክብራ ከምዝድፈርን: ኵርዓት ህዝቢ ኢትዮጵያ ድማ ከምዝቕንጠጥን ዝኾነ ከኣ: ብሰንኪ ስስዔ-ስልጣን መሳፍንቲ ትግራይ እዩ። ሃጸይ ቴድሮስ ነቲ ካብ ውቤ ዝሰለቦ ንብረት ህዝቢ ኤርትራ ከይተጠቕመሉን: ኣንግሊዛውያን ንመሳፍንቲ ትግራይ ከይመቐሉዎምን: መርፍእ ከይተረፈ ኩሉ ጓሕጒሖም ንሃገር እንግሊዝ ተማሊኦሞ ከዱ። ክሳብ ሕጂ'ውን እዚ መግለጽ መንነትን ታሪኽን ኢትዮጵያን ኤርትራን ዝነበረ: ክቡር ታሪኻዊ ንብረት: ኣብ ሃገር እንግሊዝ ብሪቲሽ ሙዘይም ይርከብ ኣሎ። ኣብ ትግራይ ስለላ ዝተኣታተወ: ኣብቲ ሽዑ እዋን ኣብ ከረን ብሌነይቲ ተመርዕዩ

ዝቕመጥ ዝነበረ: ሰላዪ ባሻ ቨርነር ሙንዚንገር ወዲ ባዝል ስዊዘርላንድን: ብኣንግሊዛውያንን ከምዝኾነ ታሪኽ ዝምስክሮ ሓቂ'ዩ። *(ሩፊሎ ፐርኒ ትርጉም-መረብ ምላሽ)*

## መግዛእቲ የውሃንስ 4ይ ኣብ ኤርትራ 1885-1888 ዓ.ም.

መሳፍንቲ ትግራይ ገና እቲ ምውራርን ምዝማትን ኣመሎም ስለዝኾነ: ብድሕሪ ሃጸይ ቴድሮስ'ውን: እንደገና ከም እመሎም ንኤርትራ ወሪሮም: ነቲ ብሃጸይ ቴድሮስ ጠፊኡ ዝነበረ ሓዊ ኣባርዕዎ። የውሃንስ 4ይ ሃጸይ ቴድሮስ ምስተሰዋኣሉ: ኣብ ሳልስቱ ብ19 ሚያዝያ 1868 መረብ ሰጊሩ: ንኣውራጃ ሰራየ ክወርር ተበገሰ። ንደግያት ሃይሉ ተወልደመድህን ብዓል ጸዓዘጋ ድማ ፈታዊኦም ተመሲሉ: ንሓደ ሰላዪ ደግያት ገብረተኽለ ዝተባህለ ትግራዋይ: ኣብ ጸዓዘጋ ሰፊሩ ንደግያት ሃይሉ ተወልደመድህን ንኽስሊ ልኣኾ። ንሱ ድማ ፈታዊ ተመሲሉ: ኣብ ልዕሊ ደግያት ሃይሉ ረቂቕ ስለያታት እናኣካየደ: ዝተባህለን ዘይተባህለ ሓሶትን እንዳ-ኣቃመመን ንጐይትኡ የውሃንስ 4ይ የተሓላልፈሉ ነበረ። የውሃንስ 4ይ ገና ቅድሚ "ንጉስ" ምባሉ ድማ: ኣብ ኤርትራ ማእለያ ዘይብሉ ወራራትን ግፍዕታትን ፈጺሙ'ዩ። ጸኒሑ ድማ መረብ ሰጊሩ ኣብ ኣውራጃ ሰራየ ሰሊኹ: ብሰላሕታ ኣብ ዓዲ ወደል ኣብ ወረዳ መራጕዝ ኣውራጃ ሰራየ ዝርከብ ዓዲ ኣትዩ: ንደግያት ሃይሉ ብቃጻ ሓደጋ ወዲቑ: ኣብ መንጎ ክልተ ኣሕዋት ሓዊ ወልዐ። ንደግያት ሃይሉ ተወልደመድህን ኣሲሩ ንትግራይ ወሰዶም። ንኣይተ ወልደሚካኤል ሰሎሙን ድማ "መረብ ምላሽ ግዝኣትካ ይኹን" "ራእሲ" ዝብል ሽመት ድማ ሂበካ ኣሎኹ": ኢሉ ጠበሮ። እቲ ኣብ መንጎ ጸዓዘጋን ሃዘጋን ነቲ ብሰንኪ ቀዳሞት መሳፍንቲ ትግራይ ሱር ሰዲዱ ዝነበረ: በቲ የውሃንስ 4ይ ዝመሃዞ ሰበብ ድማ: እንደገና ከምዝባራዕ ኮነ። ብኽም'ዚ ድማ ኣብ መንጎ ክልተ ኣሕዋት ጸዓዘጋን ሃዘጋን ጽልኢ መሊሱ ንትግራዩ ተመልሰ። ንደግያት ሃይሉ ኣብ ቊጽጽሩ ምስ ኣተዎም ድማ: ንደግያት ወልደሚካኤል ( ወዲ ሃዘጋ) ንዓድዋ ምጸኒ በሎም። ደግያት ወልደሚካኤል ንዓድዋ ምስ መጸም ድማ ተቐቢሉ ኣሰሮም። ብከምዚ ክኣ እቶም ክልተ መዋዳድርት ኣሕዋት (ሃዘጋን ጸዓዘጋን) ኣብ ትሕቲ የውሃንስ 4ይ ብተንኮል ኣብ እምባታት ትግራይ ተኣስሩ። ዓደባኦም 7 ደቀ-ተሽም ሻሙናየም ሙሳ ከኣ: መጻወቲ ብዕሉጋት መሳፍንቲ ትግራይ ኮነት። ወራር ግብጺ ምስ መጸ ግን: የውሃንስ 4ይ ብዘይ ጀጋኑ ኤርትራውያን ከምዘይኰነሉ ስለዝፈለጠ: ንክልተ ኣሕዋት ካብ ቤት ማእሰርቲ ፈቲሑ ንዓዶም ሰደዶም።

| ኣስተውዕል: ኣብዚዩ እምብኣር ተንኮል መሳፍንቲ ትግራይን: ግርህነት ሓማሴንን ዝፍለጥ። |
|---|

ብድሕሪ'ዚ ወራር ግብጺ ምስ መጸ: ደግያት ወልደሚካኤል ኣብ ጐድኒ የውሃንስ ተሰሊፎም ከኣ ንግብጺ ብዘስተንክር ጅግንነት ሰዓሩዎም። እኹል መሳርያ ካብ ግብጺ ሰሊቦም ድማ ሓይሎም ኣደልደሉ።ብድሕሪ'ዚ ደግያት ወልደሚካኤል: "ካብ መግዛእቲ ትግራይ መግዛእቲ ግብጺ ይሓይሽ": ኢሎም ምስ ወረርቲ ግብጻውያን መኸሩ። ሽዑ የውሃንስ 4ይ ግብጻውያን: "ንደግያት ወልደሚካኤል ጥራይ ሃቡኒ ኣምበር: መሬት ሓማሴንስ ንሓላልኩም ውሰዱዎ" በሎም። በዚ'ዩ እምብኣር "ልቢ ትግራይ ጥውጥዋይ: መሳፍንቲ ትግራይ ብዘይካ ስልጣን ፍቕሪ ሃገርን ዶብን የብሎምን" ዝብሃል። እዚ ውዲት የውሃንስ 4ይ ምስ ግብጺ ኣናተኻየደ ከሎ: የውሃንስ 4ይ ካብቶም እሙናት መሳፍቱ: ኣመሓዳሪ ዓድዋ ዝነበረ ራእሲ ባይሩ ዝተባህለ: ብግንቦት 20 1878 ዓ.ም ነታ ሽዑ እዋን ውርይቲ ዝነበረት ርእሲ ከተማ ኤርትራ ድባርዋ ዘሚቱ: ነስመራ ኣተወ። ሽዑ ደግያት ወልደሚካኤል ብዓቢ ብልሓትን ጅግንነትን: ኣብ ሓዝ-ሓዝ: ሓዞ ሓዞ እንዳበሉ ንራእሲ ባይሩ ሓኒቖም ሓዝዎ ሰራዊቱ ከኣ ድራር ኣሞራን ወኻርያን ኮነ። ንሱ ድማ ኣብ ኢድ ደግያት ወልደሚካኤል ወደቐ'ሞ ተቐንጸለ ከኣ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ንራእሲ ዝቐተለ "ራእሲ" ተባሂሉ ይሽየም ስለዝነበረ: ደግያት ወልደሚካኤል ዝብሃሉ ዝነበሩ: ብጅግንነቶም ራእሲ ወልደሚካኤል ተባሂሉ። ሽቃ ኣሉላ ራእሲ ዝተባህለ ግን: ንደግያት ወልደሚካኤል ብሓሶት ማሕላ ጠሊሙ ስለዘእሰሮም ጥራይ እዩ።እዚ ሎሚ ልዕሊ ዕዳጋ-ሓሙስ ኣብ ኣስመራ ዝርከብ ከተማ ሓዝ-ሓዝ: ካብ "ሓዞ-ሓዞ" ዝብል ስም'ዩ ተጸዊዑ። እብቲ እዋንቲ ድማ ማሴታይ ከምዚሉ ማሰየ:-

ቀታል ባይሩ ቀታል ኣባ ጋላ
ከመይ ገበርካዮም ኣብ ኣስመራ
ገበርካዮም እባ መስሓቕ ወኻርያ
ሓሪድካ ሃብካዮም ንኣሞራ።
ወኻርያ ዓዲ-ሰግዶ ጸጊብኪዶ
ጸጊበ'ወ ወልዱ ዝሓረዶ
ዓዓጽሙ ገዲፈ በብርንዶ
ስኣን ኣድጊ ንባሕሪ ተውርዶ።



ይቕጽል

እቲ ብዘይካ ስልጣን ፍቕሪ ሃገር ዘይነበሮ የውሃንስ 4ይ ከኣ: በዚ ቅያ ራእሲ ወልደ-ሚካኤል ሰለሙን ኣዝዩ ርዓደሞ: ንራእሲ ወልደ-ሚካኤል ብሓይሊ ከምዘይስዕሮም ተገንዘበ። ውዲታት ክኣልም ድማ ከይደቀሰ ሓደረ። ብድሕሪኡ ንኤርትራ ክወርር ክልተ ውዲታት መሂዙ: ንክልቲኤን ውዲዳቱ ከተግብረን ከኣ ጀመረ። እቲ ቀዳማይ ውዲታዊ-ውዕል ምስ ሰበ-ስልጣን ግብጻውያን ፈተነ። ንሱ ከኣ "እንኮስ ንወልደሚካኤል ሰለሙን ኣረክቡኒ'ምበር ሓማሴን እገድፈልኩም" ዝብል ነበረ። ምስራውያን ድማ ስሱዓት ገዛእቲ ስለዝኾኑ: መታን ንሓማሴን ክገዝኡ ንራእሲ ወልደሚካኤል ጠለምዎም። እቲ ካልኣይ ስልታዊ ወፍሪ የውሃንስ ድማ: ነቲ ብግብረ-ሽበራ ዝተፈልጠ ሽቃ ኣሉላ: ድሓር ናይ ሓሶት ራእሲ-እሉላ ዘበለ: ንራእሲ ወልደሚካኤል ብሓይሊ ክገጥሞም ስለዘይከኣለ: ብጥልመትን ብውዲትን ኣዘንጊዑ ንኽሕዞም ኣዘዞ። ሽቃ ኣሉላ ድማ ተቓዳዲሙ: ንገርሂኛ ራእሲ ወልደሚካኤል: "ሰራዊትካ በትን እሞ ብሓደ ክንሰርሕ" ኢሉ ጠበሮም። ራእሲ ወልደሚካኤል ድማ: ኣይፋለይን ሰራዊተይስ ኣይብትንን'የ ኣብክንዲ ዝብሉ: ተገሪሆም ድማ ከምዚ ኢሎም ንእሉላ መልሲ ሃቡዎ:- "ካብ'ዚ ከዳዕ ግብጻዊ ንህዝበይ ዘባሳብሰለይ: ምስ የውሃንስ ምዕራቕ ይሕሸኒ: ግን ሰራዊተይ ክብትን ኣንተኾይኑ: ምድሪ ባሕሪ ነጻ ክግደፈለይ ኣለዎ": ኢሎም ገርሂዊ ስምምዕ ምስ ሽቃ ኣሉላ ገበሩ። ካብኡ ኣሉላ ብጕርሑ: ራእሲ ወልደሚካኤል ድማ ብገርሆም ከይተመራመሩሉ: ካብ ሓልሓል ንሃዘጋ እትዮም ብሰላም ተቐመጡ።

| |
|---|
| ኣስተውዕል: ኣብዚኣ እያ'ምብኣር እታ ግርህነት ራእሲ ወልደሚካኤል። "ድሕሪ ሰለፋ እንታይ ተረፋ" ክምዝብሃል: ብዘይ ሰራዊት ምድሪ ባሕሪ ነጻ ክኸውን ከምዘይክእል ክፈልጡ ነይሩዎም። |

ተንኮለኛ ራእሲ ኣሉላ ግን: ብሓደ ሓደ ንራእሲ ወልደሚካኤል ደቂ ዓዶም: ብሓሶት ኣታሊሉ "ኣንጻር ሃጸይ ክልዓል ይሓስብ ኣሎ" ዝብል ብሓሶት ከሰስትን መስከርትን ምሂዙ: ንፍርዲ ከም ዝቐርቡ ገበረ። ራእሲ ወልደሚካኤል ድማ: ድሕረ-ማይ ኣብ ብዓቲ ድኣ ኮይኑምበር: ከምዚ ኢሎም ንኣሉላ:- "እንቋዕ ድኣ ብዥናት ኣይሓዝካኒ'ምበር: እዚስ ሰበይቲ እትገብሮ እዩ" መለስሉ። ብኽምዚ ውዲት'ዚ ድማ ኣብ ኢድ ሽቃ ኣሉላን የውሃንስ ወደቑ። የውሃንስ ድማ ዕድመይ ይታሕካ ኢሎም ፈረድዎ። እዚ ማለት ድማ: እነ ብሂወተይ ክሳብ ዘሎኹ ንኽትእሰር ፈሪደካ ኣሎኹ በሎም። ኣብ ሓደ ዓቢ ገበል ዝነበሮ ብዓቲ ድማ ዳጕንዎም። እቲ ገበል ክውሕጦም ኣፉ ሃህ ምስ ኣበለ ግን: ተባዕ ስለዝነበሩ ጋቢኦም ጠቕሊሎም ኣብ እፉ ወቲፎም ቀተልዎ።

| |
|---|
| ኣስተውዕል: ሽዑ'ዩ "ተንቤናይ ተመናይ" ዝተባህለሉ። መሳፍንቲ ትግራይ ብጕርሖም ስዒሮም። ራእሲ ወልደሚካኤል ድማ ብገርሆም ተሳዒሮም። ሽዑ'ዩ እቲ ናይ መወዳእታ ስዕረት ኤርትራ ዝኾነ። |

ብድሕር'ዚ ከኣ'ዩ ሓደ ዋጣ ንራእሲ ወልደሚካኤል ከምዚሉ ዝገጠመሎም:-

ሓልሓል ከሎኻ ልጉስ መሬት:
በጎስ ኣንከሎኻ ጽኑዕ መሬት:
ሰምሃርን ሰኒሒትን ከሎኻ እሙን መሬት:
ወጨፎ ከሎኻ ጽሩይ ብረት:
ሰናድር ከሎኻ ጽሩይ ብረት:
ምስትንፋሱ ዘይትቐብሮ (ንኣሉላ ማለቱ'ዩ) ኣብ መሬት
እንታይ ኣእተወካ ኣብ ሰንሰለት
ኣየ ውርደት ኣየ ዓቢ ሕፍረት።

ህዝብኻዶ ኢሉካ ኣይምክትን:
ሹም ኣሕዋትዶ ኢሉካ ኣይምክትን:
ሓሚቕካ ነፊዕካ ዘይትፍትን
ኣብ ምንትምንታይ ንህዝብኻ ኣእቲኻሉ ዝርግ ብትን
ሎሚዶ ይሓይሽ ሰፊርካ ኣብ ጸልማትን ኣብ ብዓትን
ሎሚዶ ይሓይሽ ሓሳብካ ምስበለ ዝርግ ብትን
ስግዕ ክመኽረካ ኣይተስተንትን
ቀደም ሓሊፉ'ዩ ሓበንን ዅርዓትን
ህዝብኻ ተበታቲኑ'ዩ ንላዕልን ንታሕትን
ሃገርካ ተሪፉ'ያ ምስ ቈልዓን ሰበይትን



ይቕጽል

ይገዝኡዋ ኣለው ጓኖትን ጸላእትን:
ይበልዑዋ ኣለው ሓሰውትን ደረፍትን

ኣዋልድ ደጓዑ (ተጋሩ) ድማ ከምዚለን ደረፋሎም:-
ንጉስ ሓማሴን ዝዕዋኖ
ኣብ ኢድካ ከሎዶ ልማኖ።

መሳፍንቲ ተጋሩ ድማ ብወገኖም ከምዚሎም ዋሕለልሎም:-
"ንበቕሊ ጥረ ሂብካ ንሃሳስ ሓማሴናይ ድማ: ምሒልካ ጥሒልካ እዩ ዝተሓዝ"።

ኣስተውዕል: ሎሚ ድሕሪ ሓደ ሚእቲ ዓመትከ: ኩነታት ኤርትራ ብዝረቐቐ ሜላ ኣበይ ገጹ ይጉዓዝ ኣሎ? ታሪኽ ዝድገም ዘሎዶ ኣይመስልን?

## ኮሎንያል ጣልያን ከመይ ገይሩ ንኤርትራ ክሓቱ ክኢሉ?

ኣብቲ እዋን'ቲ ኮሎንያል እንግሊዝ ኣብ ሱዳንን ኣብ ኬንያን ይገዝእ ነበረ። ሰራዊት መወዳድርቲ ኮሎንያል እንግሊዝ ዝኾነ ፈረንሳ ድማ: ኣብ ከባቢ ጁቡቲ'ዩ ዝገዝእ ዝነበረ። ስለ'ዚ ኮሎንያል እንግሊዝ ኣብቲ እዋን'ቲ ንዋሕስነቱ ክብል: ግድነት መዳፍርትን ሓጋዝን ይደሊ ስለዝነበረ: ንጣልያን ብባጽዕ ኣቢሉ ንኤርትራ ክወርር: ጸጊሑ ድማ ንኢትዮጵያ ክቈጻጸር መኸሮ። ኮለንያል ጣልያን ድማ ከም ውዕሉ ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ወተሃደራቱ ክዓርት ጀመረ። ብፍሑኽ ፍሓኽ ድማ ብኮለኔል ቶማሶ ደ-ክሪስቶፎሮ *(Colonel Thomaso De Christophoro)* ዝምራሕ ሰራዊት ኣብ ባጽዕ ተኣከበ። ጸጊሑ ድማ ብ1886 ዓ.ም እቲ ብ*Colonel Thomaso De Christophoro* ተመሪሑ: ካብ ዶጓሊ (ምጽዋዕ) ነስመራ ክድይብ ዝተበገሰ ሰራዊት: ገና ኣብ ዶጓሊ ከሎ: እቲ መብዛሕታኡ ኤርትራዊ-ሰራዊት ብእሉላ ዝምራሕ ዝነበረ ሓደጋ ወደቖ: 22 መኮንናትን 400 ወተሃደራትን ንባዕሉ ኮለኔል ቶማሶ ደ-ክሪስቶፎሮን ተመንቈሱ።ኸዑ ኮለንያል እንግሊዝ ንኮሎንያል ጣልያን ንኸድሕን ብዙሕ ተጓየየ። ብረቂቕ ሜላ ድማ ምስ ንጉስ የውሃንስ ውዕል ገበረ። ኣብቲ ውዕል ድማ ናይ ውግእ መሳርያታት ብሓልዮት ንግስቲ ቪክቶርያ ብ(*Reear-Admiral Sir W.Hewett*) ብሬር ኣድሚራል ዝምራሕ ሓደ ጉጅለ እንግሊዛውያን: ነቲ ናይ ዝተዋህበ ሓገዝ ናይ ውግእ መሳርያ: 2 መዳፍዕ ምስ መሳርያኡ: 12 ማለፊያ 5 ጠመናጁ ሓደ ሽጉጥ ሒዙ ብባጽዕ ኣቢሉ ንዓድዋ ብምእታው: ንንጉስ የውሃንስ ሃቡዎ። ሽዑ ነቶም ብንግስቲ ቪክቶርያ ሒዞም ዝመጽዎ ኣጋሽ እንግሊዛውያን ብንጉስ የውሃንስን ብፍላይ ድማ ብሽቃ ኣሉላ ምዉቕ ኣቀባብላ ተገብረሎም። (ሩዶልፍ ማዚኮኒ 1ይ መጽሓፍ ገጽ 399) ብኢድ ንጉስ የውሃንስ ዝተጻሕፈ ብተርጓማይ መሸሻ ወርቁ ድማ ዝተተርጐመ ናይ ምስጋና መልእኽቲ: ንንግስቲ ቪክቶርያ ተላእከ። ካብቲ ውዕል ሓደ ድሕሪ ሾናት ዶጓሊ ሰራዊት እንግሊዝ ንጥልያን ከይትንክፎም ዝብል ነበረ።ብከም'ዚ ሜላ'ዚ ኣቢሉ ድማ መርበብ-ስለላ እንግሊዝ: ንየውሃንስ ንኣሉላን ብብረት ዓዲጉ ሰለልቲ ንኸኾኑዎ ሓጸዮም። ብድሕሪ'ዚ ኣንግሊዛውያን ንክርስትያናዊ ዝንባሌ የውሃንስ 4ይ: ጽቡቕ ገይሮም ስለዝተረድኡዎ: ካብ ሱዳን ሰራዊት ደርቡሽ ንመተማ ንኽሓቱ መኸሩዎም። (ሩዶልፍ ማዚኮኒ 1ይ መጽሓፍ ገጽ 399 )

ኣብቲ እዋን'ቲ ራእሲ ወልደሚካኤል ኣብ ብዓቲ ጎቦ-ትግራይ ተኣሲሮም ከለው: ከምዚሎም መሰንቀኡም እንዳሃረሙ የስተንትኑ ነበሩ ይብሃል:-

ኣነስ ኣለኹ ሓዊ እስሕን
ጠላም ማሕላስ ግዲ ክንደይ ከይድሕን።
ኣነስ ኣሎኹ ስገመይ በሊዐ ማየይ ይግስም
ጠላም ማሕላስ ክንደይ ከይቸስን…።

ብድሕሪኡ ግን እቲ የውሃንስ 4ይ ዝብሃል ዝነበረ ንጉስ ትግራይ: ብሰንኪ'ቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝፍጽሞ ዝነበረ ግፍዕን ጭካኔን: ብሕልፊ ድማ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኩናማን ናራን ኣብ መተማ ምስ ደርቡሽ ዝተገብረ ሾናት: ክሳዱ ተቘሪጹ ሞተ።

ሰራዊት ኮሎንያል ጣልያን ድማ: ጀጋኑ ኤርትራ ብሰንኪ የውሃንስ ኣሉላን ፋሕ ብትን ከምዝኣተዎም ብስለላ-መርበብ እንግሊዛውያን ምስ ተሓበሮምን: ኤርትራ ከኣ ዝከላኸለላ ዘይብላ ምዃና ምስ ኣረጋገጹን: ካብ ባጽዕ ሓይሎም ኣደልዲሎም ነስመራ ሓንቲ ጥይት ከይተኮሱ ኣተው።



ይቕጽል

ኣስተውዕል: እዚ ኩሉ መሳፍንቲ ትግራዎት ንኤርትራ ወሪሮም: ንጀጋኑ ኤርትራውያን ንሓባብን ንዓላን ኣንተዘየንፍጹዎም ነይሮም: ኮሎንያል ጣልያን ነስመራ ደፊሩ ከኣቱ ኣይምኸኣለን ነይሩ።

ካብኡ ራእሲ ወልደሚካኤል ንጉስ ትግራይ ምስ ሞተ: ፍርዶም ስለዝተወድኤ: ካብ ቤት ማእሰርቲ ወጺኦም ምስ ትግራዎት ኣንጻር ኮለንያል ጣልያን ከኣ ኣብ ኹናት ኾዓቲት ብጅግንነት ተሰሊፎም ተዋጊኡ። ንዓዶም ክምለሱ ድማ ነቲ ገዛኢ ኤርትራ ዝነበረ ፈርዲናንድ ማርቲኒ: ዱማንዳ ኣቕረቡሉ። ፈርዲናንድ ማርቲኒ ግን: ራእሲ ወልደሚካኤል ንኤርትራ እንተድኣ ተመሊሶም: ሰውራ ከምዘላዕሉ ስለተረድኤ ኣይፈቐደሎምን። ካብኡ ራእሲ ወልደሚካኤል ብ1906 ኣብ መበል 83 ዕድሜኦም ኣብ ትግራይ ከለው ዓረፉ።

## ቀዳሞት መሳፍንቲ ትግራይ: ንህዝቢ ከበሳን: ሰኒሒትን: ኩናማን: ባርካን ስሓልን ሳሆን በዲሎሞም'ዮም።

መሳፍንቲ ትግራይ ከም ብዓል ውቤን የውሃንስ ኣሉላን: ክርስትያን ኢና እናበሉ: ካብ ክርስትያን ዘሚትካ ምእታው ከም ጅግንነት እዮም ዝቖጽሩዎ ነይሮም።

ብዙሓት ደቂ መታሕት ሰቦምን ጥሪቶምን መታን ካብ ሸፋቱ መሳፍንቲ ትግራይ ከድሕኑ: መንግስቲ ግብጺ ዋሕስ እንተኾኖም ኢሎም: ካብ ሃይማኖት ክርስትና: ምስልምና ይሕሽና ኢሎም ሃይማኖት ምስልምና ቀየሩ። እቲ ዋሕስ ይኾነና ኢሎም ዝተጸግዕዎ መግዛእቲ ግብጺ'ውን ብዝምታን ብከቢድ ግብርን ድኣ ኣሳቐዮም። ከምዚ'ሎም ደቂ መታሕት ብኽልተ ጸላእቲ ይጭቆኑ ነብሩ። ሸቃ ኣሉላ ንህዝቢ ሰኒሒትን: ንህዝቢ ባርካን: ንህዝቢ ስሓልን ጥራይ ኣይኮነን በዲሉ: ኣብ ሓማሴን ሰፊሩ'ውን ብጭካኔ ገዚኣኡ'ዩ። ነቲ ክብርን ወግዕን ባህሊ ሓማሴን ዘፍርስን ዘባዕልግን ኣዋጃት'ውን ኣውጁ'ዩ። ነቶም ደጓዑ ኣሉላ (ዓሳኽር) ተጣይሶም ትግራይ ኣንተድኣ-ተመሊሶም ኣብ ድኽነቶም ስለዝኣትው:: ማዕረ መሰል ምስ ደቀባት ኤርትራ ረኺቦም: ክነብሩ ሸቃ ኣሉላ ዕድል ከፊተሎም።

ንኣብነት ካብቲ ግዕዙይ ኣዋጃት ኣሉላ ሓደ:-

1. <u>“ሓደ ሰብ 40 ዓመታት ኣብ ኤርትራ እንተድኣ ተቐሚጡ: ወደ-ርብዓ ተባሂሉ: ምሉእ መሰል ይውሃቦ“</u>። ድሕሪዚ ኣዋጅ'ዚ'ዩ: ሰብኡተን ዝመቱወን ኣንስቲ ጀጋኑ ኤርትራውያን ተመርዕ'ዮም: ኣብ ሓማሴን መሬት ደቀባት ተዓዲሎም: ማዕረ ደቀባት ኤርትራ ኮይኖም ክነብሩ መሰል ዝረኸቡ። ሽዑ'ዮም ንሸቃ ኣሉላ እቶም ደቀርብዓ: ከምዚሎም ዝውድሱዎ ዝነበሩ። “ዕድመ ከም ማቱሳላ: ጽድቂ ከም ላሊበላ.: ፍትሒ ከም ኣሉላ“። ከምቲ ግዕዙይ ታሪኹ ግን: ኣሉላ ፍትሔኛ ኮይኑ ኣይፈልጥን። እቲ ሓቀኛ ታሪኽ ኣሉላ ግን: ኣብ ልዕሊ ደቂ ኩናማን ባዛን ናራን: ኣብ ልዕሊ ደቂ ባርካን: ደቂ ሰንሒትን ሳሕልን ደቂ ሳሆን ዝፍጸሞ ዝነበረ ግፍዓዊ ሽፍትነት ህሉው ምስክር'ዩ። ነቲ ብማሕላን ብውዲትን ኣታሊሉ ዝወረሮ ህዝቢ ከበሳ እንተኾነ'ውን: <u>ክሳብ ኮሎንያል ጣልያን ብሰንኩ ንኤርትራ ዝኣቱ.: ሃብቱን ጥሪቱን እናመዝመዘን: ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ዘይፍትሓዊ ግብሪ ኣንዳኣኽፈሎን ከሳቕዮ ጸኒሑ'</u>ዩ። ብሰንኪ ግፍዓዊ ጭቆና ኣሉላ ድማ: ብዙሓት ጀጋኑ ደቀባት ዓዓዶም ገዲፎም ንሓባብ ክግዕዙ ተገዲዶም'ዮም። ከም'ዚ ዝፍጽም ዝነበረ ሽፍታ ግን: ፍትሔኛ-ኣሉላ ክብሃል ኣዝዩ ዘሕፍርዩ።

ካብቲ ግዕዙይ ኣዋጃት ኣሉላ ሓደ:-

2. “ዝኾነ ገባር ኣብ ኤርትራ ብገዛእ ምዓሩን ንህቡን: ኣብ ዝኽሩን መርዕኡን ተስካሩን ከይብርዝን ከይምይስን“ ዝብሉ ነበሩ።

<u>እስተውዕል:</u> የውሃንስ ንኣሉላ ዓስከሩ ኣዚዙ ኣብታ ሽዑ ግዜ ዋና ከተማ ኤርትራ ዝነበረት <u>ዓዲ-ተኸላይ</u> ሰፊሩ ንጀጋኑ ኤርትራውያን ፋሕ ብትን ኣንተዘየብሎም ነይሩ: ኮለንያል ጣልያን ካብ ባጽዕ ዓቐብ ወጺኡ ነስመራ ኣይምኣተወን። ስለ'ዚ ብሰንኪ ስሱዓትን ሕሱማትን መሳፍንቲ ትግራይ: ባዕዳዊ ጸላኢ ንኤርትራ ክኣቱ ክኢሉ።ካብ ኤርትራ ቀጺሉ ድማ ንኣዲስ ኣበባ ክቈጻጸር በቒዑ። እዚ ኩሉ ድማ ብሰንኪ መሳርሒ ስለላ ጥልያንን እንግሊዝን ዝነበሩ መሳፍንቲ ትግራይ እዩ።

<u>መተሓሳሰቢ</u>: ኣብዚ ዘለናዮ እዋን'ውን ታሪኽ ከይድገም'ዩ ዝስግእ ዘሎ።ንግዜ ጥራይ ንሃቦ'ምበር ኩነታት ኤርትራን ኢትዮጵያን: ብዝተራቐቐ መስርሕ ኣብ ኢድ ባዕዳውያን ከይወድቕ'ዩ ዘስግእ ዘሎ። ስለ'ዚ ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ይኹን ኢትዮጵያዊ: ኣብ ክንዲ ብስምዒት: ብፍልጠትን ብቕኑዕ መጽናዕትን ንጉዳይ መንነቱ ክብል: ጸላእቱን ፈተውቱን ከለለ እዋኑ ይጠልቦ ስለዘሎ። ኣብ ቅኑዕ ታሪኽ ተመርኲሱ መጽናዕትን ምርምርን ከካይድ ሃገራዊ ሓላፍነቱ እዩ።



ይቕጽል

## 4ይ ክፋል

ብሓልዮት ጕጅለ ደቀባት-ኤርትራ 19 መስከረም 2008 ዓ.ም.

*ኤርትራ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኮለንያል ጣልያን ክትወድቕ ዝተገደደት ብሰንኪ መሳፍንቲ ትግራይ እያ። ከም መረጋገጺ-ምስክርነት ክጥቀስ ዝከኣል ድማ: እቲ ካብ 1901 ክሳብ 1907 ዓ.ም. ሰቪል ገዛኢ ኤርትራ ዝነበረ ፌርዲናንዶ ማርቲኒ: ቃል ብቓሉ ከምዚ'ሉ ዝመስከሮ'ዩ:- ሚካኤ ሓሰማ ራካ-ዛንታ ኤርትራ ገጽ 150*

*"ድሕሪ ውድቀት ኣኽሱም ክሳብ ንሕና ንኤርትራ ንሕዛ ኣእሚኑ ዘገበራ ሓይሊ ኣይነበረን። ኣብ ዳሕረዋይ ዘመናት ግን ብወራር መሳፍንቲ ኢትዮጵያ (ብሕልፊ መሳፍንቲ ትግራዎት) ስለዝደኸመት: ብቐሊሉ ክንሕዛ ክኣልና። ህዝቢ ኤርትራ ድማ ምስቲ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝነበሮ ጽልኢ መኽንያት: ብሰላም ክቕበለና ተገደደ። ስለዚ ኢትዮጵያ ብዝገበረትልና ሓገዝ ንንእዳ"። ፌርዲናንዶ ማርቲኒ:*

### ዓወት ዓድዋ ብሳላቶም 40% ዝኾኑ ጀጋኑ ኤርትራውያን'ዩ ተረኺቡ።

ኣብ ዓውደ-ውግእ ዓድዋ: ካብቲ ዝነበረ ሰራዊት ኢትዮጵያ 40 ካብ ሚእቲ ኤርትራውያን ጀጋኑ ኣብ ጐድኒ ሰራዊት ኢትዮጵያ ተሰሊፎም ነበሩ። እቶም ብሰንኪ ጠላም-ማሕላ ሸቃ ኣሉላን: ብግፍዔኛ ሰላዪ እንግሊዝ የውሃንስ 4ይን: ኣብ ብዓቲ ተኣሲሮም ዝነበሩ ጅግና ራእሲ ወልደንሚካኤል ግን: ክሳብ የውሃንስ 4ይ ዝመውት ተፈሪዶም ስለዝነበሩ: ኣጋጣሚ ኮይኑ የውሃንስ ብሰንኪ እከይ ግብሩ ብዶርቡሽ ክሳዱ ተቖሪጹ ቅድሚ ራእሲ ወልደንሚካኤል ድኣ ሞተ። ከም'ዚሎም ከኣ ራእሲ ወልደንሚካኤል ብሳላ ዶርቡሽ: የውሃንስ 4ይ ብሞት ስለዝቐደሞም ፍርዶም ቀልጢፉ ተወደኣሎም። መሳፍንቲ ትግራይ ግን ኩሉ ግዜ ክሽግሮም ከሎ: ብዘይ ሓገዝ ኤርትራውያን ስለዘይኮነሎም ኣብቲ ዂናት ዓድዋ ምስ ሰራዊት ኣሉላ ክስለፉ ኣዘዝዎም።: ራእሲ ወልደንሚካኤል ድማ ሓደ መበቆልን ባህልን ሃይማኖትን ዘለዎ ህዝቢ: ብባዕዳዊ ኮሎንያል ጥልያን ክድፈሩን ክባሳበሱን ትም ኢሎም ክርእዩ ሕልንኦም ስለዘይገበረሎም: ነቲ ብሸቃ ኣሉላን የውሃንስ 4ይን ኣብ ልዕሊኦም ዝተፈጸመ ክሕደትን ጥልመትን ሸለል ኢሎም: ከምቲ ጅግንነት ቀደሞም ተዓጢቖም ድኣ ኣብ ዓውዲ-ውግእ ዓድዋ ተሰለፉ። ብዓቢ ቅያን ትብዓትን ከኣ ንኮሎንያል ጣልያን መከቱዎ። ኮሎንያል ጣልያን ድማ ኣብ ውግእ ዓድዋ ፈጺሙ ተሳዕረ: ብዙሓት ላዕሎዎት መኳንንቱን ሰራዊቱን ከኣ ተማረኹ። ብኸምዚ ከኣ ውግእ ዓድዋ ብዓወት እትዮጵያውያንን ኤርትራውያን: ብባሕቲ መጋቢት 1896 ዓ.ም. ተፈጺመ። ኣብ ታሪኽ ዓለም ድማ ተመዝገበ። ብዙሓት ናይ ታሪኽን ፖለቲካን ተመራመርቲ ከምዝምስክሩዎ: <u>"ኣብቲ ዓውደ-ዂናት ዓድዋ: እቶም ካብ 40% (ኣርብዓ ካብ ሚእቲ) ንላዕሊ ዝኾኑ ዝነበሩ ኤርትራውያን ጀጋኑን: ብሕልፊ ድማ እቲ ብሓይል ራእሲ ወልደንሚካኤል ሰለሞን ዝምራሕ ዝነበረ ሓይልን እንተዘይነብር: ሰራዊት ጣልያን ብሰራዊት መነሊክን የውሃንስ ኣይምተሳዕረን ነይሩ</u>" ይብሉ። እንተ ድኣ ብዓሚቑ መጽናዕን ምርምርን ተኻታቲልካዮ ድማ እዚ ርእይቶ'ዚ ስነ-መጎታዊ ሓቂ'ዩ።

### ድሕሪ ዓወት ዂናት ዓድዋ:

ብድሕሪ ዓወት ዂናት ዓድዋ: ምኒሊክ 2ይ: ኣብ ልዕሊ ትግራዎትን ኣምሓራን ስለዝተዓወተ: ብሓገዝ ኮሎንያል ኢጣልያ ብ25 መጋቢት 1896 ዓ.ም. ንግስነቱ ኣወጀ። ንጉስ ምንሊክ 2ይ ተባሂሉ ድማ ተጸውዔ። ብ2 ግንቦት 1896 ዓ.ም. ድማ: ውዕል ውጫሌ ምስ ኮሎንያል ጣልያን ተፈራረመ። ኣብቲ ምስ ሰበ-ስልጣን ኮሎንያል ጣልያን ዝተገብረ ውዕል ከኣ ነቲ ካብ ጥንቲ መሬት ሓማሴን ወይ ምምሕዳር ባሕረ-ነጋሲ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዝነበረ ቦታ: ኮሎንያል ጣልያን "ኤርትራ" ኢሉ ዝሰመዮ: ብምልኡ ግዝኣቱ ንኸሸውን ዝብል ነበረ። ንጉስ ምነሊክ ንኮሎንያል ጣልያን ካብ መረብ ሓሊፍኩም ጥራይ ንኢትዮጵያን ኣይትምጽኡ'ምበር: ንኤርትራ ንኽትገዝኡ ፈቓደልኩም ኣሎኹ" በሎም። <u>ስለ'ዚ ካብ ጥንቲ ጀሚሮም መሳፍንቲ ኢትዮጵያን ትግራይን: ብዘይካ ንጥቕሞም'ምበር: ንረብሓ ኤርትራን ህዝባን ሓሲቦም ኣይፈልጡን።</u> እቲ ብቛንቋ ጣልያንን ኣምሓርኛን ዝረቐቐ ውዕል ግን: ትሕዝቶ ትርጕም ክልቲኡ ሓደ ኣይነበረን። <u>ኣብቲ ብቛንቋ ጣልያን ዝረቐቐ ውዕል: "ኢትዮጵያ ኣብ ትሕቲ ምቍጻርን ምክልኻልን ሓለዋን: ኮሎንያል</u>



ይቕጽል

ጣልያን ክትከውን ኣለዋ“ ዝብል ነብረ። እዚ ዓንቀጽ’ዚ ግን ኣብቲ ብቋንቋ ኣምሓሪኛ ዝተዳለወ ውዕል ኣይነበረን። ድሒሩ ግን ንጉስ ምንሊክ 2ይ ልክዕ ከምዘይነበረ ተረድአ።

**ኣስተውዕል:** ቅድሚ ሕጂ’ውን የውሃንስ 4ይ ንሰበ-ስልጣን ግብጺ: “ንራእሲ-ወልደሚካኤል እንተድኣ ኣረኪብኩምኒ: ንመሬት ሓማሴንስ ክገድፈልኩም“: ከምዝበሎም ኣብቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ 3ይ ምዕራፍ ተገሊጹ’ሎ። መሳፍንቲ ትግራይ ብፍላይ የውሃንስ 4ይን ሽቃ ኣሉላን: ንኤርትራ ወሪሮም: ንጀጋኑ ደቃ ፋሕ-ብትን ኣንተዘየብሉዎም ነይሮምን: ወይከኣ መስፍን የውሃንስ 4ይ ምስ እንግሊዝ ብምስጢር እንተዘይሰማማዕ ነይሩን: ወይድማ ድሕሪ ሾናት ደጓሊ: ንኮሎንያል ጣልያን: ምስ ጀጋኑ ኤርትራውያን ብሓባር ኮይኖም: ደጊሞም ካብ ባጽዕ ሓግሒጎም ኣንተዘውጽኡዎም ነይሮም: ኮሎንያል ጣልያን እንደገና ሓይሉ ኣደልዲሉ ንኢትዮጵያ ንኸገዝእ ክሳብ ዓድዋ ኣይምበጽሐን ነይሩ። ብኣንጻሩ ግን ንጀጋኑ ኤርትራ ፋሕ-ብትን ኣቢሎም: ንኤርትራ ከኣ ተኻላኺሊ ዘይብላ ኣትሪፎም: ኣብ መወዳእታ ግን ብኮሎንያል ጣልያን ከምትውረር ድኣ እሕሊፎም ሃቡዋ። ጣልያን ነስመራ ምስኣቶ ከኣ: ነቶም “እምቢ ብኮሎንያል ጣልያን ኣይንግዛእን: ኣብ ጕረባብትናን ኣሕዋትናን ዝኾኑ ትግራዎትን ኣምሓራን ተዓቝብና: ካብኡ ኣናወፈርና ድማ ንህዝብና: ካብ ንኮሎንያል ጣልያን ነጻ ከነውጽኦ ኢና“: ኢሎም መረብ ዝሰገሩ ጀጋኑ ኤርትራውያን: ብትእዛዝን ኣዋጅን ሰላዪ ኮሎንያል ጣልያንን ሽያጥ-ሃገርን መስፍን መነሊክን: በቶም መሻርኽቱ ሸፋቱ መሳፍንቲ ትግራይን: ተተሃዲኖም ግዳይ ኮሎንያል ጣልያን ይኾኑ ነይሮም’ዮም። እቶም ዝተረፉ ድማ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ንስልጣን መስፍን ሚነሊክ: ብኦሮሞ ከይድፈር እናተዋግኡ ይከላኸልሉ ነይሮም።

**ሽዑ’ዩ ከምዚ ዝተባህለ:-**
ብባጽዕ እንተበልና ጣልያን መጸ
ብመታሕት እንተበልና ደርቡሽ (ግብጺ) መጸ
ንትግራይ እንተበልና መስፍን ትግራይ መጸ
ኣንታ ሾዒትና’ዶ ክንኣቱ ከም ጻጸ
ኣምላኽ ሃበና መራግጸ።
*ሎሚኸ ኣብ ኤርትራ እንታይ ኰነታት ኣሎ? ኤርትራውያን መንእሰያት ዓዶም ተፊኦዎም ኣበይ ከምዝዓልቡ ዝጠፍኦም ዘሎ ስለምንታይ እዩ? እስከ ብዝተራቐቐ ሚላ ኣብ ኤርትራ ታሪኽ ይድገም ከይህሉ ነስተብህለሉ።*

ንኣብነት ከም ብዓል ራእሲ ኣበራ ወዲ ጸዓዘጋ ካብ እንዳ ራእሲ ሃይሉ:: ነቲ ጣልያን ሂቦሞ ዝነበረ ስልጣን: ህዝበይ ብኮሎንያል ጣልያን ክጭቈን ኣነ ከኣ ክሽየም: እምቢ ንኮሎንያል ጣልያን ኣይግዛእን ኢሎም ስልጣኖም ደርብየምሎም መረብ ሰጊሮም ንመሬት ትግራይ ኣተው። መሳፍንቲ ትግራይ ግን ኣሲሮም ንኮሎንያል ጣልያን ክህቡዎ ይሓስቡ ከምዝነበሩ ስለዝፈለጡ: ካብ ትግራይ መሊቖም ናብ መስፍን ሚነሊክ ኣተው። ካብኡ መስፍን ሚነሊክ ምስ ደቂ ደቡብ (ኦሮሞ) ጸገም ስለዝነበሮ: ንደግያት ኣበራ መራሕ ሰራዊት ገይሩ ንደቡብ ንኽከላኸልን ከጥቅዕን ልኣኾ። ኣብቲ ኣንጻር ደቂ ደቡብ (ኣኦሮሞ) ዝተገብረ ሾናት ድማ ራእሲ ኣበራ ዘይርሳዕ ጅግንነት ፈጸመ። ብሳልኡ ድማ ስልጣን መስፍን መነሊክ ክድልድል ከኣለ። ሽዑ ድማ’ዩ “ንጉስ“ ሚነሊክ: በቲ ጅግንነት ደግያት ኣበራ ስለዝተገረመ: “ከሺ ኣማራ ኣንድ ኣበራ“ ኢሉ ዘመጎሶ። መሳፍንቲ ትግራይን ኢትዮጵያን ፍቕሪ ሃገር እንተዝህልዎም ነይሩ: ነቶም ንኮሎንያል ጣልያን ተቓዊሞም: ንትግራይ ዛትው ዝነበሩ ተባዓት ኤርትራውያን: እንተዝተሓባበሩዎም: ኤርትራውያን ተወዲቦም: ኣብ ዶባት ኤርትራ እናኣተው ንኮሎንያል ጣልያን ድቃስ ምኸልኡዎ ነይሮም። ኮሎንያል ጣልያን ድማ ኣይኮነንዶ ንኢትዮጵያ ክወርር: ንኤርትራ’ውን ገዲፉዋ ምወጸ ነይሩ። ብሰንኪ ጥልመትን ክሕደትን መሳፍንቲ ትግራይን: መስፍን መነሊክ ቀንዲ ሰላዪ ጣልያንን: ኮሎንያል ጣልያን መግዛእቱ ኣብ ኤርትራ ምስ ኣደልደለ: ንኢትዮጵያ ክወርር ዝኸኣለ። ኣዝዩ ዘገርም’ዩ “ክውዕየካ ብማንካ ክዝሕለካ ድማ ብኢድካ“ ከምዝብሃል: ካብ ጥንቲ መሳፍንቲ ትግራይን ኢትዮጵያን ክጽግሞም ከሎ ንደቂ ኤርትራ ይደልዩዎም: ክጥዕሞም ከሎ ግን ይወሩዎም’ዮም ነይሮም። መሳፍንቲ ትግራይን ኢትዮጵያን ካብ ጥንቲ ጀሚሮም: ባህጊ ጸጋን ሃብትን ኤርትራ’ምበር: ባህጊ ሕውነት ህዝቢ ኤርትራ ከምዘይነበሮም ብዙሕ ጭብጥታትን መርትዖታትን ኣሎ። እቲ ካብ ኩሉ ዘሕዝን ግን: ህዝቢ ኤርትር ዕድሎቱ ኮይኑ: እቲ ቀደም ነቲ

ኩሉ እከይ ተግባርን ድንቍርናን መሳፍንቲ ኢትዮጵያን ትግራዎትን ብግቡእ ተረዲኡ: ሓቢሩ ክምክቶም ኣይበቕዐን። መኽንያቱ ከኣ ብግርህነት ከም ኣሓዋቱ ገይሩ ስለዝኣመኖም'ዩ።

ጣልያን ንንጉስ መነሊክ ይኹን ንመሳፍንቲ ትግራይ: ስሱዓት ምዃኖም ስለዝፈለጦም: ብስለላ ኣታሊሉ ብገንዘብ ዓሰቦም:: ኮሎንያል ጣልያን መደቡን ዓላማኡን: ንምልእቲ ኢትዮጵያ ንኽቈጻጸር ስለዝነበረ: ብዘይካ ኤርትራውያን ካልእ ብትብዓት ክምክቶ ዝኽእል ሓይሊ ከምዘይነበረ ግን ኣጸርዩ ይፈልጥ ነበረ። ካብኡ በቲ ኣብ ዶጓሊ ዝወረዶ ስዕረት ተመኺሩ ድማ: እንደገና ሓይሉ ኣደልዲሉ ንኢትዮጵያ ክወርር ክሳብ ዓድዋ በጽሔ። ይኹን'ምበር ኣብ ዓድዋ'ውን ብሳላ ጀጋኑ ኤርትራውያን: ሰራዊት ኮሎንያል ጣልያን ተሳዕረ። ውግእ ዓድዋ ከኣ ብዓወት ኢትዮጵያውያን ከም ተደምደመ ተኣወጀ። ኣብ ውግእ ዓድዋ ብዙሓት ጀጋኑ ኤርትራውያን ምስ ሰራዊት ኢትዮጵያ ተሰሊፎም ከምዝዓወቱዎም ግን ታሪኽ ዝምስክሮ ሓቂ'ዩ። ብዙሓት ኤርትራውያን'ውን: ከካብ ቀሸቶምን ዓዶምን ተገዲዶም: ምስ ሰራዊት ኢጣልያ ኣንጻር ኢትዮጵያውያን ኣሕዋቶም ከምዝተሰለፉ ዘይክሓድ ሓቂ'ዩ። እቲ ብመሳፍንቲ ትግራዎት ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዝተፈጸመ ኣዝዩ ዘፈንፍን ገበን ግን: ንምሩኻት ሰራዊት ጣልያን ብዘይ ጸገም ነስመራ ከፋንዉዎም ከለው: ነቶም ምስ ሰራዊት ጣልያን ኮይኖም ኣንጻር ሰራዊት እትዮጵያ ተገዲዶም ዝተሰለፉ ምሩኻት ኤርትራውያን ግን: ራእሲ መንገሻ ኣብ ንጉስ መነሊክ 2ይ ቀሪቡ: "እዞም ኤርትራውያን ምስ ሰራዊት ጣልያን ተሰሊፎም ስለዝተዋግኡና: ሓደ እግሮምን ሓደ ኢዶምን ክቑረጹ ኣለዎም ኢልኩም ፍረዱዎም": ኢሉ ጥርዓን ኣቕረበ።ንጉስ መነሊክ 2ይ ግን "ከምቶም ኢጣልያውያን ምሩኻት ንዓዶም ይሰጐጉ'ምበር ኣይገፍዑ" በሎ። ራእሲ መንገሻ ግን "ኣዚ ፍርዲ'ዚ ኣንተዘይፈሪድኩም: ህዝቢ ትግራይ እሺ-ኢሉ ኣይክግዛእልኩምን'ዩ": ኢሉ ጥርዓኑ ቀጸለ። ድሕር'ዚ ንጉስ መነሊክ መንገሻ ንኽሓጉስ ኢሉ: "ዝበልካዮ ይኹን" ኢሉ ንኽቍረጹ ፈረዶም። ካብኡ ንድሓር ካብቶም 1000 ዝኾኑ ምሩኻት ኣባሓጎታትና: 400 ዝቑጽሮም ሓደ እግሮምን: ሓደ ኢዶምን ብትግራዎት ተቘርጹ። ከም'ዚ ግፍዒ'ዚ ኣናተፈጸመ ራእሲ ወልደንሚካኤል: ነቲ ዝተቘርጸ ኣእጋርን ኣእዳውን ኤርትራውያን ኩምራ ኾይኑ ምስረኣ'ዩ: ኣዝዮም ሓዚኑሞ: "በጃኻትትኩም ነዚ ጭካኔ ተግባር'ዚ ጠጠው ኣብሉዎ ኢሎም" ምስ ጠርዑ: እቲ ምቕራጽ ጠጠው ኣበሉዎ። እዚ ጠባይ'ዚ ድማ ቅንእን ፍርሕን ዘምጽኦ'ዩ። ቅንእን ፍርሕን ከኣ ስነ-ኣእምራዊ ሕማም'ዮም። ምሉእ ናይ ኣእምሮ ጥዕና ዘለዎ ሰብ ግን: ከምዚ ራእሲ መንገሻን መነሊክን ዝፈጸምዎ ኣስካሕካሒ ተግባር ኣይፍጽምን'ዩ።

ኣስተውዕል: ብሓቂ መሳፍንቲ ትግራይ ፍቕሪ ሃገር እንተዝህሉዎም ነይሩ: ስለምንታይ ነቶም ዓሳኽር ኢጣልያውያን ምስቶም ኤርትራውያን ዘይቈረጹዎም። ሎሚ'ውን ገና ብኢትዮጵያ ኣቢሉ ድሕነት ዝርከብ ዝመስሎም ብዙሓት ደቀ-ኣርብዓን ኤርትራውያንን ኣለው። ንጥቕመይ ጥቕምኻ: ሓግዘኒ ክሕግዘካ ኣብ ዝብል ዲፕሎኣምስያዊ መንፈስ ዝተመርኮሰ ኣገባብ ኣንተድኣ ኮይኑ: ምስ ኢትዮጵያውያንን ትግራዎትን ቅኑዕ ዝምድና ምግባር ነውሪ ኣይኮነን: ከምዚ ኣብዚ ዘሎናዮ እዋን ዝርኤ ዘሎ ግን: መሳርፍ እንዳተሰረፍካ ንኽይትቃለስ እናተቓለስካ: ብኣፍካ ግን ህዝቢ ኤርትራ ድኣ ሓሚቑምበር ተጋሩስ ይሕግዙና ኣለው ምባል ምጽዳቕ ጥራይ እዩ። ኣይግድን እስከ ታሪኽ ደጊምና ነጽናዓዮ'ሞ: ነዚ ብዝተራቐቐ ስለላዊን ስነኣእምራውን ተዓብሊሉ ዘሎ እዋን: ብዑምቀት እናጽናዕና: ምስቲ ዝሓለፈ ታሪኽ ኣወዳዲርና: ንሓዋሩ ኣንታይ ይሕሰበልና ከምዘሎ ክንፈልጥ ንበገስ። "ኣምነት ጽቡቕዩ: ምቍጽጻር ግን ዝበለጸዩ": ከምዝብሃል ግርህነት ይኣኽለና ነቦሓጎታትና እኳ ኣይጠቐመን።

## መሳፍንቲ ትግራያ: ኩሉ ግዜ ብዘይ ሓገዝ ጀጋኑ ኤርትራውያን ኣይሰልጠምን ነበረ።

ኩሉ ግዜ ብዘይ ሓገዝ ጀጋኑ ኤርትራውያን ዘይሰልጠም መሳፍንቲ ትግራያ: ኣብቲ ኣንጻር ግብጻዋይን ዝተገብረ ኲናት-ጕንደት'ውን እንተኾነ: እቲ ብራእሲ ወልደንሚካኤል ዝምራሕ ዝነበረ ኤርትራዊ ሓይሊዩ: ንወራር ግብጻውያን ሓዞ-ሓዞ እናበለ ኣርከብኪቡ ዝስዓሮም። ብሕፍረት ድማ ንዓዶም ኣህደሞም። ኲናት ዶጕዓሊ እንተኾነ'ውን: ነቲ ብጀነራል ካርሎ ጄኒ ዝምራሕ ዝነበረ ሰራዊት ኮሎንያል ጣልያን: ብሳላ ጀጋኑ ኤርትራውያን እዩ ተደምሲሱ። ሓያሎ ድረስትን ጽሓፍቲ ታሪኽ ዝብሃሉ ግን: ብተደጋጋሚ: ጅግና ኣሉላ ኣባ-ነጋ ኣናበሉ ክትንትኑ ይስምዑ። ንኣብነት: ብዛዕባ ጅግንነት ራእሲ ኣሉላ ብተደጋጋሚ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ደቂ ኣሉላ ብፍላይ ብዶ/ር ገላውደዎስ ኣርኣያ ዝተደርሰ ጽሑፋት: ደጋጊምና ኣንቢብና። ከምኡ'ውን በቲ



ይቕጽል

ይሁዳዊ ተመራማሪ ታሪኽ ማእከላይ ምምራቕን ቀርኒ ኣፍሪቃን: ፕሮፌሶር. ሃጋይ ኤርሊክ (*Haggai Erlich, Ethiopia and Eritrea, Ras Alula, 1875 – 1897*) ንጅግንነት ኣሉላ ዘድንቕ መጽሓፍ ኣንቢብናዮ። እዚኦም ግን መሰሎም'ዩ በቲ ናቶም መነጽር ርእዮም ክጽሕፉ። "ዝረባ ክልተ ከይሰማዕካ ኣይትፍረድ" ከምዝብሃል: ሓቀኛ ታሪኽ ክጽሓፍ ከሎን: ብሓደ ሸነኹ ጥራይ ዘይኮነ: ብኽልተ ሸነኹ ርኢኻ: ክቐርብ ከሎ'ዩ ሓቅነቱ ዝረጋገጽ። ሎሚ'ኳ ዝኾነ ገንዘብ ዓቕምን ዘለዎ ውልቀ-ሰብ ወይ ናይ ንግዲ ማሕበር: ነቲ ክበጽሖ ዝደሊ ሸቶ ንምዕዋት ብስም ምጥፉእን(*defamation*):ዝንባሌ ወዲ-ሰብ መዝሚዝካ ምትላልን (*Manipulation*): ዝብሃላ ክልተ ናይ ምድንጋር ፍልስፍና: ድፋዕ ገይሩ ዝዕንድረሉ ዘሎ እዋን ኮይኑ ስለዘሎ: ብዙሕ ምትንታን ኣየድልዩ። እቲ ሓቂ ግን ከምቲ ንሳቶም ዝብሉዎ ከቶ ኣይኮነን ንብል። ከም ኤርትራውያን መጠን ግን: ነቲ ከምዝመሰሎም ፍጥር ኣቢሎም: ንሸፍትነት ከም ጅግንነት ገይሮም ደጋጊሞም ከቕርቡ ክርንኢ ከሎና ግን: "በትሪ ሓቂ ትቐጥን ኣምበር ኣይትስበርን" ከምዝብሃል: ካብ ብዙሓት መጻሕፍቲ ታሪኽን: ኣፈ-ታሪኽን ኣኻኺብና: ዘይዘንብዔን ማኑፕሌት ዘይኮነን: ምርትዖ ዘለዎ ታሪኽ: ብቋንቋ ባዕዲ ዘይኮነ ብቋንቋና ንኽንዝርግሕ ተገዲድና። ኣብ ኵናት ዘይውዓለ ሃጥር ከምዝብሃል: ኵናት ዶጓሊ ኣሉላ ጥራይ ዝምስገነሉ ዓውደ-ውግእ ዘይኮነስ: እቶም ጀጋኑ ኤርትራውያን ንመሬቶም ክብሉ ብብዝሒ ዝተሰውኡ ብዝያዳ ክዝከሩ ይግብኦም ንብል። ኵናት ዶጓሊ እምብኣር: ብሳላ ጀጋኑ ኤርትራውያን እዩ ብዓወት ተደምዲሙ። ኣዚዩ እቲ ሓቂ። ኣሉላ ንኤርትራ ክዘምት ኢሉ ኣንተዘይወርር ድማ: ባዕሎም ኤርትራውያን ንኮሎንያል ጥላይን ምኻኣሉዎ ነይሮም ከኣ ንብል። ብሰንኪ ኣሉላን የውሃንስ ጀጋኑ ኤርትራውያን ፋሕ ብትን እንተዘይብሉ ነይሮምን: ብሕልፊ ራእሲ ወልደሚካኤል በቲ ጠላም ኣሉላ ተታሊሉ ኣንተዘይማራኽ ነይሩን: ጣልያን ካብ ዶጓሊ'ውን ኣይምሓለፉን ነይሩ። ጀጋኑ ኤርትራውያን ጥራይ ምኽኣሉዎም ነይሮም። ከምቲ ሰራዊት ግብጺ ዝሃደሞ ድማ: ሃዲሞም ንዓዲ-ጣልያን ምተመልሱ ነይሮም። ብሰንኪቶም ፍቕሪ ሃገር ዘይብሎም: ዮውሃንስ 4ይን ሽቃ ኣሉላን ግን: ጣልያን ብመጽናዕትን ብስልትን: ብሓፈሻ ሓበሬታ ካብ ስለላ መርበብ እንግሊዝ ኣኻኺቡ: ብፍላይ ድማ በታ ኮሎንያል እንግሊዝዝን መስፍን የውሃንስ 4ይን: ዝገበሩዋ ምስጢራዊት ውዕልን ተሓጊዙ: ብራእሲ በራኺ ትግራዋይ ተመሪሑ ካብ ዶጓሊ ንኣስመራ: ካብ ኣስመራ ድማ ንዓድዋ ክበጽሕ ዕድል ረኺቡ። እዚዩ እምብኣር እቲ ሓቂ።

እዚኸሉ ተረሲዑ ግን ጨካን ሸፍታ መንገሻ: ወዲ ግፍዔኛ የውሃንስ: ንባዕዳውያን ኢጣልያውያን ብሰላም ነስመራ ንኽምለሱ ኣፉንዩዎም። ንኣባሓጎታትና ግን ንንጉስ ለሚኑ: ሓደ እግሮምንን ሓደ ኢዶምን ከምዝቖረጹ ገይሩ። ሸፍታ መንገሻ ክሳብ ክንደይ ባርባራዊ ከምዝነበረ በቲ ዝፈጸሞ ገበን ይበርሃልካ። ነቶም ሓደ ኢዶምን ሓደ እግሮምን ብግፍዒ ዝተቘርጹ ኤርትራውያን: ብዘይ ሕክምና ምስ ቍስሎም ኣናሓንከሱ ንኤርትራ ሰጕጕዎም'ዩ። ሎሚ ከም ኤርትራዊ መጠን ክትሰምዖ ከሎኻ: ንእዝንኻ ዝሕምም ኮይኑ: ብቓላት ክትገልጾ ዘይትኽእል ኣረሜናዊ ጭካኔ'ዩ። ንመሳፍንቲ ትግራይ ግን እዚ እቲ ኩሉ ካብ ጥንቲ ጀሚሮም: ኣብ ልዕሊ ኣቦሓጐታትና ዝፈጽምዎ ዝነበሩ ኣረሜናዊ ግፍዕን: እዚ ኣብ ልዕሊ ኣባሓጎታትና ዝፈጸምዎ: ባርባራዊ ተግባርን: ከም ጅግንነት'ዮም ዝቘጽሩዎ ከም ኣብነት ክጥቀስ ዝከኣል: ካብ 1730 ክሳብ 1889 መሳፍንቲ ትግራይ: ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኩናማን ህዝቢ ሳሆን: ህዝቢ ሰኒሕትን ባርካን ሳሕልን: ክርሳዕ ዘይግብኦ ባርባራዊን ጃምላዊን ግፍዕታት ፈጺሞም'ዮም። ስለዚ ኣብ ትግራይ ቅትለትን ሸፍትነትን ምዝማትን: ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ከም ልሙድ'ዩ ዝውሰድ ጸኒሑ። ነዚኸ ብዓል ዶ/ር ገላውደዎስ ኣርኣያ ብኸመይ የቕርቡዎ ይኾኑ?

> **ኣስተውዕል**:መብዛሕታኦም እቶም ብትእዛዝ ግፍዔኛ ሸፍታ መንገሻ ወዲ ዮውሃንስ: ሓደ ኢዶምን ሓደ እግሮምን ዝተቖርጹ ኤርትራውያን ኣባሓጐታትና ግን: <u>"ህዝብናዶ ቀደም ብጽቡቓትና ርእዩና: ሎሚ ቈራጻት ኮይንና ክንዕቀና: ካብ'ዚስ ሞት ይሕሸና"</u> ኢሎም: ኣብ ቀላይ ጥሒሎም ሂወቶም ቀቢጸማ'ዮም። መኻር ክፉእ ራእሲ መንገሻ ወዲ የውሃንስ ግን: እታ እከይ ግብሩ ረኺባቶ ኣይጸንሔን: ብሃጸይ ንጉስ መነሊክ 2ይ ድኣ: ኣብ ሸዋ ኣብ ኣንኮበር ዝተባህለ ቦታ ተኣስረ። ሽዑ'ዩ "መንገሻ ወዲ የውሃንስ: ኣብ ኣንኮበርዶ ምእሳር ይሓይሽ" ተባሂሉ ዝተደርፈሉ።

## መወዳእታ መሳፍንቲ ትግራይ

መሳፍንቲ ትግራይ ክርህዎም ከሎ ንኤርትራ ሸፋቱ ኮይኖም ይወሩን ይዘምቱን: ክሽፍኦም ከሎ

ድማ: ማለት ብፍላይ ጸላኢ ክወሮም ከሎን ግን: ንጀጋኑ ኤርትራውያን መሳርሒ ምግባር ቀንዲ ኣመሎም'ዩ ነይሩ። ኣብ መወዳእታ ግን "ኢድ ጸናሒት ሸናሒት" ከምዝብሃል: እታ ግብሮም ስለ ትረኽቦም ብኽፉእ ይጠፍኡ። ደግያት እስባጋድሽ ብሸፍታ ውብየ ተቐትለ። እቲ ዕሉል ሽፍታ ውቤ ድማ: እቲ ኩሉ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዝፍጽሞ ዝነበረ ግፍዕታት: ተመሊሱ ኣብ ነብሱ በጺሑዎ: ብሃጸይ ቴድሮስ ተማሪኹን ተቐንጺሉን ዓረበ። ግፍዔኛ ንጉስ ትግራይ የውሃንስ 4ይ ድማ: ኣብ መተማ ብደርቡሽ ክሳዱ ተቖሪጹ ሞተ። ባርባራዊ መንገሻ ወዲ የውሃንስ ድማ: ኣብ ኣንኮበር ብኢድ ንጉስ መነሊክ 2ይ ተኣስረ። ሽቃ ኣሉላ'ውን ምስቲ ራእሲ ሓጎስ ዝተባህለ ቴምሜናይ ተዋጊኡ ቈሰለሞ: ብ1897 ድማ ዓረፈ። ከም'ዚላ ከኣ ንግስነት ትግራይ: ብግፍዒ ጀሚራ ከይቀነየት ደቂ ሽዋ መንዚዖም ወሰድዋ።

<u>ኣስተውዕል</u>: ኤርትራ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኮለንያል ጣልያን ክትወድቕ ብሰንኪ መሳፍንቲ ትግራይ እያ። ከም መረጋገጺ-ምስክርነት ክጥቀስ ዝከኣል ድማ: እቲ ካብ 1901 ክሳብ 1907 ስቪል ገዛኢ ኤርትራ ዝነበረ ፌርዲናንዶ ማርቲኒ: ቃልብቓሉ ከምዚ'ሉ ዝመስከሮ'ዩ:- *ሚካኤ ሓሰማ ራካ-ዛንታ ኤርትራ ገጽ 150*
"ድሕሪ ውድቀት ኣኽሱም ክሳብ ንሕና ንኤርትራ ንሕዛ ኣእሚኑ ዘገበራ ሓይሊ ኣይነበረን። ኣብ ዳሕረዋይ ዘመናት ግን ብወራር መሳፍንቲ ኢትዮጵያ (ብሕልፊ መሳፍንቲ ትግራዎት) ስለዝደኸመት: ብቐሊል ክንሕዛ ክኣልና። ህዝቢ ኤርትራ ምስቲ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝነበሮ ጽልኢ መኸንያት: ብሰላም ክቕበለና ተገደደ። ስለዚ ኢትዮጵያ ብዝገበረትልና ሓገዝ ንንእዳ"። ፌርዲናንዶ ማርቲኒ:

ጣልያን ንኤርትራ ተቛጻጺሩ ክገዝኣ ከሎ: ሓደ ኣጸቢቑ ኣጽኒዑ ዘረጋገጸ ምስጢር ነይሩ። ንሱ ድማ ጀጋኑ ኤርትራውያን ነቲ ብጣልያን ዘወርዶም ዝነበረ መሪሪ ዓሌታዊ ጭቈና ተቓዊሞም: ሓደ መዓልቲ ተጠርኒፎም ከምዝምክትዋኦ ይርዳእ ነይሩ። እቶም ጀጋኑ ኤርትራውያን ከጥቅዑዎ ዝኽእሉ ድማ: ኣብ ጐረቤት ሃገራት ትግራይን ኢትዮጵያን ሰፊሮም ጥራይ ከምዝኾነ ኣጸቢቑ ኣጽንዑ። ካብ'ዚ ተበጊሶም ሰበ-ስልጣናት ኮሎንያል ጣልያን: ነቶም እምቢ ኣይንግዛእን ኢሎም: ኣብ ጐረቤት ሃገር ትግራይን ኢትዮጵያን ተዓቝቦም ንኮሎንያል ጣልያን ንኽምክቱ መረብ ዝሰገሩ ኤርትራውያን: መሳፍንቲ ትግራይ ይኹን መሳፍንቲ ኢትዮጵያ ሓሓኒቖም ንሰበ-ስልጣን ከረክቡዎም ብምስጢር ውዕል ኣተውሎም። ንሱ ድማ ንሓደ ዝልዓለ ስልጣን ዘለዎ ኢትዮጵያዊ ወይ ትግራዋይ መሳርፍን ብስውር ካብ 28 ማርያ ተሬዛ ንላዕሊ ደሞዝ: ይኸፍሎም ነበረ።

ካብቶም ብስለላ መርበብ ኢጣልያ ዝስረፉ ዝነበሩ ሰበስልጣናት ኢትዮጵያ'ውያን ሓደ: ንባዕሉ ንጉስ መነሊክ ነበረ። መነሊክ ካብቶም መሳፍንቲ ትግራይን ኢትዮጵያን: ዝያዳ ደሞዝን (ባጢራ ማርያ ተሬዛን): ክቡር ህያባትን ይስረፍ ነይሩ። ካልኦት መሳፍንቲ ኣምሓራ ከም ብዓል ራስ እምሩን ብጾቱን: ዝእመሰሉን: ሓያሎ መሳፍንት ትግራይን ነፍሲ-ወከፎም 28 ማርያ ተሬዛ ምሃያ ብመንግስቲ ኮሎንያል ጣልያን ይስረፉ ከምዝነበሩ ይፍለጥ። ዋጋ ሓደ ማርያ ተሬዛ ኣብቲ እዋን'ቲ ሓደ ብዕራይ ወይ ሓንቲ ላም ዝግዝኣሉ ዝነበረ ክቡር ገንዘብ ነበረ። ብፍላይ መሳፍንቲ ትግራይ: ብሓፈሻ ድማ መሳፍንቲ ኢትዮጵያ ብኮሎንያል ጣልያን ተዓሲቦም መሳርፍ ይወስዱ ስለዝነበሩ: ብዘይ ንሕስያ ነቶም "እምቢ ብኮሎንያል ጣልያን ኣይንግዛእን: ንህዝብና ኣብ ጐረባብትናን ኣሕዋትናን ዝኾኑ ትግራዎትን ኣምሓራን ዓሪድና: ካብ ንኮሎንያል ጣልያን ነጻ ከነውጽኦ ኢና": ኢሎም መረብ ዝሰገሩ ጀጋኑ ኤርትራውያን ሃሃዲኖም: ኣብ ሰበ-ስልጣን ኮሎንያል ጣልያን ኣሕሊፎም ይህቡዎም ከምዝነበሩ: መጻሕፍቲ ታሪኽ ዝምስክሮ ሓቒ'ዩ።

መሳፍንቲ ትግራይን እትዮጵያን ዝፈጸሙዎ ፍጻሜታት ሪኢናዮ። ኣብ መበል 18ን 19ን ክፍለዘመን ስለላ ኣብ መሳፍንቲ ትግራይን እትዮጵያን ከመይ'ሉ ከምዝኣተወን: ከመይ ከምዝነበረን ከኣ ተገንዚብና። ብሰንኪ ስለላ-መርበብ እንግሊዝን ጣልያንን ድማ: ኣብቲ እዋንቲ ኮሎንያል ጣልያን ንኢትዮጵያ ክወሩ ከምዝበቕዑ ተገንዚብና። <u>ኣብ'ዚ ዘሎናዮ መበል 21 ክፍለዘመን ድማ: ዓለም ብፖለቲካ ዘይኮነስ ብኣዝዩ ዝረቐቐ ስለላ ተቐይዳ ትጐዓዝ ከምዘላ ንከታተሎ ኣሎና።</u> ኤርትራን ኢትዮጵያንከ ሎሚ ካብ'ዚ ረቂቕ ስለላ-መርበብ ነጻ ድየን? መራሕቲ ወያኔ በቲ ዝሓለፈ ግፍዓዊ ፍጻሜታት ኣባሓጐታቶም ተማሂሮም: ዝሓለፈ ቅርሕንትን ጽልእን ደምሲሶም: ኣብ መንጎ ህዝብታት ኢትዮጵያን ኤርትራን: ፍቕርን ሰላምን ኣንጊሶም ክሓልፉ ድዮም ዝደልዩ ዘለው? ወይስ ታሪኽ ክደግሙዮም? ወይድማ ነቲ ካብ ወሎን በጌምድርን ዝመንጠልዎን ካብ ኤርትራ ክግብትዎ ዝሓልሙ ዘሎው መሬትን ለቓቒቦም: ካብ ዓባይ ኢትዮጵያ ተፈንጪሎም: "ዓባይ

ትግራይ“ ክገዝኡ’ዮም ዝሓልሙ ዘለው?: ወይስ ከምታ ነቶም ዝሓለፉ ኣባሓጐታቶም ዝበጽሓቶም ዕጫ በጺሓቶም: ንኢትዮጵያ ነምሓሩ ከረክቡዖ’ዮም? ኣብ ኤርትራ ዘሎ መንግስትን ሰራዊትንከ: በቲ ቅድሚ 100 ዓመት ዝነበረ: ማለት ኩለን ኣውራጃታት ኤርትራ ስኣን ሓደ ሓባራዊ ወተሃደር ዝህልወን: ጸላእቲ ከምኒ መሳፍንቲ ትግራይ ዘጥቕዕወን ዝነበሩ: ንሱ ትምህርቲ ኮይኑዎም ብሓቀኛ ውህደት ሓቢሮም ድዮም: ንብሕጂ ዝመጽም ባዕዳዊ ጸላኢ ክምክቱ? ወይስ ንሶም’ውን ግዳይ ናይ ስለላ-መርበብ ኮይኖም ክሓልፉ’ዮም? ነዚ ግን “መዓልትን ከልብን ከይጸዋዕካዮም ይመጹ“ ከምዝብሃል: እንተድኣ ኣምላኽ ዕድመ ሂቡናስ: ንኹሉ ከነርክበሉ ኢና።

# 5ይ ክፋል

**ኮሎንያል ጣልያን ንኢትዮጵያ ምስ ተቛጻጸረ’ውን: እቶም ዘርዕድዎ ዝነበሩ: ጀጋኑ ኤርትራውያን’ዮም ነይሮም። መሳፍንቲ ኢትዮጵያ ግን ብኣንጻሩ: ኣብ ክንዲ ብትብዓት ምስ ኤርትራውያን ተኣማሚኖም ንሃገሮም ዝከላኸሉ: ካብ ሰብ-ስልጣን ኮሎንያል ጣልያን ብስዉር ምሃያ ኣናወሰዱ: ንጀጋኑ ኤርትራውያን ንሰበ-ስልጣን ኮሎንያል ጣልያን ኣሕሊፎም ይህቡዎም ነበሩ።**

## ውራር ኮሎንያል ጣልያን ኣብ ኢትዮጵያ

ብጀነራል ሮዶልፎ ግራስያኒ (*General Rodolfo Graziani*) ዝምራሕ ሰራዊት: ኮሎንያል ጣልያን ንኢትዮጵያ ምስተቖጻጸራ: ብ19 የካቲት 1937 ዓ.ም ኣብ ማእከል ከተማ ኣዲስ ኣበባ: ብሸውዓተ ጀጋኑ ቅትለት ኣብ ልዕሊ ጀነራል ሮዶልፎ ግራስያኒ ተፈተነ። ካብቶም ሸውዓተ ተቓወምቲ እቶም 2 ቀንዲ ጀጋኑ ንጀነራል ሮዶልፎ ግራስያኒ ኣብ ማእከል ከተማ ኣዲስ ኣበባ: ሰራዊትን ህዝብን ኣኪቡ ክምድር ከሎ: ቦምባ-ኢድ ደርብዮም ዘቕሰሉዎ: ጅግና ኣብርሃ ደቦጭን መንግስ ኣስገዶምን ዝተባህሉ ኤርትራውያን ነበሩ።ኣብቲ ንጀነራል ሮዶልፎ ግራስያኒ ዝተገበረ ናይ ቅትለት ፈተነ: 50 ኢጣልያውያን ሽዑ ንሽዑ ሞቱ። ሰራዊት ጀነራል ሮዶልፎ ግራስያኒ ድማ ሕኔ ንኽፈዲ ካብ ሓደ ሽሕ ዘይውሕዱ ሰላማውያን ሓፋሽ እትዮጵያውያን ቀንጸለ። እቶም ክልተ ጀጋኑ ኤርትራውያን ኣብርሃ ደቦጭን መንግስ ኣስገዶምን ግን: ጥይት ከይተንከፎም ብትብዓት ነብሶም ኣውጺኦም: ምስ ኢትዮጵያውያን ተቓወምቲ ተጸንቢሮም ንኽጋደሉ ንበረኻ ወፈሩ።ኣብኡ ግን ሰለይቲ ኢትዮጵያውያን ኣሲሮም ናብ ኣብ ኢድ ግራስያኒ ኣረከቡዎም። ጀነራል ሮዶልፎ ግራስያኒ ግን ሓነቐም። ኣብቲ በኒቶ መሶሊኒ ንኢትዮጵያ ዝተቘጻጸረሉ እዋን: መመረቕታ ናይ ዓወት ብዓል ኣብ ሮማ ኣዳልዩ: ንዓበይት ዓዲ ደቂ ሶማልን ደቂ ኢትዮጵያን ኣኪቡ: ንባንዴራ ኢትዮጵያ ብንስሪ (ሊላ) እናትኮቡ ከካፍኡዋን ክረግጹዋን ምስ ርኣየ: ጅግና ዘርኣይ ደረስ ብዓል ሃዘጋ ሕልናኡ ስለዘይገብረሉ: ብጕራደ ንብዙሓት መኳንንቲ ጣልያን ዓጸዶም። ካብኡ ድማ ኣሳቒዮም ቀተልዎ።

| ሽዑ’ዩ ዘርኣይ ክንዲንበሳ ዝተባህለሉ። |
|---|
| *ሞኸሲ ወዲ ድግሳ* |
| *መጹኻ ጓሳ ወዲ ጓሳ* |
| *ምንቀኑስ ወዓልካዮም ከም ዳጕሳ* |

ብድሕሪኡ ግን ሓዎም ንዘርኣይ ደረስ: ግራዝማች ተስፋጽዮን ደረስ ቤተሰቡ ኣስከሬን ወድና ጅግና ዘርኣይ ደረስ: ካብ ሃገር ጣልያን ከንምጽእ ሓግዙና እንተበሉዎ: ሃይለስላሴ ጸማም እዝኒ ሃቦም። ግራዝማች ተስፋጽዮን ግን: ባዕሎም ገንዘቦም ከፊሎም ንኣስከሬን ጅግና ሓዎም: ነስመራ ኣምጽእዎሞ ኣብ ሃዘጋ ዓደ-ብኡ ብወዒ ዳግመ ስነስርዓት ቀብሪ ገበሩሉ። ካብ ጥንቲ ጀሚሮም ብዙሓት ጀጋኑ ኤርትራውያን: ካብ ኢትዮጵያውያን ንላዕሊ: መዘና ዘይብሉ ጅግንነት እናፈጸሙ: ኣንጻር ወረርቲ ደሞም ኣፍሲሶም’ዮም። ጀጋኑ ኤርትራውያን: ንኢትዮጵያ ከድሕኑዋን ክስውኡላን ከለው: መሳፍንቲ ትግራይ ይኹኑ መሳፍንቲ ኢትዮጵያውያን ግን: ብፍላይ ተጋሩ ምስ ጣልያን ኮይኖም ንኤርትራውያን

ይወግኡዎም ከምዝነበሩ: ኣብ ብዙሓት መጻሕፍትን: ካብቶም ገና ብህይወቶም ዘለው ዓበይቲ ዓድን: ሊቃውንትን ደረስቲ ታሪኽን: ካህናትን ዝምስክሩዎ ዘይሕከኽ ታሪኽ እዩ። ንኮሎንያል ጣልያን ብስዉር የገልግሉ ስለዝነበሩ ግን: ብሰበ-ስልጣን ኮሎንያል ጣልያን: ዓስቢ ይረኽቡ ነይሮም'ዮም። ንመረዳእታ ነቲ ዕሉል ሽፍታ: ፊተውራሪ ተኾሉ ዝተባህለ ወዲ ዓድዋ: ምስ ጣልያን ተሰማሚዑ ንኤርትራውያን ጀጋኑ ኣናሃደነ ንሰብ-ስልጣን ኮሎንያል ጣልያን ዘረክቦም ዝነበረ: ሰበ-ስልጣን ኮሎንያል ጣልያን ኣብ ኣስመራ ዕዳጋ ሓሙስ ገዛ ተኻርየምሉ ብምቕት ይነብር ከምዝነበረ ይፍለጥ. *(ኤርትራውነት ውጻኢት ውራራትን መኽተን ብመም. ስምዖን ኣማኗኤል በርናባስ ኣብ ገጽ 145)* ሓርበኛታት ኤርትራውያን ምስ ብዙሓት ኢትዮጵያውያን: ኣብ ውሽጢ ሃገሮም ኣብ ጎቦታት ኢትዮጵያ ኮይኖም ጸረ ኮሎንያል ጣልያን ክቃለሱ ከለው: ሃይለስላሴ ግን ንስደት ኣምሪሑ። ንህይወቱ ብምነት ከድሕኑዎ ዝኽእሉ ኤርትራውያን ከምዝኾኑ ስለዝኣምን ግን: ብክቡር ብላንታን ጌታን ሎረንሶ ታእዛዝ ኤርትራዊ ተሰኒዩ: መሊቑ ንሃገር ዓባይ ብሪጣንያ ተሰደ።

| |
|---|
| ሽዕ'ዩ ከምዚ ዝተባህለ:<br>ንጉስ ሽዋ ዝሓሳዊ<br>ሃዲሙ ከደ ንሃገር መሊሱላ ሓዊ። |

(ኣብዚ'ውን ሃይለስላሴ ብላንታን ጌታን ሎረንሶ ታእዛዝ ኤርትራዊ ዜጋ: እንተ ዘይትሓባበሮ ነይሩ ካብ ኢትዮጵያ ክወጽእ ኣይምኽኣለን። ብላንታን ጌታን ሎረንሶ ካብቶም ቀዳሞት ሙሁራት ኤርትራውያን: ንኮሎንያል ጣልያን ተቓዊሞም ካብ ኤርትራ ንኢትዮጵያ ዝተሰዱ ሊቅ'ዮም።ምስ ብዓል ለፖልድ ሰዳር ሴንጎር (*Léopold Sédar Senghor*) ሊቅ ወዲ ሰነጋል ኣብ ፓሪስ ብሊቅነት ዝተመረቑ እዮም። ሎረንሶ ታእዛዝ ነቲ ፓን ኣፍሪቃኒዝም ዝብል ኣብ ስሳታት ጀሚሩ ዝነበረ: ኣፍሪቃ ንኣፍሪቃውያን ዝብል ምንቅስቓስ ዝሓንጸጹን ዝፈጠሩን ምሁር ኤርትራዊ ዝነበሩ'ዮም። ጸኒሑ ግን ቀናእ ሃይለስላሴ ብነብሱ ስለ ዘይትኣመመንን: ብኤርትራውያን ጀጋኑን ምሁራትን ድማ ስለዝርዕድን ዝቐንእን: ካብ ቀዳማይ ሚንስተር ስልጣኖም ረፊቱ: እታ ስልጣኑ ንኣክሊሉ ሃብተወልድ ሂቡ: ንክቡር ሎሬንሶ ታዛዝ ግን ብስሚ ከምዝሞቱ ገይሩዎም።

| |
|---|
| እቲ ካብ ኩሉ ዝገርም ግን: ኤርትራውያን ጀጋኑ ንኤርትራን ኢትዮጵያን ክከላኸሉ ደሞም ክፍስሱ ከለው: ስሱዓት መሳፍንቲ እትዮጵያ ግን: ሃገር ንምሻጥን ንጀጋኑ ኤርትራውያን ሃሃዲኖም: ንኮለንያል ጣልያን ኣሕሊፎም ንኽህቡን: ካብ ሰበስልጣን ኮሎንያል ጣልያን ዓስቢ መሳርፍ ይወስዱ ነይሮም። ኣስማት እቶም ተዓሲቦም ዝወስዱ ዝነበሩ እዞም ዝስዕቡ ራእስታት'ዮም። |
| *The table below shows who received salaries from the Italian Colonial Government.* (See Alberto Sbacchi, "Ethiopia Under Mussolini," page 137) similar tables of payments to all kind of Ethiopian Nobles can also be found in the same book, pages 153 and 154. |

| ስም | ወርሓዊ ድሞዝ ብሊረ |
|---|---|
| ራእሲ እምሩ *Ras Imru* | 1,000 |
| ራእሲ ሃይሉ *Ras Hailu* | 40,874 |
| ራእሲ ስዩም (ትግራዋይ) *Ras Seyum* | 22,900 |
| ራእሲ ጉግሳ *Ras Gugsa* | 25,000 |
| ራስ ገታቸው *Ras Getachow* | 7,000 |
| ደግያት ታየ *Dejach Taye* | 1,000 |
| ደግያት ኣየለው ብሩ *Dejach Ayalow Burru* | 16,000 |
| ሱልጣን ሞሓመድ ጃጃ *Sultan of Aussa Mohammed Jaja* | 15,000 |
| ስልጣን ዓብዱላ ኣባ ጅፋር *Sultan Abdullah Abba Jifar* | 8,000 |
| ሱልጣን ኣባ ጃቢር ዓብደላ | 8,000 |



ይቕጽል

| | |
|---|---|
| *Sultan Abba Jobir Abdullah* | |
| **ደግያት ሓሳና ጅዮት** *Dejach Hossanna Jiotte* | **15,000** |
| **ድግያት ዮሃነስ ጅዮት** *Dejach Yohannes Jiotte* | **15,000** |
| **ሸኽ ኣል ሆግወሊ** *Sheik El Hogwli* | **25,000** |

***ኣብዚ ዘሎናዮም መዋእልክ: መራሕቲ ኢትዮጵያ መሳርፍ ካብ ስለላ መርበባት ይረኽቡዶ ኣሎው? ሎሚ ምናልባት ብረቂች ስለላዊ ስልቲ ክፍለጥ እንተዘይተኻእለ: ጽባሕ ንግሆ ግን ክግለጽ'ዩ።***

## ስዕረት ኮሎንያል ጣልያን ብዓባይ ብሪጣንያን: ሽጣራ ሰበስልጣን ኣንግሊዝን።

**እቲ ሰራዊት ኮሎንያል ጣልያን: ብጀነራል ሮዶልፎ ግራስያኒ** *(General Rodolfo Graziani)* **ተመሪሑ ንኢትዮጵያ ዝተቘጻጸረ: ብወርሒ የካቲትን መጋቢትን** 1941 **ሰራዊት ዓባይ ብሪጣንያ ብከተማ ከረን (ኤሪትራ) ኣቢሉ: ነቲ ብኮሎንያል ጣልያን ዝግዛእ ዝነበረት እትዮጵያንን: ብሪቲሽ ሶማሊላንድን ተቖጻጸረ። እቲ ክርሳዕ ዘይብሉ ሓደ <u>ጀነራል ካኒንግሃም</u> ዝተባህለ** *(General Cunningham)* **እንግሊዛዊ ድሕሪ** 4 **ወርሒ ዝወሰደ ውግእ ኸረን ተወዲኡ: ንኸረን ድሕሪ ምቑጽጻሩ: ነስመራ ወይ ንኸበሳ ክምርሽ ከሎ: ኣዴታት ኤርትራውያን ኣብ መንገዲ ጸኒሔን: ዕ-ል-ል ዕ-ል-ል ኣንቋ ብድሓን ኣቶኻ! ኢለን ሓጎሰን ብስምዒት ክገልጻሉ ከለዋ: "ስቕበላ ኔጋሩ (ባራዩ): ኣነ ናዓኹም ኣይኮንኩን ዝገብሮ ዘሎኹ: ነዚ ጕዳይ'ዚ ኢሉ ኣስተናዒቖወን ቀጸለ።**
*"I didn't do it for you:! You Niger" (How the world betrayed a small countr(Eritrea) african Nation. By michela Wrong'.***እቲ <u>ብጀነራል ካኒንግሃም</u>** *(General Cunningham)* **ዝምራሕ ዝነበረ: ካብ** 5 **ሃገራት ዝተዋጽኤ ሰራዊት: ድሕሪ ከተማ ከረን ምትሓዙ: ንኢትዮጵያ ብዙሕ ጻዕርን መስዋእትን ከይከፈለ ብቀሊሉ'ዩ ተቖጻጺሩዋ።** *mainland British forces were busy fighting Hitler in North Africa and elsewhere in Europe, the liberation of the Italian colonies were left to the British colonial forces; South Africans, Australians, Nigerians and Indians. For example, the biggest battle between British forces and the Italians that took four months to complete was done at the town of Keren, Western Eritrea, and mainly by Indian Forces and the Gurkehas out of Nepal. After the fall of Keren, the Italian forces didn't put up much fighting in the rest of Eritrea and Ethiopia. In fact the British forces of General Cunningham that started from Kenya didn't see a hard fight thus General Cunningham entry to Addis Ababa can almost be called a walk over.*
**ስለዚ ሰራዊት ዓባይ ብሪጣንያ ንኤርትራ ንኢትዮጵያን ካብ ኮሎንያል ጣልያን ነጻ ከውጽእ ክመጽእ ከሎ: ንረብሓኡን ንስትራተጃኡን ድኣ'ምበር: ንህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ደንጊጹሎም ኣይኮነን። ብሓጺሩ ነቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ዓባይ ብሪጣንያ ሎርድ ሳሊስቡርይ ብ**1898 **ዓ.ም.ዝበሎ: ኣብ ግብሪ ንኸውዕል ጥራይ እዩ። ሎርድ ሳሊስቡርይ ይብል: "ንሃገራት ዓለም ኣብ ዝሞታን ዝህልዋን ገርካ ኣብ ክልተ ክኽፈላ'የን።እተን ሕማቓት እናሓመቓ ክኸዳ'የን: እተን ሓያልት ድማ ኣንዳሓየላ ክኸዳየን።እተን ህሉዋት ሃገራት ኸዑ: ደፋእ ኢለን ነቲ ዶባት ሕማቓት ሃገራት ክቈጻጸርኦ'የን"።**

| |
|---|
| *You may roughly the nations of the world as the living and dying. The weak states are becoming weaker and the strog states are becoming stronger…..The living Nations will gradually encourage on the territory of the dying.* <br> *-British Prim Minister Lord Salisbury 1898* |

**ካብኡ ቀጺሎም ሰበ-ስልጣን ዓባይ ብሪጣንያ: ነቲ ኩሉ ጣልያን ኣብ ኤሪትራ ሰሪቱዎ ዝነበረ ንብረት: ጓሕጒሖም ወሰዱ። ንፓኪስታንን ንሱዳንን ንኬንያን: ከምኡ'ውን ንሃገራት ኣዕራብ ሓረጅዎ።**

| |
|---|
| **ኸዑ እዩ ህዝቢ ኤርትራ ከምዚ'ሉ ዘማርር ዝነበረ:** <br> ***ኣያ እንግሊዝ ወይ'ዚ ነኻል ሰልዱ*** <br> ***ካብ ድኻን ሃብታምን ዝበልዕ ኣዋሊዱ*** |



**ይቕጽል**

### ጓሕጒሒና ከደ ንሎንድራ ዓዱ።

ቀጺሉ ድማ ምስ መንግስቲ ሃይለስላሴ ብስዉር ተሰማሚዑ: ትግሪኛ ዝዛረቡ ሸፋቱ ትግራዎት ንኤርትራ እንዳሰለኹ: ንህዝብና ትንፋሱ የምልቖ ነበረ። ኣብ መንጎ'ቲ ንመዋእል ተሳንዩ ዝነብር ዝነበረ ህዝቢ ኣስላምን ክርስትያንን ኤርትራ ድማ: ንኽፈላልዮ ብዙሕ ውዲታት ፈጸመ። እዚ ከኣ ህዝቢ ኤርትራ መታን ተሳንዩ ብሰላም ኣብ ሃገሩ: ጐይታ መሬቱን ባሕሩን ኮይኑ ንኸይነብር: ኮነ ኢሉ ብመደብ ዝፍጽሞ ዝነበረ ናይ ርሑቕ ሸቶ ዝነብሮ ውዲትን ተንኮልን'ዩ። ሃይለስላሴ ድማ ብእንግሊዛውያን ተሓጊዙ: ብግንቦት 1941 ኣብቲ ጀጋኑ ዝተቓለስሉ ሃገር ኢትዮጵያ: ንኣዲስ ኣበባ ኣተወ። ክሳብ ጥሪ 1942 ግን ሰራዊት ጣልያን ገና ጨሪሱ ኢዱ ንሰራዊት ዓባይ ብሪጣንያ ዘይሃበ ስለዝነበረ: ንግስነት ሃይለስላሴ ገና ብወግዒ ኣይተኣወጀን ነበረ። ድሕሪኡ ግን ዓባይ ብሪጣንያ ንኢትዮጵያ ኣብ ትሕቲ ቊጽጽሩ ምስ ኣእተዋ: ካብ ሃይለስላሴ ዝበለጹ ጀጋኑ ኢትዮጵያውያን ከለው: ድልየት ሰበ-ስልጣን ዓባይ ብሪጣንያ ስለዝኾነ: ነቲ ኣብ ሎንዶን ብስለላ ኣሰልጢኖም ቀሪቦም ዘምጽኡዎ ሰላዩ ሃይለስላሴ: ዘውዲ ደፊኡ ንጉስ ኢትዮጵያ ኣበለ።

## ንጉስ ሃይለስላሴ ንሰበ-ስልጣን ዓባይ ብሪጣንያ ኣሽኪዑ: ምስ መንግስቲ ኣሜሪካ ሓዲሽ ሽርክነት ጀመረ።

ሰራዊት ዓባይ ብሪጣንያ ካብ ኢትዮጵያ ምስወጸ: መንግስቲ ኣሜሪካን እስራኤልን ኣብቲ እዋንቲ ኣገደስቲ ስትራተጂ ቦታታት ይድልዩ ስለዝነበሩ: ብህጹጽ ዝምድና ምስ ንጉስ ሃይለስላሴ ክፈጥሩ ተጓየዩ። ጸኒሑ ንሃይለስላሴ: መልእኽቲ ካብ መንግስቲ ኣሜሪካ ተላእኮሞ: ንሰበስልጣን ዓባይ ብሪጣንያ ኣሽኪዑ: ብኻልእ ኣገላልጻ ምስ እንግሊዝ ዝነበሮ ዝምድና ገዲፉ: ምስ መንግስቲ ኣሜሪካ ሓዲሽ ሽርክነት ጀመረ። መንግስቲ ዓባይ ብሪጣንያ ግን ናይ ኣሜሪካ ረብሓ: ናይ እንግሊዝ ረብሓ ስለዝኾነ: ቀዳማይ ሚንስተር ዊንስተን ቸርችልን: ፕረሲደንት ሩዝቨልት ስለዝተረዳድኡሉ: ብዘይ ዕንቅፋት ዓባይ ብሪጣንያ: ሃይለስላሴ ምስ ፕረሲደንት ሩዝቨልት: ኣብ ካይሮ ስዉር ስትራተጂ ውዕል ተፈራረመ።

እተን ሃይለስላሴን ፕረሲደንት ሩዝቨልት ዝተሰማምዑለን 5 ስዉራት ውዕላት እዚኤን ነበራ:-

1) ኣብ ማእከል ሓማሴን ቤት ምኻ: ቃኘው-ስተሽን ዝተባህለ መዓስከር ክፍቀደሎም
2) ኣዬር ሓይሊ ኣብ ኣስመራ ክትከል: ሓይሊ ባሕሪ ድማ ኣብ ትሕቲ ቊጽጽር ኣሜሪካ ክኸውን
3) ራዳር ኣብ ሓማሴን ኣብ ከባቢ ኣስመራን ኣብ ጕራዕን ንመሳለጢ ስለላ መርበብ ክትከል. (ብሕልፊ ኣብ እዋን ቬትናም ቃኘው-ስተሽን ኣገዳሲ ግደ ተጻዊታ'ያ። )
4) ሰራዊት ኢትዮጵያ ካብ 6 ሽሕ ዝነበረ ሽዑ እዋን: ኣብ 40 ሽሕ ክብ ከብል።
5) ወተሃደራዊ ታዕሊምን ምኽርን ዝህቡ: ክኢላታትን ፈላጣትን *(Military advisers)*
6) ኣሜሪካውያን ንኢትዮጵያ መጺኣኦም መኮንናት ከሰልጥኑ....ወዘተ.....

ብወገን መንግስቲ ኣሜሪካ ድማ: ንኤርትራ ዝምልከት ጕዳይ ብሓላፍነት ኣሜሪካ ክዕየ: ሃይለስላሴ ግን ብዘይ ጸገም ኣብ ምስፍናዊ መግዛእቱ ጥራይ ከድህብ ዝብል ነበረ። እዚ ኩሉ ኣብ ላዕሊ ዝተገብረ ውዕል ግን: ተጠቒሊሉ ክንድቲ ኣሜሪካ ካብ ኤርትራ እትረኽቦ ዝነበረት ረብሓ ኣይከውንን'ዩ። እቲ መንግስቲ ኣሜሪካ ካብ ኤርትራ እትረኽቦ ረብሓ: ንኣብነት ብዓቢኡ ንቀይሕ ባሕሪ ምቊጽጻር ክኸውን ከሎ: እቲ ካልኣይ ድማ ስትራተጂካዊ ረብሓ'ዩ። ንኣብነት እቲ ብምልኡ ናይ ቬትናም ውግእ: ካብ ቃኘው ስተሽን እዩ ትእዛዛት ዝተሓላለፍ ነይሩ። እቲ ብ1964 ዓ.ም. ኣብ መንጎ እስራኤልን ኣዕራብን ዝተባርዐ ኹናት'ውን: እቲ ኵሉ ሜላታት ኣቕራብ ብዓረብኛ ቋንቋ ካብ ቃኘው-ስቴሽን'ዩ ዝጥለፍ ነይሩ። ኣብ ቃኘው ስቴሽን ዘገልግሉ ዝነበሩ ኣባላት ፒንታጎን ወስ ASA ክሳብ 7 ቋንቋታት ክዛረቡ ዝኽእሉ ዕሉማት ክኢላታት ከምዝነበሩ ይፍለጥ። *How the world betrayed a small countr(Eritrea) african Nation. By michela Wrong'*

ስለዚ ምልክዕቲ ሰበይትን ተባሃጊ መሬትን ዘለዎ ህዝቢ ከይደቀሰ ይሓድር ከምዝብሃል: እተን ብኮሎንያል ዝግዛኣ ዝነበራ ሃገራት: ከም ብዓል ሶማልን ሊብያን ነጻ ክብሃላ ከለዋ: ህዝቢ ኤርትራ እዚ ሎሚ ዝረኽቦ ዘሎ ስቓይ ንኽረክብ ተፈርደ። እቲ ኩሉ ብሃይለስላሴን ብፕረሲደንት ሩዝቨልት ዝተገብረ ውዕላት ግን: ብዋጋ ኤርትራ ጥራይ እዩ ተፈጺሙ። ንህዝቢ ኤርትራ ድማ ዕጭኡ ኮይኑ ጻማ መሬቱን ባሕሩን ክረክብ ኣይተዓደለን። እቲ ዘሕዝን ነገር ድማ: ብኣንጻሩ ህዝቢ ኤርትራ



ይቕጽል

ካብኡ ጀሚሩ: ግዳይ ባዕዳውያን ገዛእቲ ኮይኑ ገና ይጸንት ምህላው'ዩ። ብገዛእ መሬቱን ባሕሩን ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ክንዲ ዝረብሓሉ: ዝጸንተሉ ኮይኑ። ንሱ ድማ ብዓቢኡ መኸሰብ ንወለዱ ኣሜሪካን እስራኤልን: ገለ ቍሩብ መዓገሲ ከኣ ንወለዱ እትዮጵያ ክኸውን ተመሪጹ።

**ኣብ'ዚ ዘሎናዮ ግዜኸ ጕዳይ ኤርትራን ኢትዮጵያን: ኣበይ ገጹ ዝጕዓዝ ዘሎ ይመስል? ታሪኽ ዝድገም ዘሎ'ዶ ኣይመስልን? ነዚ ግን ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊን ኢትዮጵያዊን ብንቕሓት ክመራመረሉ ይግባእ።**

ብሓጺሩ ንሕና ኤርትራውያን እንዳርኣናን እንዳሰማዕናን: ሃይለስላሴ ኣማኸርቲ ስለዝረኸበ ንርብሓኦም ክብሉ: ብኾፍና ከሎና ብገዛእ መሬትናን ባሕርናን: ካብቲ ኣብ ቤት ምኻ ዝርከብ መሬትና (ቃኘው-ስቴሽን) ካብ 10-ክሳብ 18 ሚልዮን US$ ንኣሜሪካ ኣካርዩ ዝተረኽቦ ዋጋ-ክራይ: ኣብ ክንዲ ነቲ ዲሞክራሲ ከይረኸበ: ብመስፍናዊ መግዛእቲ ደንዚዙ ዝነበረ ህዝቢ ኢትዮጵያ: ድሞክራሲ ዓዲጉ ዘማዕብሎ: ንህዝቢ ኤርትራ ንምጽናት: ወተሃደራዊ ኣማኸርትን ኣሰልጠንትን: ስንቅን ዕጥቅን-ወተሃደራት ኢትዮጵያን: መሳርያ ውግእን ሸሚቱ: ንህዝቢ ኤርትራ ብገዛእ ንብረቱ የጥፍኦ ነሩ። ሃይለስላሴ ብቕዓት ስለዘይነበሮ: ክንደይ ሊቃውንቲ እትዮጵያን ከለው: ካብታ ስልጣን ዝሓዘላ እዋን ጀሚሩ ክሳብ ዝመውት 1973 ዓ.ም.: ኣማኻሪኡ ኣሜሪካዊ ፕሮፌሶር ጆን ስፐንሰር እዩ ዝነበረ። እዚ'ዩ እቲ ሓቂ እምባኣር። ሕጂኸ ህዝቢ ኤርትራ ይኹን ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ: ወይ ሙህራት ወይከኣ መንግስትን ሰራዊትን ኤርትራ: ነዚ ምስጢር'ዚ ተረዲኦም: ሓቢሮም ንድሕነት ኤርትራዶ ይምክቱ ይኾኑ። ኾነታ ኤርትራ ካብ ዝኸፍኤ ኣብ ኣዝዩ ዝሓሰመ ገጹ ይኸይድ ስለዘሎ። ብሕጂ'ውን ብሓባር ምስራሕ ይከኣል'ዩ እንተድኣ ተደል'ዩ።

## ፖሊሲ መንግስቲ ኣሜሪካ: ብዛዕባ ጕዳይ ኤርትራ እንታይ ይብል?

እቲ ኣውራ መኸንያት ስለምንታይ ህዝቢ ኤርትራ ክሳብ ሎሚ ኣብ ስቓይ ዝነብር ዘሎ ድማ: ሰክረታሪ ኦፍ ስቴት ፕረሲደንት ኣይዘን-ሃወር: ጆን ፎስተር ዱላስ ዝተባህለ: ውኪል መንግስታት ኣሜሪካ: ኣብ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብዛዕባ መርገጽ መንግስቲ ኣሜሪካ: ኣብ ጕዳይ ኤርትራ ብወርሒ ታሕሳስ 1950 ዓ.ም. ከምዚ ኢሉ መርገጽ ኣሜሪካ ኣነጸረ:- “ብፍትሓዊ ኣረኣእያ ድሌት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግምት ምኣተወ ነይሩ። እንተኾነ ግን ብመኸንያት ናይ ኣሜሪካ ስትራተጂካዊ ኣገዳስነት ኣብ ዞባ ቀይሕ ባሕሪ: ኤርትራ ምስ ምሓዛና ኢትያኦጵያ ክትጽንበር ኣለዋ” በለ። *From the Point of view of Justice, the Opinions of the Eritrean People must receive Considerations, He acknowledged.. neversless the strategic Interest of the united States in the Red-Sea Basin and considerations of Security and World peace make it necessary that the country has to be linked to our ally Ethiopia.John Foster Dulles President Eisenhower's Secretary of State 1950.* ፖሊሲ ኣሜሪካ .ከም'ዚ ስለዝኾነ እዩ'ምብኣር ጕዳይ : ፌደረሽን ኤርትራ'ውን ዝፈረሰ። ጕዳይ ኤርትራ ከም'ዚ ሕጂ ንርእዮ ዘሎና ዝኸውን ዘለሎ'ውን: ንፖሊሲ ኣሜሪካ ዝጻረር ስለዝኾነ'ዩ። ፖሊሲ ኣሜሪካ ድማ ክሳብ ሕጂ ኣይተቐየረን። ንኣብነት ሀርማን ኮሀን ምስ መለስን ኢሰያስን ኣብ ለንደን ብ1991 ዓ.ም.ተራኺቡ: ነቲ ዝነበረ ፖሊሲ ኣሜሪካ ከምዝቕጽል ገይሩዎ'ዩ። እቲ ሽዑ ዝተገብረ ግን ከም ምስጢር ተታሒዙ: ክሳብ ሕጂ ብወግዒ ንህዝቢ ኤርትራ ይኹን ኢትዮጵያ ኣይተሓበሮን። ብወግዒ ግን ህዝቢ ኤርትራ ብመንገዲ ረፈረንዱም ኣቢሉ: “ነጻነት ረኺብካ ኢኻ“ ተባሂሉ ብሕቡራት መንግስታት ተመስኪሩሉ'ዩ። ኮይኑ ግን ብዓይኒ ሓቂ: ህዝቢ ኤርትራ ነጻነት ኣለዎ ድዩ? ንዝብል ሕቶ: እዚ ሕጂ ህዝቢ ኤርትራ ዘለዎ ሃለዋት ጥራይ ምግንዛብ እኹል'ዩ። ብሕጂ'ውን እንተኾነ ጕዳይ ህዝቢ ኤርትራ: ኣብ ፖሊሲ ኣሜሪካ ዝተመርኮሰ ስለዝኾነ: ኣብ ክንዲ ተፈላሊኻን ብተዛዋኣሪ ድማ ኣንጻር ረብሓኻ: መሳርሒ ባዕዳውያን ምኻን: ሓቢርካን ተዋሃሒድካን: ብግሉጽ ዘተ ምስ መንግስቲ ኣሜሪካ ምዝታይ እዋናዊ'ዩ።

### 6ይ ክፋል

*30 መስከረም 2008 ዓ.ም-*

ኣብቶም ዝሓለፉ 5 ምዕራፋት ከም ዝተኻታተልናዮ: ግዳማውያን ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ መንዮም? ስለምንታይከ ክሳብ ሎሚ ብረቂቕን ስዉርን ሜላ ንህዝቢ ኤርትራ ይጐድኡዎ ኣለው? ዝብሉ ሕቶታት ብመጠኑ መሊስናዮም ኢና። ነቶም ውሽጣውያን ጸላእቲ ህዝቢ



ይቕጽል

ኤርትራ መንዮም? ስለምንታይከ ንህዝቢ ኤርትራ ክሳብ ሎሚ ይጻብኡዎ ኣለው? ዝምድና መራሕቲ ወያኔን ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.ን ቀደም ከመይ ነይሩ? ሎሚኸ ከመይ ኣሎ? ንዝመጽእ ግዜኸ ከመይ ክኸውን'ዩ? ዝብሉ ሕቶታት ግን ኣብ ዝቕጽል 7ይ ምዕራፍ ብሰፊሑ ክንትንትኖም ኢና። ሎሚ ግን ብፍላይ ካብቲ ዝሓለፈ 5 ምዕራፋት ዝተጸምቄ ኣገዳሲ ኮይኑ ዝረኸብናዮ: ሓጺር መግለጺ ከነቕርብ መሪጽና'ሞ ክቡራት ተኻታተልቲ ንቐደም በሉ።

ኣብ ዝሓለፉ ምዕራፋት ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ መን ከምዝነበሩ ብመጠኑ ተገሊጹ። ንኣብነት ብፍላይ መሳፍንቲ ትግራይ ብሓፈሻ ከኣ መሳፍንቲ ኢትዮጵያ: ጸረግቲ ጽርግያ ኮሎንያል ጥልያን ከምዝነበሩ ተሓቢሩ። ኮሎንያል ጣልያን ከኣ: ብሓበሬታን ሜላን ኮሎንያል ዓባይ ብሪጣንያ ተሓጊዙ: ንኤርትራ ክቌጻጸር ከምዝኸኣለ'ውን ተተንቲኑ። ኮሎንያል ጣልያን'ውን ድሕሪ ንኢትዮጵያ ምቍጽጻሩ: ብዓባይ ብሪጣንያ ተሳዒሩ ካብ ኢትዮጵያ ተቐሲቡ ምስወጸ ድማ: ሃይለስላሴ ብሓገዝ ሰበ-ስልጣን ዓባይ ብሪጣንያ ንጉስ ኢትዮጵያ ኮይኑ: ድሑር መስፍናዊ መግዛእቱ ከምዝጨበጠ ተገሊጹ። ሰበ-ስልጣን ዓባይ ብሪጣንያ ግን ንኢትዮጵያ ነጻ ገዲፎም: ንኤርትራ ን10 ዓመታት ውክልና ስልጣን ወሲዶም ይገዝኡዋ ከምዝነበሩ በሪሁ። ድሕሪ ኮሎንያል ዓባይ ብሪጣንያ ካብ ኤርትራ ምውጻእ ድማ: መንግስቲ ሕቡራት ኣሜሪካ ብረቒቕ ሜላ: ምስ ንጉስ ሃይለስላሴን ዝምድና ከምዝገበረ ተሓቢሩ። ብድሕሪ ሕዲሽ ዝምድና መንግስቲ ኣሜሪካን ንጉስ ሃይለስላሴን ከኣ: ኣብ ክንዲ ንመሰል ህዝቢ ኤርትራ: ንፖሊሲ መንግስቲ ኣሜሪካ ቀዳምነት ስለዝተዋህበ: ራእዪን ባህግን ህዝቢ ኤርትራ ተጕስዩ: ኤርትራ ከኣ ከምተን ብኮሎንያል ጣልያን ዝግዝኣ ዝነበራ: ሃገር ሶማልን ሊብያን ዝረኸብኦ መሰልስ ይትረፍ: እቲ ብሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝተፈጥረ "ፌደረሽ ምስ ኢትዮጵያ" ዝብል'ውን: "ንፖሊሲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ይጻረርዩ": ስለዝተባህለ ተጣሒሱ። ኤርትራ ከኣ መበል 14 ክፍለ-ሃገር ኢትዮጵያ ክትከውን ከምዝተገደደት ተንቲና። ካብ'ዚ ጀሚሩ ድማ ህዝቢ ኤርትራ ንመሰሉ ንኽከላኸል ክብል: ብረታዊ ቃልሲ ጀሚሩ። ስለ'ዚ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ምዕራፋት ብመጠኑ እቶም ቀንዲ ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ: ጠንቂ ናይ ምልዓል ቃልሲ ኤርትራ ምኳኖም ተለልዮም ማለት'ዩ።

ስለ'ዚ እቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ: ታሪኻዊ ትንተና ብዛዕባ ኩሎም ጸላእቲ ኤርትራ: ሎሚ'ውን ኣብ ኤርትራ ብዝተራቐቐ ሜላ ይድገም ከምዘሎ በሪሁልና። እምብኣር እዚ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ኤርትራ ዝርኤ ዘሎ ስቓይን መከራን: ብሰንኪ'ቶም ናይ ጥንቲ ይኹኑ ናይ ሎሚ ጸላእቲ ኤርትራ ምኳኑ ብሪሁልና። ጸላእቲ ኤርትራ ካብ ጥንቲ ጀሚሮም ክሳብ ሎሚ: ሜላኦም ድኣዮም ቀይሮም'ምበር: ትሕዝቶኦምን ዓላማኦምን ግን ኣይቀየሩን። እኳድኣ ጸላእቲ ኤርትራ ንህዝቢ ኤርትራ: ብዝተራቐቐ ስልቲ ተመሪሖም: ብመደብ ፈላልዮም የጥፍኡዎ ከምዘለው ተነጺሩ። ምስቲ ውዲት ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ ጐንጐን ክኸይድ ዝጸንሔን ሎሚ'ውን ዘሎን ድማ: ግርህነትን ዘይምውህሃድን ህዝቢ ኤርትራ ምኳኑ'ውን ፈሊጥና። እምብኣር ሽግር ኤርትራ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ክሳብ ሕጂ: መዕለቢ ክረክብ ዘይከኣለ: ብዝያዳ ብሰንኪ ወረርቲ ጸላእቱን: ተወሳኺ ድማ ብሰንኪ ግርህነቱ ዘይምሕባሩን'ዩ። ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ ግን ኩሉ ግዜ ብነብሶም ስለዘይተኣማመኑ: ህዝቢ ኤርትራ ኣንተተወሃሂዱ: እቲ ውዲታቶም ክፈሽል ከምዝኽል ኣጸቢቖም ስለዝፈልጡ: ህዝቢ ኤርትራ ተፈላልዩ ኣንጻር ጠቕሙ መታን ክቃለስ ዓቢ ሜላ ምሂዞምሉ። ንሱ ድማ "ገረብ ብሓኽላ" ከምዝብሃል: ንስምዒትን ግርህነትን ህዝብና መዝሚዞም: ብስዉር ስልቲ ነቶም ካብ ኤርትራን ትግራይን ዝተወልዱ 2ይ ወለዶ ዓሲቦም: ኣንጻር ረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ኣዋፊሮም: ንህዝቢ ኤርትራ ብስለላዊ ውዲት ኣደንቍሮም: ደፋእ እንዳበሉ ከምዝጸንት ይገብሩዎ ኣለው።

እቲ ቀንዲ ኣብ'ዚ ክበርህ ዘለዎ ኣገዳሲ ጕዳይ ግን: "ወደን ከይሓምያስ ሰይቲ ወደን" ከምዝብሃል: ዋላ'ኳ ብልሓትን ጕርሕን ጸላእትና ምስ ግርህነትና ክወዳደር ከሎ: ኣዝዩ ጸብለልትነት እንተለዎ: ኩሉ ጸገምና ግን ንግዳማውያን ጸላእትና ጥራይ ከነሸክሞ የብልናን። ርግጽ'ዩ እዚ ወሪዱና ዘሎ ከቢድ ጸገም ካብ ዝጅምር: ድሮ ካብ ፍርቂ ዘመን ንላዕሊ ሓሊፉ: እቲ ቀንዲ መኸንያት ድማ *"ምልክዕቲ ሰበይትን ተባሃጊ መሬትን ዘለዎ ህዝቢ ከይደቀሰ*



ይቕጽል

*ይሓድር*“ ከምዝብሃል: እቶም ተባሃግቲ መሬትና ተዘራርዮም ይሃስዩና ስለዘለው'ዩ። ንሕና ኤርትራውያን ግን ክሳብ ሎሚ: ነቲ ዘይሕብረና ዘሎ ሕማም ኣለሊናን ፈውስናን: ሓቢርና ነቶም ንባህልናን ሃይማኖትናን ኣጥፊኦም: ንመሬትናን ባሕርናን ንክግብቱ: መልክዖምን ሜላኦምን እናቀያየሩ: ላሕ ዘብሉና ዘለው ጸላእቲና: ብንቕሓት ክንምክቶም ኣይበቓዕናን። እዚ'ውን እቲ ቀንዲ ድኽመትና'ዩ። ስለ'ዚ ህዝቢ ኤርትራ ብሰንኪ ዘይምውህሃዱ: ክሳብ ሎሚ እቶም ጸላእቱ ዋናታት ሽግሩ ኮይኖም: ንግርህነቱን ምፍልላዩን መዝሚዞም: ከምድላዮም ኣንጻር ጥቕሙ በቲ ንሶም ዝደልዩዎ መንኮርኮር ይዝውሩዎ ከምዘለው ክርድኣና ይግባእ። ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ ንጸገሙ ፈታሕቲ ኣንዳተመሰሉ: ብኣንጻሩ ግን እቲ ቀንዲ ሽግሩ መሰረታዊ ፍታሕ ንኸይረክብ: ቀንዲ ዕንቅፋት ኮይኖም ዕንክሊል የብሉዎ ከምዘለው'ውን ብግቡእ ክስቌረና ኣለዎ። ስለ'ዚ ህዝቢ ኤርትራ ንጸላእቱ ሓደ ብሓደ ብዝርዝር ኣለልዩ: ነቲ ስዉር ሜላታቶም ከኣ ብግቡእ ፈሊጡ: ኣብ ነንሓድሕዱ ድማ ፍቕርን ስኒትን ውህደትን: ምስዝገብር ጥራይ እዩ ካብ'ዚ ወሪዱዎ ዘሎ: ጻዕረ-ሞት ክገላገል ዝኽእል። ነዚ ንኽገብር ድማ እዋኑ ብህጹጽ ይጠልቦ ኣሎ። ሽገር ኤርትራ መዕለቢ ክርከቦ ኣንተ-ድኣኮይኑ'ምብኣር: እቲ ቀዳማይ ዕማም ባዕሉ ህዝቢ ኤርትራ: ነቲ ዘየዋሃህዶ ዘሎ ቀንዲ ጠንቂ ክፈልጦ ኣለዎ። እቲ ካልኣይ ዕማም ድማ: እቶም ንራእዩን ንመንነቱን ጨውዮም: ከጥፍኡዎ ገልዳሕ ዝብሉ ዘለው ጸላእቱ: ብግቡእ ኣለልዩ ብሓባር ክምክቶም ኣለዎ። ፍታሕ ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ እምብኣር ክርከብ ዝኽእል ፈሊጥካን ሓቢርካን ጥራይ እዩ። ተፋላሊኻ ግን ዕድመ ጸላእትኻ ንምንዋሕ እንተዘይኮይኑ: ከቶ ዓወት ኣየምጽእን'ዩ። ኤውሮጳውያን እቲ ቕድሚ 100 ዓመታት ዝነበርም ሽግር ትምህርቲ ኮይኑዎም: ሎሚ ብኤውሮጳዊ ሕብረት ተጣራኒፎም ንህቢ ኤውሮጳ ጸጊቡ ከምዝሓድር ይገብሩ ኣለው። ነዚ ኩሉ መስርሕ ሓድነት ከካይዱ ከለው ግን: ኣቐዲሞም ህዝብታት ናይ ነፍሲ ወከፍ ሃገር: ሓቢሮም ናይ ባዕሎም ሕጋዊን ቅዋማዊን መንግስቲ ምስ መስረቱ'ዮም። ንኣብነት ህዝቢ ጀርመን ይኹን ህዝቢ ፈረንሳ: ኣቐዲሞም ልዑልውነት ሃገሮምን ህዝቦምን ምስ ኣረጋገጹ'ዮም: ሕብረት ኢውሮጳ መስሪቶም። ንሕና ኤርትራውያን ድማ: ቅድም ኵልና ሕድገታት ገርና ክንፋቐርን ክንውሃሃድን ኣሎና። ናይ ውሽጥና ሕብረት ምስ ኣረጋገጽናን: ሕጋዊን ቅዋማዊን መንግስቲ ምስ ኣረጋገጽና ድማ: እንተደለና ምስ ሱዳን ኣንተደለና'ውን ምስ ኢትዮጵያ- ውያን ከም'ዚ ናይ ኤውሮጳ ሕብረት ብወግዓዊ ውዕል: ኣብ ጥቕመይ ጥቕምኻን ኣብ እንካን ሃባን ዝተመስረተ ኮንፈደረሽን ክንገብር መንገዲ ክፉት'ዩ። ኣብ ነንሓድሕድና ከይ- ተሳኔናን ከይተወሃሃድናን ግን: ምስ ዝኾነ ጐረቤት ሃገር ሕብረት ይኹን ልፍንቲ ክንገብር: ጉድኣት እንተዘይኮይኑ ጥቕሚ የብሉን። እዚ ከኣ መኅታዊን ባህርያዊን ድማ ኣይኮነን። መኽንያቱ ቅድም ኣንቋቖሖ ምስ ተወልደ እዩ: ደርሆ ዝኸውን ኣምበር: ቅድሚ ኣንቋቖሖ ደርሆ ኣይከውንን እዩ።ስለ'ዚ እቲ ቀንድን ንህዝቢ ኤርትራ ድማ ንመጻኢ ዋሕስነቱ ከረጋግጸሉ ዝኽእል መንገዲ: ውሽጣዊ ሓድነቱ ጥራይ እዩ። ብውሽጡ ከይሓበረ ምስ ዝኾነት ትኹን ሃገር ክሓብር ኣይክእልን'ዩ። ብሕልፊ ከም'ዚ ሎሚ ዘለዎ ሃለዋት: ማለት ተፈላልዩን ባህሉ ጋዕዝዩን: መንነቱ ከኣ ተዛናቢሉን ከሎ: እንተድኣ ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ክጽንበር ኮይኑ: ባርያን ግዝኡን ኳኖት ኮይኑ ጥራይ እዩ ክነብር ዝኽእል። እዚ ከኣ ናይ ሞት ሞት እዩ።

# 7ይ ክፉል

*-ብሓልዮት ጉጅለ ደቀባት-ኤርትራ 16 ጥቅምቲ 2008 ዓ.ም-*

*ሓበሬታ*: ጉዳይ ኤርትራ መፍትሒ ከይተረኽቦ ካብ ዝኸፍኤ ኣብ ዝገደደ ይኸይድ ከምዘሎ: ብፍላይ ነቶም ብኤርትራን ብህዝቢ ኤርትራን ዝግደሱ ደቂ ሃገር: እናበርሀ ዝኸይድ ዘሎ ሓቂ'ዩ። ኵላትና ደቂ ሃገር ንሽግር ኤርትራ ክንፈትሖ እንተድኣ ኰንና ግን: ኣብ ክንዲ ብዛዕባ ሳዕቤን ጥራይ ወግሔ ጸብሔ ምዝራብ: ነቶም ቀንዲ ጠንቅታት መርሚርና ምስ ኣነጽንየምን: ኣጽኒዕና ድማ ብየናይ ሜላን ስትራተጂን ክንፈትሖም ከምንኽእል ምፍላጥን: ፈሊጥና ድማ ብትብዓት ተቓሊስና መፍትሒ ክንረኽበሎም ሃገራዊ ሓላፍነትና እዩ። ካብዚ ብምብጋስ ጉጅለ ደቀባት: ታሪኽ መሰረት ብምግባር: ነቶም ቀንዲ ነዚ ሕጂ ንርእዮ ዘሎና ሳዕቤናት: ጠንቂ ዝኾኑ ሕቡኣት ነገራት: ፈቲሽና ብኸምዚ ዝስዕብ ክንትንትን መሪጽና'ሎናሞ: እስከ ንቐደም በሉ።

***ኤርትራ ዓዲ ጀጋኑን ዓዲ ሕግን ዓዲ ክቡር ባህልን'ያ።***



*-ብሓልዮት ጉጅለ ደቀባት-ኤርትራ 30 መስከረም 2008 ዓ.ም*

**ይቕጽል**

ኤርትራ ካብ ወሰን ናብ ወሰን ብብዙሕ ዓሌታት ተሓናፊጹ ዝተፋላለየ ውርዙይ ባህልታትን ልምድታትን ኣውሃሂዱ: ኣብ ታሕጓስን ሓዘንን: ኣብ ራህዋን ጸገምን ብወፈራዊ ኣገባብ እናተሓባበረ ጸኒዑ ዝነብረላ ህዝቢ ዘለዋ ሃገር'ያ። ህዝቢ ኤርትራ ከም ፍረ ዘለላ ወይኒ ብዙሓት ዝሓቘፈት: ጠርናፊተን ግን ሓንቲ ገረብ ወይኒ ዝኾነት ክምሰል ይከኣል። ህዝቢ ኤርትራ ሓደ ዓሌት ዘይኮኑ ህዝብታት ክንሶም: ኣብ ዓዓዶም ተኻባቢሮም: ንመዋእል ክነብሩ ዝጸንሑ ህዝቢ ዘለዋን: መኣዛ ዘለዎ ኣየርን ሰፊሕ ባሕርን ዘለዋ ጸጋ ዝመልኣ ንእሽቶ ሃገር'ያ። ብኻልእ ኣዘራርባ ኤርትራ: ዓዲ ጅጋኑን ዓዲ ሕግን ዓዲ ክቡር ባህልን: ከማኡ'ውን ተባሃጊ መሬትን ባሕርን ዘለዋ ሃገር'ያ። በዚ መኽንያት'ዚ እምብኣር'ዮም: እቶም ዘይናቶም ዝብህጉን: ቀናኣትን ስሱዓትን ባዕዳውያን ገዛእቲ: ካብ ጥንቲ ጀሚሮም ክሳብ ሎሚ ንህዝባ ድቃስ ዝኸልኡዎ ዘለው።

## ጆግራፍያዊ ኣገዳስነት ኤርትራ

እስከ ነቲ ኣገዳስነት ኤርትራ ብመጠኑ ክንርእዮ። ኤርትራ ማለት ስም ብሕሪ ማለት'ዩ። ስፍሓት ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ ካብ ፖርት ስዒድ ጀሚሩ ክሳብ ባሕሪ ህንዲ: ካብ ወደብ ስዮስ ጀሚሩ ክሳብ ክሳብ ባብ-ኣልመንደብ ዘሎ ባሕሪ'ዩ። እቲ ንኤርትራ ብባዕዳውያን ሃገራት ተባሃጊት ዝገብራ ቀንዲ መኽንያት: ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ብዘለዋ ጆግራፊካዊ ኣቐማምጣ: ካብተን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝርከባ ሃገራት ብፍላይ ብምቹእ ኣህጉራዊ ማያዊ መተሓላለፊኣን: መኣዛዊ ኣየራን'ዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ ኤርትራ ፖሎቲካውን ቁጠባውን ዓቢይ ኣገዳስነት ዘለዋ ሃገር'ያ። ኤርትራ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ልዕሊ 1000 ኪ.ሜ ዝርጋሔ ዘለዎ ገማግም ባሕሪ ትውንን። ኣብ ውሽጢ ክሊ ባሕሪ ኤርትራ ቡዙሓት ደሴታት ዘለዋ ሃገር'ያ። ካብተን ብዙሓት ደሴታት እተን ዝዓበያ ድማ: ደሴታት ዳህላክን፣ ሓሌብን ፋጥማ እየን። ቀይሕ ባሕሪ ዋና ናይ ኣህጉራዊ ማያዊ መተሓላለፊ'ዩ። ኣንሆ ድማ ዳርጋ ሓደ ሚኣቲ ዓመት ሓሊፉ: ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ባሕሩ: ክሳብ ሎሚ ብግቡእ ከይተጠቐመሉ ይነብር ኣሎ። ብኣንጻሩ ግን እቶም ባዕዳውያን: ነቲ መንገዲ ባሕሩን ሃብቲ ዓሳኡን: ግቡእ ቀረጽ ከይከፈሉ ከምናቶም ገይሮም ይጥቀምሉ ኣለው። ህዝቢ ኤርትራ ግን ውሑድ ህዝቢ ክነሱ: ንሃብቲ ዓሳን ጨውን: ሓይሊ ባሕሩን ከይረብሓሉ: ከይተጠቐመሉ ባዕዳውያን ከምናቶም ገይሮም ይጥቀሙሉ ኣለው። እቲ ቀንዲ መኽንያት ባዕዳውያን ገዛእቲ: ንኤርትራ ብፖሎቲካውን ቁጠባውን ዓብይ ጠመተ ስለዘሕደሩላ: ብኻልእ ኣዘራርባ ስለዝብሃጉዋ: ካብ ግዝኣት ቱርኪ ጀሚራ ብቐጻሊ: መደበር መግዛእታውያን ሓይልታት ክትከውን ተገዲዳ።

## ጽሓፍቲ ታሪኽ ብዛዕባ ኤርትራን ህዝባን ክምስክሩ ከለው

ን"ምድረ-ባሕረ-ነጋሲ (ኤርትራ) ካብ ጥንቲ መናበሪ ቅውም ሕጊ ዝነበራን: ብጀጋኑ ባሕረ-ነገስታት ድማ ትመሓደር ከምዝነበረትን: ጸኒሓ ግን ብውሽጢ ብሰንኪ መሳፍንቲ ትግራይን ሸዋን: ብግዳም ድማ ቱርካውያን ንምጽዋዕ ምስሓዙዋን: ምድኻም ባሕረ-ነጋስታት ከምዘስዓበን: ብዙሓት ጽሓፍቲ ታርኽ ይምስክሩዎ።

<table><tr><td>ሩፊሎ ፐርኒ: ኣብቲ ትርጉም መረብ-ምላሽ ገጽ 41 ከምዚ'ሉ ይምስክር:- ኢትዮጵያውያን ጸብለልነቶም: ብሳላቶም ካብ ስሜን (ኤርትራውያን) ዝመጹ ባእታታት: ከም ዘረጋገጹ ክንግንዘብ ንኽእል" ይብል።</td></tr><tr><td>ኮንቲ ሮሲኒ ድማ ምድረ-ባሕረ-ነጋሲ (ኤርትራ) ብፌደራላዊ ረፑብሊክ ኣመሓዳድራ እናተመሓደረት ክሳብ 55 ዝኾኑ ባሕረ-ነገስታት ዝነበሩዋ ሃገርያ" ክብል ይምስክር። ጀምስ ብሩስ ድማ "ምድረ-ባሕረ-ነጋሲ (ኤርትራ) ናይ ብሕቲ መናበሪ ቅውም ሕጊ ዝነበራ ሃገርያ": ክብል ይጠቅስ።</td></tr></table>

## ኢድ ምትእትታው ባዕዳውያን ሓይልታት

ኣብ ዝሓለፉ ምዕራፋት ብፍላይ መሳፍንቲ ትግራይ: ብሓፈሻ ከኣ መሳፍንቲ ኢትዮጵያ ንኮሎንያል ጣልያን ከምዝዓደሙዎም ተገንዚብና። ቀጺሉ ድማ እቲ መስርሕ ሓዲሽ ዝምድና መንግስቲ ኣሜሪካን መስፍናዊ መንግስቲ ሃይለስላሴን ምስ ደልደለ: ራእዩን ባህግን ህዝቢ ኤርትራ ተሓልዩ: ልዑላውነትን ነጻነትን ኤርትራ ክረጋገጽ ከምዘይተደልየ ተገሊጹ። ስለዚ ኤርትራ ከኣ ከምተን ብኮሎንያል ጣልያን ዝግዝኣ ዝነበራ: ሃገር ሶማልን ሊብያን ዝረኸብኦ መሰልስ ይትረፍ: እቲ ብሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝተፈጥረ "ፌደረሽ ምስ ኢትዮጵያ" ዝብል'ውን: "ንፖሊሲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን: ንረብሓ ኣሜሪካን ይጻባእዩ": ተባሂሉ ከምዝተጣሕሰ ተረዲእና። ኤርትራ ከኣ ብዘይ ድልየት ህዝቢ ኤርትራ ብውዲታዊ ምኽሪ መንግስቲ ኣሜሪካ: መበል 14 ክፍለ-ሃገር ኢትዮጵያ ክትከውን ከምዝተፈርደት ተገንዚብና። ብኽም'ዚ ከኣ ጉዳይ ኤርትራ ንመዋእል ሽንኮለል ንኽብል: ብኣሜሪካ ከምዝተበየነ ተማሂርና። ስለ'ዚ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ምዕራፋት: እቶም ቀንዲ ጠንቂ ናይ ምልዓል ቃልሲ ኤርትራ ዝኾኑ: ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ: ብመጠኑ ብዓል-መን ምኻኖም ከነለልዮም ክኢልና።

## ሜላታት ኮሎንያል ሃገራት ኤውሮጳን ኣሜሪካን



ይቕጽል

እቲ ኣብ ግዜ ኮሎንያል መግዛእቲ ዝነበረ: ሜላ ኮሎንያል ሃገራት ኤውሮጳ: ካብ ኣፍሪቃ ኣንሳሒቦም ነናብ ሃገሮም ክምለሱ ከለው: ብዘይ መደብ ኣይነበረን። ንጹር መደብን ፕሮጀክትን ስለዝሓንጸጹ ጥራይ እዮም ኣንሳሒቦም።እቲ ቀንዲ መኽንያት መንሳሓቢኦም ድማ: እቲ ህዝቢ ኣፍሪቃ ሽዑ እዋን ኣብ ስሳታት ማለት'ዩ: ነቲ ኢውሮጳውያን ዝፍጽምዎ ዝነበሩ ግፍዒ ክጻወሮ ኣይከኣለን። ተቓውሞኡ ብትብዓት ስለዘርኣየ ከኣ: በቲ ቀጥታዊ ኮሎንያልም ምትእታው ተጠቒሞም: ብቐልጡፍ ሽቶኦም ክወቕዑ ስለዘይከኣሉ: ሰብኣዊ ክሳራ ከይከሰሩ: ዓላማኦም ግን ከይቀየሩ ሜላ ግን ክቕይሩ ተገዲዶም። ካብተን ቀንዲ ሜላታቶም ድማ እዘን ዝስዕባ እየን:-

1) ብመደብ ንረብሓ ኮሎንያል ሃገራት ዝጣበቑን ተዓሲቦም ዝሸቅሉን: ኣድሓርሓርቲ መራሕቲ ኣፍሪቃውያን መልሚሎም: ኣብ ስልጣን ከምዝድይቡ ምግባር።
2) ነቶም ገስገስቲ ሃገራውያንን ሓርባኛታት ኣፍሪቃውያን ድማ: በቶም ዝመልመልዎም ኣድሓርሓርቲ ዕሱባት ኣሕዋቶም ተቐንጺሎም ቃልሶም ከምዝፈሽል ምግባር።
3) “ንዘይማዕበላ ሃገራት ኣፍሪቃ“: “መታን ክምዕብላ“ ካብ ዓቕመን ንላዕሊ ለቓሕ እናሃባ: ህዝበን ብድኽነት እናተሳቐየ: መኽፈል ዕድኤን ተባሂሉ: ባህርያዊ ሃብተን እንዳገሓጥካ: ብረቂቕ ሜላ ኣብ ዕዳን ዕንዲዳን ከምዝሸከላ ምግባር።
4) ነቶም ንውክልና ዝተመልመሉ ኣድሓርሓርቲ መራሕቲ ኣፍሪቃውያን: ካብ ዓቕሞም ንላዕሊ ኣጽዋር ውግእ ምዕጣቕ። በቲ ኣጽዋር'ቲ ተጠቒሞም ድማ ንህዝቦም ኣብ ትርጉም ዘይብሉ ሹናት ሕድሕድን: ቀደም ዝተረሰዔ ዶባዊ ግርጭትን: ምሂዝካ ወለዶኡ ምጥፋእ።
5) ነቲ ዝፍጠር ሰውራታት ብውግእ ምጥፋእን: (*Counter Revolution*) ኣንተዘይተዓወትሉ ድማ: ሰለይቲ ዕሱባት ተቓለስቲ መሰል ደቂ ሃገር ብፍላይ ድቓላታት: መራሕቲ ሰውራ ከቲቦም: ንህዝቢ እናመሰሉን: ብራእዪ ህዝቢ ኣናሸቀጡን: ዘይፍጸም መብጽዓታት እናተመባጽዑን: ብግዝያዊ ዓወታት ንሰራዊትን ህዝብን እንዳስከሩን: ኣብ መወዳእታ ግን ነቲ ሰውራ ጨውዮዎ ኣብ ረብሓ ጐይተቶም ከምዝውዕል ንምግባር።
6) ቀ"ጠባን ማዕከናት ዜናን (ሚድዬን) ወኒንካ: ንሓሶት ኣብ ሓቂ ከምዝልወጥ እናገበርካ: ብኻልእ ኣዘራርባ: ካብ ሚእቲ እቶት ሚእቲ ሓሶት እንዳነዛሕካ: ነቲ ቅኑዕ ሕልናን ስምዒትን ሓፋሽ መዝሚዝካ ተቛጻጺርካን: ብረቂቕ ስነኣምራዊ ፋሺዝም ከምትገዝእ ምግባር።

## ድሕሪ ምውጻእ ኮሎንያል ጣልያን ካብ ኢትዮጵያ: ሃይለስላሴ ኣብ ስልጣን መጺኡ።

ድሕሪ ምውጻእ ኮሎንያል ጣልያን ብ1942 ዓ.ም: ኣብ ኢትዮጵያ ክንደይ ሓርበኛታት ኢትዮጵያውያን ከለው: መስፍን ሃይለስላሴ ካብ ስደት ሃገር እንግሊዝ ድሕሪ 5 ዓመታት: ብመንግስቲ ዓባይ ብሪጣንያ ተወኪሉ: ዘውዲ ደፊኡ ንጉስ እትዮጵያ ኮይኑ ተሸመ። ሃይለስላሴ ሰላሊ ኣንግሊዝ እሜሪካን ክነሱ: ንህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ክንዲ ብዲሞክራስያዊ ምምሕዳር ዘመሓድሮ: ንመሰል ህዝቢ ኤርትራ ግሂሱ: ዋርድያ ዓሰብን ምጽዋዕን መሲሉ: ብድሑር መስፍናዊ መግዝኣቲ ይገዝእ ነበረ። ብ30 መጋቢት 1961 ዓ.ም.ግን: ሓደ ተባዕ ብሪገዴር-ጀነራል ክብርዘበኛ መንጊስቱ ነዋይ ዝተባህለ ኢትዮጵያዊ: ገና ሃይለስላሴ ኣብ መገሻኡ ከሎ: ክግልብጦ ምስ ፈተነ: እቲ ፈተነ-ምግልባጥ መንግስቲ ድማ: ብሓገዝ ቃኘው ስተሽንን ስለላ-መርበብ እስራኤልን ፈሸለ: ብሪገዴር-ጀነራል መንጊስቱ ነዋይ ድማ ተቐንጸለ። ብድሕሪ'ዚ ሃጼይ ሃይለ ስላሴ: ሞኣ ኣንበሳ ዘእምነገደ ይሁዳ ኣቢሉ: ንግስነቱ ቀጸለ።

ሓደ እዋን ቃልሲ ኤርትራ ተባሪዑ ከምዘይዕገት ኮይኑ ምስ ረኣየ: ኣብ ኣፍደገ ቤተ-መንግስት ኣራት-ኪሎ ኮይኑ:- “ኢትዮጵያ ብጸጥታን ብቍጠባን: ብሰንኪ ኤርትራውያን ሽግር ኣጋጢሙዋ ኣሎ።ኤርትራ መሬታ'ምበር ህዝባ ኣየድልየናን'ዩ“ ክብል ተበድዔ። ሃይለስላሴ ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንኸበርዕንን: ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ነንሓድሕዱ ንኸናቑትን: ምስ መንግስቲ እስራኤል ተመሳጢሩ ኮማንዶስ ዝብሃሉ ኤርትራውያን ሰራዊት ኣሰልጢኑ: ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዓቢ ክሳራታት ኣስዒቡ'ዩ። ክሳብ ወዲ 84 ዓመት ኮይኑ ቀልቡ ዘጥፍእ ከኣ: ብሳላ ኣማኸርቱ ስለላ-መርበ ኣሜሪካን እንግሊዝን: ኣብ ስልጣን ክጸንሕ ከኣለ። ኢድ ጸናሒት ሽናሒት ከምዝብሃል ከኣ: ኢዱ ረኺባቶ ብኤርትራዊ ጀነራል ኣማን ዓንዶም ክብሩን ሽመቱን ተቐንጠጠ። ብኮሎኔል መንግስቱ ሃይለማርያም ድማ: ብዘሕፍር ኣገባብ ተኣሲሩ: ንነጻነት ኤርትራ ከይረኣያ ብኾንቱ ሞተ። ብድሕሪ ሞት ሃይለስላሴ'ውን: መርገጽ መንግስቲ ኢትዮጵያ: ካብ'ቲ ናይ ሃይለስላሴ ዝፍለ ኣይኮነን። ብሕልፊ ሎሚ እዋን እሞ ከኣ: ህዝቢ ኤርትራ ከመይ ገይሩ ከምዝጸንት: ብኣዝዩ ዝተራቐቐ ስለላዊን ውዲታዊን ወፍሪ'ዩ ዝካየድ ዘሎ። እቲ ረብሓ ግን ንህዝቢ ኢትዮጵያ ዘይኮነ: ነቶም ካብ ነዊሕ እዋን ጀሚሮም: ሜላኦም እናቀያየሩ: ብስዉር ሜላ ክቃለሱና ዝጸንሑ: ባዕድውያን ገዛእቲ እዮ። መስኪን ህዝቢ ኤርትራን: ህዝቢ ኢትዮጵያን ግን: እንተተፋቐረን ተሰማምዔን ጥራይ እዩ እቲ መኽሰቡ ነይሩ። እቲ ፍቕርን ስኒትን ግን: ንረብሓ ኣሜሪካን እስራኤልን ኤውሮጳውያንን ስለዘኾነ: ግድነት ከይፈቶ ክጻላእን ክፈላለን ተገዲዱ'ሎ።

## ድሕሪ ምውጻእ ኮሎንያል ሃገራት ኤውሮጳ ካብ ኣፍሪቃ:



ይቕጽል

ድሕሪ ምውጻእ ኮሎንያል ሃገራት ኤውሮጳ ካብ ኣፍሪቃ: እቲ ኣብ ስሳታት “ኣፍሪቃ ንኣፍሪቃውያን“ ዝብል ቃልሲ ክባራዕ ምስጀመረ: መን ከምዘፍሸሎ ነዚ ዝስዕብ ሓጺር ሓበሬታ ክንዕዘብ ንኽእል ኢና። ምንምኳ ብፍላይ ኤርትራ ብሰንኪ ብሉጽን ብህጉን ጆግራፊካዊ ኣቀማምጠኣ: ክሳብ ሕጂ ብሓዲሽን ረቂቕን ኮሎንያልዝም ትሳቐ እንተሃለወት: ካብ ቅድም ግን ዓላማ ኮሎንያል ሃገራት ኤውሮጳ: ንምሉእ ኣፍሪቃ ተቋጻጺርካ: ቊጠባዊ ረብሓኻ ንምድላብ ጥራይ እዩ ነይሩ። ንኣብነት ንክዋመ ነክሩማህ (*Kwame Nkrumah*) ብሰለስተ ዓይነት ሞያታት: ብትዮሎጂን ፍልስፍናን ከምኡውን ማስተር ኦፍ ሳይንስ ዶክተር ዘበለ: ብሉጽ መራሒ ሃገር ጋና ኮይኑ: ካብ 1957 ዓ.ም ንጋና ክመርሕ በቒዑ። ምስቲ ብሰለስተ ዓይነት ሞያታት: ብቊጠባን ብፍልስፍናን ብሕግን ዶክተር ዘበለ: ብላታን ጌታን ሎረንሶ ታእዛዝ ኤርትራዊን: ከምኡ'ውን ምስቲ ብስነጽሑፍ (*Philologie= study of language and literature*) ዶክተር ዝነበረ: ሌውፖልድ ሴዳር ሴንጎር መራሒ ሰኔጋልን: ካላኦት በላሕቲ ኣፍሪቃውያን ተማህሮ ዝነበሩን ኮይኖም: *Pan-Africanism = United all Africa* ዝብል ምንቅስቓስ ዝመሃዝዎ ተኸቲሉ: ንሓድነት ኣፍሪቃ ክቃለስ ምስ ተላዕለ: ብ27. ሚያዝያ 1972 ዓ.ም. ብስዉር ኢድ ስለላ መርበብ ኢውሮጳውያን ተቐንጺሉ። ብድሕሪኡ'ውን: ኣብ ብዙሓት ኣፍሪቃ ሃገራት: ኣፍሪቃ ንኣፍሪቃውያን ዝብል ምንቅስቓስ ምስተባርዔ ድማ ኢውሮጳውያን ኣሜሪካውያንን ዓሌታውያን ደቡብ ኣፍሪቃን: ኮነ ኢሎም ተላፊኖም: ነቶም መራሕቱ ብምቕንጻል ኣበርዒኖሞ። ንመረዳእታ ካብ 1966 ዓ.ም. ክሳብ 1971 ዓ.ም መራሒ ኡጋንዳ ዝነበረ ሚልቶን ኦቦተ ገልቢጦም: በቲ ኣራዊት ኢዲ-ኣሚን ተኪኦሞ። ንጅግና መራሕ ሰውራ ኮንጎ: ፓትሪክ ሉሙምባ ድማ ብልፍንቲ መንግስቲ በልጁምን: ስለላ መርበብ ኣሜሪካን ቀንጺሎም: ብዲክታቶር ሞቡቲ ሰ-ሰ-ሰኮ ተኪኦሞ።

ንሓበሬታ ዝኣክል: ኮንጎ እታ ብማዕድን ካብ ምሉእ ዓለም ዝሃብተመት ኣብ ሕምብርቲ ኣፍሪቃ እትርከብ ሃገር'ያ። ብዘይካቲ ክቡር ማዕድን ዲያመንድ ዝብሃል: እቲ ኣዝዩ ክቡር ዝኾነ ሊስዩም ዝተባህለ ማዕድን: ብፍላይ ንሞባይልን ላብቶብን ፕለይ-ስተሽንን ዘገልግል: ማለት ብዘይካ'ዚ ማዕድን'ዚ: ዝኾነት ትኹን ሞባይል ወይ ላብቶብ ወይ ድማ ፕለይስቴሽንን ክሰርሓ ፈጺመን ኣይክእላን'የን። እዚ ክቡር ማዕድን'ዚ ድማ ብዘይካ ኣብ ሃገር ኮንጎ: ኣብ ካልኦት ሃገራት ዓለም ፈጺሙ ኣይርከብን'ዩ። ብሰንኪ'ዚ ድማ'ዩ ኣብ ሃገር ኮንጎ: ካብ 1996 ዓ.ም. ጀሚሩ: ካብ 4 ሚሊዮን ህዝቢ ንላዕሊ ሃሊቑ ዘሎን: ክሳብ ሕጂ ድማ ገና ዝጸንት ዘሎን። እቲ ቀንዲ ኣብ ኣፍሪቃ ዝካየድ ዘሎ ናዕቢ'ምባኣር ባዕዳውያን ባህርያኢ ምንጪ ቅጠባ: ንምውናን ኣንተዘይኮይኑ: ንህዝቢ ኣፍሪቃ ረብሓ ከቶ ኣይኮነን።

ኣብ ሴንትራል ኣፍሪቃ ረፓብሊክ'ውን: ነቲ በላዕ-ሰብ ጃን-በደል ቦካሳ: ብሓልዮት መንግስቲ ፈረንሳ ብኣረሜንነት ክገዝእ ዕድል ተዋሂቡ። ኣብ ኬንያ'ውን ድሕሪ ጅግና ጆመ ኬንያታ: ብሓገዝ መንግስቲ ዓባይ ብሪጣንያ: ኣራብ ሞይ ተኪኡዎ። ህዝቢ ከንያ ከኣ ምስቲ ኩሉ ሃብቱን ጸግኡን: ብሓዲሽ ኢደ-ኣዙር መግዛእቲ: ክሳብ ሎሚ ይሳቐ ኣሎ። ብኸም'ዚ ሜላ'ዚ ከኣ: ምዕራባውያን ሃገራት ነዞም ኣብ ክንዲ ብሓንጎሎም ብኸብዶም ዝሓስቡ: ፋሺስታውያንን ኣፍሪቃውያን መራሕቲ: መሳርሒ ገይሮም ንህዝቢ ኣፍሪቃ ገና የጨፍጭፉዎ ኣለው። ብሰበብ ምዕራባውያን ሃገራት እምባኣር: ህዝቢ ኣፍሪቃ ዕድሉ ኮይኑ: ብገዛእ ሃብቱን ጸግኡን: ባዕሉ ከይተጠቕመሉ: ብዓጸባን ዕርቃንን ሕ̈ናትን: ከይ ሓለፈሉ ገና ይሳቐ'ሎ። ብፍላይ ድማ ህዝቢ ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ: ብሰንኪቶም መሳርሒ ኤውሮጳን ኣሜሪካን ዝኾኑ ፋሺስታውያን መራሕቲ ደቂ-ኣፍሪቃ: ግዳይ መከራን ስቓይን ኮይኑ ኣሎ። ንዝመጽእ ግዜ ብኢውሮጳውያንን ኣሚሪካውያንን: ንህዝቢ ኣፍሪቃ ዝሕሰበሉን ዝውጠነሉ ዘሎ ረቂቕ ወፍሪ ድማ ይሰውረና ጥራይ እዩ ዘብል። ብፍላይ ንጕዳይ ኤርትራን ኢትዮጵያን: ብሓፈሻ ድማ ንጕዳይ መላእ ኣፍሪቃ ንኸይፍታሕ: ሸንኮለል ዘብሎ ዘሎ ቀንዲ ውዲት: እቲ ፕሮጀክት ዓመጽን ምግባት ባህርያዊ ሃብቲ ኣፍሪቃን: ዝብሃል ራእዩ ባዕዳውያን'ዩ።

## ሰውራታት ሃገራት ኣፍሪቃ ስለምንታይ ፈሺሉ?

ነቲ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ ዝተላዕለ ሰውራታት: ንኣብነት ከም ብዓል ሰውራ ሞዛምቢክ: ሰውራ ጊኒ-ቢሳው: ሰውራ ኣንጎላ: ስውራ ኤርትራ: ሰውራ ኮንጎን: ስለላ መርበብ ኢውሮጳን ኣሚሪካን እስራኤልን: ደቡብ ኣፍሪቃን ከም ቊርዲድ ኣብ ውሽጠን ለጊቡኦም: ኣልሚሶመን'ዮም። ንኣብነት መራሒ ጊኒ-ቢሳው ኣሚልካር ካብራል: ኣብ ሊዛቦን ሃገር ፖርቱጋል: ብናይ ሕርሻ ሞያ ዝተመረቐ: “ጊኒ-ቢሳው ንደቂ ጊኒ-ቢሳው!!“ ኢሉ ስለዝተቓለሰን: ብትብዓት ድማ ንልዑላውነትን ነጻነትን ሃገሩ ስለዝተጣበቐን: ብ20. ጥሪ ብ1973 ዓ.ም. ተቐንጺሉ። ጊኒ-ቢሳው ብጋዝን ዘይትን ካልእ ክቡራት ማዕድናት ዝሃብተመት ሃገር'ያ። ክሳብ ሎሚ ግን ህዝባ ከይ ሓለፈሉ: ኣብ ብዓል ጋምብያን ሰነጋልን እናተሰደ ሕሱም ናብራ የሕልፍ ኣሎ።

## ሰውራ ኤርትራ



ይቕጽል

ሰውራ ኤርትራ ብ1961 ዓ.ም. ተጀሚሩ። ኣብ ጉዕዝኡ ድማ: እቶም "ንነጻነት ንቃለስ ኣሎና" ዝብሉ ዝነበሩ መራሕቲ ሰውራ ኤርትራ: ገና ነጻነት ከይተረኸበ ከሎ: "ዓማን" (ጀብሃን) "መዳዳን" ሻዕብያን እንዳተባሃሃሉ: ንሰውራ ኤርትራ ንብዙሕ ዓመታት: መሪር ዅናት ሓድሕድ ወሊያም ንድሕሪት መሊሶሞ። ብኸም'ዚ ብባዕዳውያን ዝተኣል ኣከይ ውዲት'ዚ ድማ: ሰውራ ኤርትራ ብእዋኑ ክዕወት ዝግብኦ ዝነበረ: ንኸንቱ ወለዶ ህዝቢ ኤርትራ ኣጽኒቱ ክናዋሕ ተቐሲቡ። ንኣብነት ኣብ 1977 ዓ.ም. 95% መሬት ኤርትራን: ከተማታት ኤርትራን ነጻ ወጺኡ ከብቅዕ: ሰራዊት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ህዝባዊ ግንባርን: ኣብ ክንዲ ተዋሃሂዶም ንምሉእ ኤርትራ ሓራ ዘውጽኡዎ: ስለዘይተቓደዉ ብሰራዊት ኢትዮጵያ ተደፊኦም: ከም ሽንቲ ገመል ንድሕሪት ኣብ ጐቦታት ሳሕል ባርካን ተመሊሶም። ብድሕሪ ምንስሓቦም ድማ ሰሚሮም ኣንደገና ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ዝምክቱ: እንደገና ዅናት ሓድሕድ ወሊዕም። ሓዲኦም ክስዓር: ሓዲኦም ድማ ክስዕር ስለዘይከኣለ ድማ: ሰውራ ትግራይ ምስ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ተላፊኖም: ማለት ህ.ግ.ሓ.ኤ. ወያኔ ትግራይን ክልቲኦም ተዘራርዮም: ንተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ወቒዖማ። ሰራዊት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ድማ ተደፍኡ: ንዶብ ሱዳን ሰጊሩ። ብኸምዚ ድማ ሰውራ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብቂዑ። እዚ ኩሉስ ስለምንታይ?

ሰውራ ትግራይን ህ.ግ.ሓ.ኤ.ን: ጭርሖ ማሕበራውያን ወይ ኮሚኒስትን ኣናጨርሑ'ዮም: ንቃለስ ኣሎና እናበሉ'ዮም ክቃለሱ ጸኒሖም። ወተሃደራዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ድማ ብወገኑ: ማሕበራዊ ወይ ኮሚኒስት ዝብል ስነሓሳብ ሒዙ እዩ ዝገዝእ ነይሩ። ሰውራ ትግራይን ህ.ግ.ሓ.ኤ.ን: ወተሃደራዊ መንግስቲ ኢትዮጵያን: ሓደ ዓይነት ማሕበራዊ ወይ ኮሚኒስት ዝብል ስነሓሳብ እንተድኣ ዝኽተሉ ነይሮም: ስለምንታይ ንረብሓ ህዝቦም ክብሉ ክቀራረቡ ዘይከኣሉ? ኣብ ውሽጢ ወተሃደራዊ መንግስቲ ኢትዮጵያን: ኣብ ውሽጢ ሰውራ ትግራይን: ወይ ድማ ኣብ ውሽጢ ሰውራ ኤርትራ: ወይ ኣብ ውሽጢ ህ.ግ.ሓ.ኤ.ን: ኢድ ምትእትታው ኤውሮጳውያንን ኣሜሪካውያንን ነይሩዎምዶ? ወይስ ኣይነበሮምን? ስለምንታይ ብዓል ፓትሪስ ሉምምባ ወዲ ኮንጎ: ኩዋማ ነክሩማ ወዲ ጋና: ኣሚልካር ካብራል ወዲ ጊኒ-ቢሳው ተቐንጺሎም? ትማሊ'ውን መራሒ ደቡብ ሱዳን ጆን-ጋራን: ን20 ዓመታት ዝኣክል ተቓሊሱ ከብቅዕ: ድሕሪ 20 መዓልቲ ስልጣን ምስ ሓዘ ግን: ስለምንታይ ተቐንጺሉ? ስለምንታይ ግን ብዓል መሶቢኒ መራሒ ኡጋንዳ: ፓውል ካጋመ መራሒ ሩዋንዳን: ከምኡ'ውን ዑመር በሺር መራሒ ሱዳንን: መዓመር ጋዳፊ መራሒ ሊብያን: ከይተተንከፉ ዝገዝኡ ዘለው? ንህዝቦም ስለዝሓለዩ ድዮም ወይስ ብረቂቕ ተልእኾ ስለዘለዎም እዮም?

ቀዳማይ ሚንስተር መለስ ዜናዊ መራሕ መንግስቲ ኢትዮጵያን: ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፍወርቅ መራሒ ኤርትራንከ: ክሳብ ሎሚ በቶም ሓይላት ባዕዳውያን መንግስታት ከይተተንከፉ ዝገዝኡ ዘለው: ንህዝቦም ስለዝሓለዩ ድ'ዮም ወይስ ትእዛዝ ጐይተቶም ስለዘኽበሩ? ሰውራ ትግራይ ወይ መንግስቲ ወያኔን ህ.ግ.ሓ.ኤ.ን ሎሚ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ: ብፍላይ ንረብሓ ጭቍን ህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን: ብሓፈሻ ድማ ንረብሓ ጭቍን ህዝቢ ቀርኒ ኣፍሪቃን: ህዝቢ ኣፍሪቃን ስለዝጣበቑ ድዮም? ወይስ ንረብሓ ባዕዳውያን ሃገራት ዝተላእኩ'ዮም? ሰውራ ትግራይ ብማለሊት እናተመርሔ ኣዲስ ኣበባ ኣትዩ። ህ.ግ.ሓ.ኤ. ድማ ሻዕብያ ኣንዳተባህለ ነስመራ ኣትዩ። ክልቲኦም ህ.ግ.ሓ.ኤ. ናይ ሎሚ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.ን: መንግስቲ ወያኔ ናይ ሎሚ ኢ.ህ.ኣ.ዲ.ግ.ንከ ብሓቂድ'ዮም ማሕበራውያን ወይ ኮሚንስት? ዝምድናታትከ ኣለዎምድ'ዩ ወይስ የብሎምን? ህዝቢ ኤርትራ ምስ መንግስቲ እትዮጵያ እንተተዋግኤዶ ይኸስብ ወይስ እንተ ተፋቐረ? ወያኔን ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.ን ኣብ ሜዳ ከለው: ብልፍንቲ ክሰርሑ ጸኒሖም: መንግስታት ምስ ኣኸሉ ግን: ብዶብ ኣሳቢቦም ዅናት ሕድሕ ወሊያም: ስለምንታይ?

## 8ይ ክፋል

*ብሓልዮት ጕጅለ ደቀባት-ኤርትራ 30 ጥቅምቲ 2008 ዓ.ም*

*ኣብተን ዝሓለፉ ምዕራፋት ከምዝተኸታተልናዮ: ኮሎንያል ጣልያን ንኢትዮጵያ ምስ ተቓጻጸረ'ውን: እቶም ዘርዕድዎ ዝነበሩ: ጀጋኑ ኤርትራውያን'ዮም ነይሮም። መሳፍንቲ ኢትዮጵያ ግን ብኣንጻሩ: ኣብ ክንዲ ብነብሶም ተኣማሚኖም: ምስ ኤርትራውያን ብውህደት ብትብዓትን ተሳኒዮም ንሃገሮም ዝከላኸሉ: ካብ ሰብ-ስልጣን ኮሎንያል ጣልያን ብስዉር ምሃያ ኣናወሰዱ: ንጀጋኑ ኤርትራውያን ንሰበ-ስልጣን ኮሎንያል ጣልያን ኣሕሊፎም ይህቡዎም ከምዝነበሩ ተገንዚብና። መራሕቲ ወያነኸ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ዝኽተልዎ ዘለው ስትራተጂ: ምስቶም ቀዳሞት መሳፍንቲ ኣቦታቶምን: ኣቦሓጎታቶምን ዝኽተልዎ ዝነበሩ ይዛመድዶ? እስከ ነዚ ዝስዕብ ሓጺር ትንተና ንከታተል። ሰናይ ንባብ።*

## *እንታይነት ወያነን ዓላምኡን*

ከምቲ ኣብተን ዝሓለፉ ምዕራፋት ብሓጺሩ ተገሊጹ ዘሎ: መሳፍንቲ ትግራይ ርእሶም ኣብ ዘልዓልሉ እዋን: ንመሬት ኤርትራን ህዝባን ኣብ ትሕቲኦም ኣእትዮም ንምምብርካኽ ከምዝብህጉን: ክጽግሞምን ወረርቲ ክወርዎም ከለውን ድማ: ብዘይ ጀጋኑ ኤርትራውያን ከምዘይኮነሎም ኣጸቢቖም ስለዝፈልጡ: ሃየ ርድኡና



ይቕጽል

ምባል ኣመሎም ከምዝነበረ ተገንዚብና። እቲ ኣዝዩ ዝኸፍኤ ግን: “ሕማቕ ገላጋሊ መጻልኢ“ ከምዝብሃል: ነዚ ኣብ መንጎ ትግራዎትን ኤርትራውያንን: ዝነብረ ግርጭት: ስለላ መርበብ ዓባይ ብሪጣንያ ጣልያንን ብብልሓት ብጥቕምን መዝሚዞም: ንኤርትራውያን ብጅግንነቶምን ፍትሓውነቶምን: ከምዘይጽዓዱሎም ከጽንዑዎም ከለው: ንትግራዎት ግን ብጠቕሚ ከምዝታለሉን: ብጐርሖም ድማ ምስጢር ክዕቅቡ ከምዝኽእሉ ስለዘለለዩዎም: መሳርሒ ክጥቀምሎም ከምዝመረጹን: ንሱ ከኣ ነቲ ስትራተጇኦም ከምዝሓገዞም ተኻታቲልና። ካብ18 ክፍለ-ዘመን ማለት ካብ ዘመን ዮውሃንስ 4ይ ጀሚሮም: ንትግራዎት መሳርሒ ብምግባር: ኣብ ስለላ መርበብ ኣእትዮም: ብስዉር ኣንጻር ኤርትራውያን ኣሕዋቶም ከዋፍሩዎም ከምዝኸኣሉ’ውን ተረዲእና። ታሪኽ ከምዝምስክሮ ድማ ንኤርትራ መሬታን ባሕራን ስለዝብሃገ: ካብ ሽዑ ጀሚሮም ዓላምኦም ከይቀየሩ: መልክዖምን ሜላኦምን ግን ብረቂቕ ኣናለውወጡ: ክሳብ ሎሚ ንህዝቢ ኤርትራ ድቃስ ይኸልኡዎ ከምዘለው ተዓዚብና።

እምብኣር ታሪኻዊ ፍጻሜታት መሳፍንቲ ትግራዎትን: ቅድሚ ሚእቲ-ዓመታት እንታይ ከምዝነበረን: ርክባቶም ምስ ስለላ መርበብ ዓባይ ብሪጣንያን ጣልያንን ድማ ከመይ ከምዝነበረ ካብ ተገንዚብና: እስከ ብዛዕባ ዝምድና መሳፍንቲ ትግራይን: እዞም ሎሚ ድሕሪ ሓደ ዘመን: ንኢትዮጵያ ዝገዝኡዋ ዘለው መራሕቲ ወያነን: ኣወዳዲርና ክንድህስሶ ንፈትን። ንድህሰሳና ክሕግዘና ግን: ንብልሓት መራሕቲ ወያነን: ቀዳሞት መሳፍንቲ ኣቦታትቶምን ኣባሓጎታቶምን: ምትእስሳር ምስ ዘመናዊ ስለላ-መርበብ ባዕዳውያንን ምፍታሽ ከድልየና’ዩ። ነዚ ንኽንገብር ድማ ብስምዒትን ብቕርሕንትን ዘይኮነ: ከተኣማምን ዝኽእልን: ኣብ ታሪኽን ስነ-መጐትን ዝተመርኮሰ ምርምር ምክያድ ከድልየና’ዩ። ብኸምኡ ኣገባብ ምስንፍትሽ ጥራይ ኢና: መራሕቲ ወያኔ ብሓቂ ፈተውቲ ህዝቢ ኤርትራ ድዮም: ወይስ “ራዛ ናየብኡ ሓዛ“ ዝብል ውርሻ ወሪሶም: ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ’ዮም: ኣብ ዝብል መደምደምታ ክንበጽሕ እንኽእል። ስለ’ዚ ብወያኔን ትርጉሙን: ታሪኻዊ ተልእኾኡን ክንጅምር’ና።

## ወ ያ ነ ን ትርጉሙን ታሪኻዊ ተልእኾኡን

ትርጉምን ታሪኻዊ ተልእኾን ወ ያ ነ ካብ ብ*1941* ዓ.ም. እዩ ዝጅምር። ሓደ እንግሊዛዊ ንንጉስ ሃይለስላሴ ብ*1941* ዓ.ም. ከም’ዚ ዝስዕብ ሰባብ ምኽሪ መኸሮ ይብሃል። “ንኢትዮጵያ ኣብ ሰለስተ ዞባታት ከፋፊልካ ጥራይ ኢኻ: ብቐሊሉ ክትገዝኣ እትኽእል። ብኸም’ዚ ዘላቶ ግን ክጽግመካን ክገፍሓካን’ዩ። ኣብ 3 ዞባታት ከፋፊልካ ግን: ንስኻ ሽዑ ማእከላይ መንግስቲ ሒዝካ: ብቕሊሉ ክትገዝእ ትኽእል ኢኻ“ በሎ።
እተን ሰለስተ ዞባታት ድማ ከም’ዚ ዝስዕባ ነበራ:-

1.) ካብ ፈለግ ጊቤ ንኔው
2.) ካብ ፈለግ ግቤ ክሳብ ፈለግ ተከዘ
3.) ካብ ፈለግ ተከዘ ድማ ክሳብ ቀይሕ ባሕሪ

ኣዚ ኣከፋፍላ ግዝኣት ሲስተም’ዚ: ምስቲ ክሳብ ሎሚ ዘሎ ኣብ ሃገር እንግሊዝ: ዝስርሓሉ ዘሎ ከፋፊልካ ግዛእ ዝመሳሰል’ዩ።

ካብ’ዚ ነቒሎም ትግራዎት *1942*ዓ.ም: ከም ብዓል ሃይለማርያም በዛብህን ቀኛዝማች ገብረየሱስ ወደንገዝ: ካብ ዳሞ ገሊላ ዓድዋ ወዘተ..ዝኣመሰሉ: ኣንጻር መግዛእቲ ኣምሓራ “ኣለ ውሃ ምላሽ“ ዝብል ህዉኽ ወፍሪ ጀመሩ። ኣርምኦም ድማ ኣብ ኣፍ ልቦም መስቀል ስኢሎም: “መስቀላውያን ኢና“ ዝብል ቀዳማይ “ወያኔ“ ከምዝጀመሩ ይንገር። ብድሕሪ’ዚ ንጉስ ሃይለስላሴ ብሓገዝ መንግስቲ ዓባይ-ብሪጣንያ: ኣጋር ሰራዊት ብካብ ካብ የመን ዝተበገሳ ነፈርትን ኣሰንዩ ደምሰሶም። ሽዑ ድማ ዝመውትን ዝሃድምን ዝእሰርን፣ውሑዳት ካብቶም መራሕቲ ዝነበሩ ከኣ: ንኤርትራ ሰጊሮም ምስቲ ሽዑ እዋን ማሕበር “ፍቕሪ ሃገር ኤርትራ“ ዝብል ዝነበረ ምንቅስቓስ ተጸንቢሮም: ኣብ ዋዕላ ቤት-ገርጊሽ ተኻፊሎም ከኣ: “ኣለ-ውሃ ምላሽ“ ዝብል ዓላማ ዘለዎ ዛዕባ ኣቕረቡ። ክሰልጦም ስለዘይከኣለ ግን ተባታተኑ። ከም ኣብነት ደግያት ሃይለማርያም: ኣብ ንጉስ ሃይለስላሴ ሰሊሙ: “ቢትወደድ“ ተባሂሉ ገዛኢ ኣውራጃ ዓጋመ ተሾመ። ከምዚ’ሎም መሳፍንቲ ትግራይ: ኣብ እዋን ቀዳማይ ወያነ ኣንጻር ንጉስ ሃይለስላሴ: ኣብ ዝገበሩዎ ምንቅስቓስ: “ኣለ-ውሃ ምላሽ“ ዝብል ስትራተጂ ዝኸተል ሒዞም’ዮም ዝተላዕሉ። ብዘይ መደብ ዕዮ ስለዝጀመሩዎ ግን ቀልጢፎም ተሳዕሩ። ኣብቲ ብደስታ ተክለወልድ ኣዲስ የኣማሪኛ መዝገብ ገጽ *191*ን*431*ን የኣማሪኛ መዝገበ ቃላት: ን“ወ የ ነ“ ዝብል ቃል ብቋንቋ ግእዝ: ካብ “ወ የ ነ“ ዝወጸ ቃል ኮይኑ: ወይኒ ሰትዩ ሰኺሩ ዝተበራበረ: ወይ ዝነቕሔ የስምዕ“ ይብል። ወይ ከኣ “ወ ያ ነ“ ማለት ሃዳኒ: ከም ውሕጅ ሩባ ብፍኑው እናኸደ ዝዋጋእ ሸፍታ“ ኢሎም ይትርጉምዎ። ኣብቲ *ብተፈራ ወርቅ ኣርምዴ የኣማሪኛ መዝገብ ቃላት’ውን:* “ወያኔነት ሓለቓ ዘይብሉ እኽብካብ ጭፍራ“ ብድልየቱ ነንሓድሕዱ ዝቃተል ወይ ዝዋጋእ“ ኢሉ ይትርጉሞ።

## ሰውራ ትግራይ 1975 ዓ.ም.

ብ1975 ዓ.ም. መንእሰያት ትግራዎት ኣብቲ ፈለማ እዋን: ካብ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርሲቲ ተበጊሶም: ነቲ ቀዳማይ “ወያነ“ ዕላማ መቐጸልታ ዳግማይ “ወያነ“ “ተ.ወ.ሓ.ት.“ ዝብል ስም ውድብ መስሪቶም ንጐቦ ዓሲምባ ወፈሩ። ክብገሱ ከለው ድማ ኣብ ተ.ሓ.ኤ.ን ህ.ግ.ሓ.ኤን እዮም ተጸጊዖም። ተ.ሓ.ኤ.ን ህ.ግ.ሓ.ኤን ዓሊመንን ምሂረንን ታተ ሰንበተ ኣቢነ እግሪ ኣትኪለንኦም። ካብኡ ቀጺሎም ድማ ነቶም ተጋድሎ ሓርነት



ይቕጽል

ትግራይ ዝኸተሉ ዝነበሩ ሓርበኛታት ትግራዎትን: ነቶም "የኢትዮጵያ ህዝባዊ ኣብዮታዊ ፓርቲ" (ኢ.ሕ.ኦ.ፓ.) *Ethiopian People's Revolutionary Party* (EPRP) ዝጽውዑ ሓርበኛታትን: ከምኡውን ብብዓል ልዑል ራስ መንገሻ ስዩም ዝምራሕ ዝነበረ: ብዲሞክራስያዊ ሕብረት ኢትዮጵያ ዝፍለጥ EDU *Ethiopian Democratic Union* ዝተባህለ ውድብ: እሕቂቖም: ብማለሊት ፓርቲ ዝምራሕ ሓዲሽ ስም <u>ህ.ግ.ሓ.ት.</u> ዝብል ብ*1977* ዓ.ም መስረቱ። "ንትግራይ ሓራ ንምውጻእ" ዝብል ቀንዲ ዕላማኦም ገይሮም ከኣ ቃልሶም ቀጸሉ። ምስ ህ.ግ.ሓ.ኤ ተላፊኖም ድማ ንተ.ሓ.ኤ.: ካብ መሬት ኤርትራ ንዶብ ሱዳን ከምትሰግር ስለዝገበሩ: ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ ነውሪ ዝኾነ ኢድ ምትእትታው ፈጸሙ። ብ*1987* ዓ.ም. ድማ ኣብ ውድባዊ ጉባኤኦም ገምጋም ቃልሲ ገበሩ። ንሱ ድማ ንግዝያዊ ውዲታዊ ረብሓ ዝሰንዕወንን: ኣብ ፖለቲካዊ ታሪኽ ኢትዮጳያ ተፈላጥነት ዘይነበረንን: ሳታላይት ውድባት ተዓጂቦም: ነቲ ህ.ግ.ሓ.ት. ዝብል ስሞም ደምሲሶም: ሓዲሽ ኢ.ህ.ኣ.ደ.ግ. ዝብል ስም ኣጠመቑዎ። ነቲ ንትግራይ ነጻ ምውጻእ ዝብል ዕላማ ገዲፎም ከኣ: "ንዓባይ ኢትዮጵያ ሓራ ከነውጽእ ኢና" ዝብል ሓዲሽ ዕላማ ሓንጸጹ። ብወትሃደራዊ ስለያዊ ሓበሬታ መንግስቲ ኣሜሪካን: ብልፍንታዊ ሓገዝ ሰራዊት ህ.ግ.ሓ.ኤ.ን ከኣ: መተካእታ ደርጊ ኮይኖም ንኢትዮጵያ ተቖጻጸሩ።

## *ዝምድና መሳፍንቲ ትግራይን ወያነን*

እዞም ሎሚ ዘለው ካልኣይን *3*ይን ወለዶ መራሕቲ ወያኔ: ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ኤርትራውያንን ፍትሓዊ ኣረኣእያ ኣለዎምዶ? እስከ'ምብኣር ብስምዒትን ዘይኮነስ: ብክውንነታዊን: መጎታዊን *(Plausibility)* ወይ ከኣ ኣብ ታሪኻዊ ንጹርነትን *(Transparency)* ተመርኲስና: ዝምድና መራሕቲ ወያኔን: ቀዳሞት መሳፍንቲ ኣቦታቶምን ኣቦሓጎታቶምን ከነቕርብ ክንፍትን ኢና። ርግጽ'ዩ ኩሉ ብዝርዝር ምትንታን ግዜን ቦታን ስለዘይኣኽለና: ብኸም'ዚ ከነቕርቦ ክንፍትን ኢና።

1) መብዛሕትኦም መራሕቲ ወያኔ ደቂ መሳፍንቲ ትግራዎት እዮም።

2) ታሪኽን ኣፈታሪኽ ኣቦሓጎታትና ከምዘረጋግጾ: መሳፍንቲ ኣቦታቶም ክጽግሞም ከሎ: ንህዝቢ ኢርትራ ርድኡና ይብሉዎ ነይሮም። ህዝቢ ኤርትራ ድማ ኣብ ጕንኦም ተሰሊፉ ይረድኦም ነይሩ። ንመረዳእታ ካብቲ ኤርትራውያን ንመሳፍንቲ ትግራይ: ዝልግስዎ ዝነበሩ ብዙሕ ሓገዛት ብውሑዱ: ነዘን ዝስዕባ መረዳእታታት ክንጠቅስ ኢና:-

   ሀ) እቲ ንኸተማታት ኢትዮጵያን ትግራይን ዝደምሰሰ: ኣረሜን መሓመድ ግራኝ ብሳላ ኤርትራውያን ተደምሲሱ:
   ለ) ኣብ ዂናት መተማ ኣንጻር ዶርቡሽ ዝተኻየደ: ብዮውሃንስ 4ይ ዝምራሕ ውግእ'ውን: ብሳላ ኣሉላ ኣኪቡዎም ዝኸደ ጀጋኑ ኤርትራውያን ደርቡሽ ተሳዒሩ።
   ሐ) ኣብ ዂናት ዓድዋ: ካብ ምሉእ ሰራዊት ኢትዮጵያ 60% ዝኾኑ ጀጋኑ ኤርትራውያን: ተኻፊሎም ተዓዊቶምን'ዮምን።

3) መራሕቲ ወያኔ ድማ: ንተ.ሓ.ኤ.ን ህ.ግ.ሓ.ኤን ገና ክምስረቱ ከለዉ: ጸጊሙና ሓግዙና ስለዝበሉዎም: ሰውራ ኤርትራ ብሕልፊ ህ.ግ.ሓ.ኤ: ፍጥር ክብሉ ከለው ጀሚሩ ዓሊሙን ምሂሩን ኣታቲዩዎም'ዩ።

4) መራሕቲ ወያኔ ንኣዲስ ኣበባ ክኣትዉ ከለው: ሰራዊት ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኣብ ጐንኦም ተሰሊፉ: ስልጣኖም ክሳብ ዝድልድል ከም ዘብዐኛ ኮይኑ ሓጊዙዎም'ዩ። ኣቦታቶም መሳፍንቲ ትግራዎት ክጥዕሞም ከሎ: ንህዝቢ ኢርትራ የወርዎ ከምዝነበሩ ተገንዚብና። ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ኤርትራውያንን ዘይፍትሓዊ ተግባራት ይፍጽሙ ከምዝነበሩ'ውን ተኸታቲልና። ሎሚኸ'ዞም መራሕቲ-ወያኔ ወይ ደቂ መሳፍንቲ ትግራዎት: ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ህዝቢ ኤርትራን: ካብ ኣባሓጎታቶም ዝወረስዎ መደብ-ዕዮ ፈጺሞምዶ? ወይስ ነቲ ቀደም ዝነበረ ድሑር ኣተሓሳስባ ብሓዲስ ኣተሓሳስባ (ብማርክስ-ለሊንነት) ድሮ ኣብ ሜዳ ከለው ደምሲሶሞ'ዮም? ወይስ ንህዝቢ ኤርትራ ካብ ሻዕብያ ጀብሃን ንላዕሊ'ዮም ዝሓስብሉ? እቲ ሓደ ሓደ መራሕቲ ወያኔ: ከም ብዓል ኣቶ ስብሓት ነጋ: "ሰውራ ኤርትራ ብዘይካ ነጻነት እትብል ቃል: ንሓርነታዊ ቃልሲ ኣይተዳለወን ነይሩ"...ሕጂ'ውን ንኤርትራ ዝወርር ጸላኢ እንተድኣ መጺኡ: ትም ኢልና ኣይንርእን" ዝበልዎ: ኣብ ግብሪዶ ኣርእዮሞ'ዮም? ወይስ ብሕጂ ንህዝቢ ኤርትራ ከድሕንዎ'ዮም? ወይስ መልሓሶም ንኸጥዕሙ ዝዛረቡዎ ሜላ'ዩ? ነዚ'ውን ክይተገራህና ምፍታሹ ከድልየና'ዩ።

5) እቲ ካብ*1998* ጀሚሩ ክሳብ *2000* ዓ.ም ዝወሰደ ኣዕናዊን ትርጕም ዘይብሉን መሪር ዂናት: ኣሻሓት ሂወት ደቂ ክልቲኤን ሃገራት ንኸንቱ ኣህሊቑ'ዩ። ጠንቁ ግን "ብሰበብ ዶባዊ ግርጭት ዝተበገሰ'ዩ" ተባሂሉ። ነቲ ኣብ ካብ *1987* ዓ.ም. ኣትሒዙ ዝነበረ ቃል ኪዳናዊ ሽርክነት: መራሕቲ ወያነን መራሕቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.ን ኣብ ግምት እንተድኣ ኣእቲና ግን: ከም'ዚ ዓይነት ጌጋ ክፍጸም ኣይነብሮን። ግን ከኣ ሓደ ብነብሱ ዘይተኣማመን ውልቀ-ሰብ ይኹን ጕጅለ: ወይ ውድብ ጽግዕተኛ: ወይ ዕሱብ ናይ ጓኖት ምስዝኸውን: ከምኡ ኽፍጽም ባህርያዊ'ዩ። እቲ ካብ ኩሉ ዘሕዝን ግን: ብደም ወገንካ ንረብሓ ጓኖት ምኽዳም'ዩ። ክልቲኦም መራሕቲ: (ወያነን ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.ን) ምስቲ ዝነበሮም ሰውራዊ ተመክሮ: ብፍላይ ካብ ዂናት ዝኸሰቡ: እቶም መሳርያ ውግእ ዝሰርሑን ዝሸጡን ባዕዳውያን ሓይልታት ምዃኖም: ኣጸቢቖም ይፈልጡ'ዮም። ካብ ዂናት ረብሓ ከምዘየለ እናተረድኡን: ወለዶ ህዝቢ ኢትዮጵያን





ይቕጽል

ኤርትራን ትግራይን ከምዘጽንት እናፈለጡን ግን: ነቲ ገርህኛ ስምዒት ሕልናን ህዝቢ ብራድዮን ተለቪዥንን መዝሚዞም ነቲ ዥናት ኣጐሃሂሮሞ'ዮም።

6) "መራሕቲ ህ.ወ.ሓ.ት. መንግስቲ ምስ ሓዙ: ብነጻነትን ኤርትራ ኣሚኖም'ዮም": ንዝብል ገርሄኛ ኣዘራርባ ይስማዕ'ዩ። ነቲ ወያነ ብግብሪ ጸረ ህዝቢ ኤርትራን: ልዑላውነት ኤርትራን ዝፈጸምዎ: ክትከታተል ከሎኻ ግን: ብእንጻሩ ጥራይ ኢኻ ክትርድኦ ትኽእል። ንኣብነት ንልዑላውነት ኤርትራ ባዶ ንምግባር ተልእኾ ኣለዎም'ውን የብለካ። ንመረዳእታ ብሕልፊ መራሕቲ ወያነ መንግስቲ ምስ ሓዙ: ነቲ ኣመል መሳፍንቲ ኣቦታቶም ከም ውርሻ ወሲዶም: ምኽሪ ስለላ መርበብ ብምስማዕ: ንህዝቢ ኤርትራ ኣበሳቢሶም መነባብርኡ ኣዘናቢሎም: ንልዑላውነት ኤርትራ ኣብ ሓዲ-መዲግ ኣእቲዮሞ እዮም።ንመረዳእታ በቲ ብዶብ ኣሳቢቦም: ንመንግስቲ ኤርትራ ቊሳቚሶም (ፕሮቮክ): ካብ 1ይን ወራር ጀሚሩ ኣብ 2ይን 3ይን ወራራት ከምዝልሕም ምግባሮም: ጸኒሖም ድማ ነቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባን ካልኦት ከተማታት ኢትዮጵያን: ወያኔ ከይተፈጥሩ ጀሚሩ: ንመዋእል ዝነብር ዝነበረ: ሓደ ክፋል ህዝቢ ኤርትራ: ብመሳፍንቲ ኢትዮጵያ ክድፈር ዘይከኣለ: "ንነጻነት ኤርትራ ኣድሚጽካ ኢኻ" ኢሎም: ሰብኣዊ መሰሉ ገፊፎም ጕሒፎሞ'ዮም። ከም'ዚ ዝገብር መንግስቲ ብልኡላውነት ኤርትራ ዝኣምንን: ፈታው ህዝቢ ኤርትራን ክብሃል ከቶ ኣይኽእልን። ፈታው ህዝቢ ኤርትራን ዝኾነ መንግስቲ ድማ: ከም'ዚ ነውሪ ዝኾነ ዓመጽ'ዚ ኣይፍጽምን'ዩ። "ኣምላኽ ምስ ዝጸልእ ምኽሪ ይኸልእ" ከምዝብሃል: እዝግሄር ጸሊኡሎም'ምበር: ብፍላይ ህዝቢ ኤርትራን ትግራይን: ብሓፈሻ ድማ ህዝቢ ኢትዮጵያን: ብዝምድና ዘይርሓሓቑን: ሓባራዊን ክቡር ባህልን: ቅዱስ ሃይማኖትን: ብባህርያዊ ዝተዓደሎም ጸጋን ዘለዎም ህዝብታ'ዮም ነይሮም። ብሰንኪ ዕሱባት መራሕቲ ግን: ዕጫኦም ኮይኑ ኣብ ነንሓድሕዶም ክፋለሱ እንሆ መውእል ኮይኑ። ርግጽ'ዩ መሳፍንቲ ኢትዮጵያ: ካብ ምኒሊክ 2ይ ጀሚሮም: ከም ቀዳማይ ስትራተጅኦም ንዲሞክራስን ምዕባሌን: ንብልጽናን ሰላምን: ህዝቦምን ሃገሮምን ሓሲቦም ኣይፈልጡን'ዮም። <u>የግዳስ እቲ ረብሓ ብስዉር ንባዕዳውያን ክነሱ: ንሳቶም ግን ዋርድያታት ወደብ ዓሰብን ምጽዋዕን ኮይኖም: ንህዝቦም ንመዋእል ኣታሊሎሞ'ዮም።</u> ደርግን መራሕቲ ወያኔን ድማ: "እታ ብርዅታ ከምታ ሓብታ" ክምዝብሃል: ኣብ ክንዲ ካብ ታሪኽ ተማሂሮም: ነቲ ኣሕዋት ዝኾነ ህዝብታት ዘቀራርብዎ: ውርሻ ኣቦሓጕታቶም ወሪሶም: ዋላ ትንፈር በጊዕ'ያ ክብሉ መሪጾም። "ኣናፍራ ቔቛሕ ዘይፈለጠስ ኣይሃዳናይን" ከምዝብሃል: መሲሉዎም ደኣ'ምበር ኣብ መወዳእታስ: በዚ ተዋስኦ'ዚ መን ከምዝረብሕ: ከይደንጐና እቲ እዋን ባዕሉ ክርክበልና'ዩ። እምብኣር እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ መራሕቲ ወያነ ዝፍጽምዎ ዘለው ብልሓታዊ ወፍሪ: እንተድኣ ብዓሚቝ መጽናዕቲ ተኻታቲልናዮ: መልክዑ ይቀያየር'ምበር: ትሕዝቶኡስ "ራዛ ናየብኡ ሓዛ" እዩ። ብሓጺሩ ከይተገራህናን ብግዝያዊ ትኳቦት ወይ ጠቕሚ ከይተታለልናን: ነቲ ወያኔ ካብ ሜዳ ኤርትራ ጀሚሮም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ክሽድዎ ዝጸንሑን: ካብ *1998-2000* ዓ.ም. ክሳብ ሕጂ ድማ ብዝተራቐቐን ዝተመሳጠረን ስነኣእምራዊ መስርሕ ዝጕዓዝዎ ዘለውን: ብደቂቕ እንተድኣ ክንከታተሎ ክኢልና: ካብቲ መሳፍንቲ ትግራዎትን ኣምሓራን ኣባ-ሓጕታቶም ዝፍጽምዎን ዝሓልምዎን ዝነበሩ: ዝገደደን ዝኸፍኤን'ዩ። እኳድኣ ብረቂቕ ባዕዳዊ ስለላ መርበብ ዝተሰነየ ኮይኑ: ንህዝቢ ኤርትራ ጸላኢኡ ፈሊጡ ሓቢሩ ንከይቃለስ: ኣብ ክንዲ ዕቱብ ምትሕብባር ዝገብሩ: ብኣንጻሩ ግን እቲ ክበጽሑዎ ዝደልዩ ሕልሚ: ህዝቢ ኤርትራ ንዳግማይ ግዜ ከይተረፈ'ውን: ፈጺሙ ክቃለስ ከምዘይክእል ገርካ: እቲ ጐርቢ ጥጥቖ ከይኑ ዝተረፈ ተረፍ-መረፍ ድማ: ኣላሽ ኢሉ ኣብ "ዓባይ ኢትዮጵያ" ማርያም ተሃብኩም እናበለ: ብወያኔ ክግዛእ'ዩ። ስለ'ዚ ከኣ ኢና እቲ ዝፈጸምዎን: ክፍጽምዎ ዝሓልሙ ዘለውን: ካብ'ቲ ብኣቦታትቶምን ኣባሓጎታቶምን ዝፈጸምዎ ዓመጽ ዝገደደ'ዩ ዘብለና ዘሎ። ኮታ እቲ ስዉር ውዕላቶም ምስ ኢሰያስ ከዊሎም: ንኸምስሉ ጌጋታት ኢሰያስ እንዳጸባጸቡ: ንጕዳይ ኤርትራ ሓኒቖም: ህዝቢ ኤርትራ ንሓዋሩ ከምዘይትንስእ ዝሓልሙ ጕጅለ'ዮም: ኣንተተባህለ ጌጋ ኣየስምዕን'ዩ። እቲ ካብ ኩሉ ዘሕዝን ድማ: ኣብ መበል *21* ክፍለ-ዘመን: ህዝቢ ዓለም ማዕቢሉሉ ዘሎ እዋን: መራሕቲ ወያኔ ግን ኣሞኺኣ ድሕሪ ረፈረንዱም ኤርትራ: ብዶብ ኣመሳሚሶም መሳርሒ ባዕዳውያን ክኾኑ: ክትርኢ ከሎኻ: ኣዝዩ ዘተዓዛዝብ'ዩ። ኮይኑ ግን <u>እንተኮይኑልክን ጽባሕ ንርኤክን</u> ኢልና: ንኹሉ ውዲታቶም ንግዜ ክንገድፎ ኢና።

7) ከም'ታ ኣብ ግዜ ኮሎንያል ጣልያን ዝነበረት ውዲት: ሕጂ'ውን ታሪኽ ብረቂቕ ይድገም ከምዘሎ ምስትውዓል ከድልየና'ዩ። ብርግጽ ድማ ልዑላውነት ኤርትራ ብህዝቢ ኤርትራ'ምበር ብትግራዎት ከምዘይዕቀብ ታሪኻዊ ሓቂ'ዩ። ንኣብነት ምስ ወያነ ተጸጊዖም ዘለው: ተቓወምቲ ኤርትራውያን: ብብረት ኣንጻር'ቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ መንግስቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.: ተንከስ ኢሎም ከምዘይውቕዑ: ወያኔ ብስዉር ኣብ ውሽጣዊ መደብ-ዕዮኦም ከም ዘስፈርዎ: ነቲ ብዙሕ ገርሄኛ ህዝቢ'ኳ ኣንተተኸወሎ: ነቶም ተመራመርትስ ኣይክወሎምን'ዩ። መልሓሶም ከጥዕሙን ሓለይቲ ውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ ንኽመስሉን ግን: ብስቓይን ብመከራን ህዝቢ ኤርትራ ክውሕልሉ ይርኣዩ ኣለው። "ዘይወግሕ መሲሉዋስ ኣብ ቦዥራ ትጽሕጽሕ": መሲሉዎም ድኣ'ምበር: እዛ ንነብረላ ዘሎና ዓለም ብዝተረጋገጸ መንገዲ: ካብ መጋረጃኣ እናተቐልዔት: ትጕዓዝ ከምዘላስ ምግንዛብ መድለ'ዮም ነይሩ። <u>ማለት እቶም ግሎባል ኤሊትስን ግሎባል ፕለየርስን: ድሕሪ ብሮጀክት "ነጻነት ንምዕቃብ" (ኢንዱሪንግ ፍሪዶም)ኣብ</u>





ይቕጽል

ኣፍጋኒስታንን: “ነጻነት ንኸይድፈር ምክልኻል“ (ፕረቨንሽን ፍሪዶም) ኣብ ኢራቕ: ዝብል ሽፋን: ወይድማ እቲ ብረቂቕ ማዕረ-ማዕረኡ ዝኸይድ ዘሎ ብፍላይ ኵነታት ቀርኒ ኣፍሪቃ: ብሓፈሻ ድማ ጕዳይ ኩለም ሃገራት ኣፍሪቃ: እንተዝግንዘቡ ነይሮም ህዝቦምን ንባዕሎምን መድሓኑ ነይሮም። ታሪኽ ድማ መመዝገቡ ነይሮም።

8) ኤርትራ ደኺማ: ህዝባ ኣላሽ ምስበለ: ብቐስብ ምስ ኢትዮጵያ ከይተጸንበረት ወያነ ከምዘይ ድቅሱ: ብዙሓት ተዓዚብቲ ዝግምግምዎ ዘለው ገምጋም’ዩ። ንኣብነት ኪዳን ከምተቓዋሚ ሓይሊ መጠን: ሓባራዊ ወተሃደራዊ ጽላል መስርሪቱ: ንህዝቢ ኤርትራ ካብ ሽግሩ መታን ከየገላግሎ: ስዉር ኢድ መራሕቲ ወያነ ከምዘለዎ’ውን: ነቶም ኣርሒቖም ዝጥምቱ ድሮ እናበርሃሎም ከይዱ’ዩ።

9) ሓያሎይ ተመራመርቲ ሰውራ ኢትዮጵያን ኤርትራን: ርእይቶኦም ክገልጹ ከለው: “ወያኔ ኣዚ ሕጂ ዝርእዩዎ ዘለው ኣመል: ሎሚ ዱብ ኢሉ ዝመጸ ወይ ድማ ኣብ ሜዳ ምስ ወፈሩ ዝመሃዙዎ ሓዲሽ ምህዞ ኣይኮነን። ገና ክፍጠሩ ከለዉ ሒዞሞ ዝወፈሩ ሕቡእ ኣጀንዳን ስትራተጂን’ዩ“ ይብሉ። ቀጺሎም ክትንትኑ ከለው እቶም ተመራመርቲ:- “ኣብ ስሳታት ኣብ ኣዲስ ኣበባ: ብፍላይ ብድሕሪ’ቲ ብጀነራል መንግስቱ ነዋዩ: ንንጉስ ሃይለስላሴ ንምግልባጥ: ተፈቲኑ ዝፈሸለ መፈንቅለ መንግስቲ: ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ: ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ ኣንጻር መስፍናዊ መግዛእቲ ንጉስ ሃይለስላሴ: ተባዕ ዝኾነ ምንቅስቓሳት የካይዱ ነይሮም’ዮም። ንኣብነት ከም ብዓል ዋልልኝን ጥላሁንን ዝተባህሉ: ሓርበኛታት መራሕቲ ተመሃሮ-ዩኒቨርስቲ ዝነበሩ: ከምኡውን ብዙሓት ኣስማቶም ዘይተጠቕሰ ገስገስቲ ተማሃሮ ተቐንጺሎም’ዮም። ኣብቲ ውሽጢ ዩኒቨርሲቲ ስለላ መርበ መንግስቲ ኢትዮጵያ: ምስ ስለላ መርበብ መንግስቲ ኣሜሪካ ተላፊኖም: ነቲ ብተማሃሮ ዝከይድ ዝነበረ ሰውራ: ንኸበርዕንዎ ብዙሕ ጻዕሪ ኣካይዶም’ዮም: ብእኡ ጥራይ ግን ኣየዕረፉን። ኣብ በረኻ ሰውራ እንተድኣ ተጀሚሩ: በላሕቲ ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ: ክሕወስዎን ክመርሑዎን ስለዝኽእሉ: ንዳሕራ’ዩ ንምዕጋቱ ከጸግም ስለዝኽእል: ኣቐዲሞም ካብ ማእከል ዩኒቨርሲቲ ብሉጻት ተመሃሮ መልሚልሎም: ንሜዳ ተቓለስቲ መሲሎም ክዋፍሩ ረቂቕ መደብ ሓንጺጾም። “ብኸምዚ መጽናዕቲ’ዚ ድማ መንእሰያት ትግራዎት ተማሃሮ ዩኒቨርሲቲ መራሕቲ ሰውራ ተመሲሎም ጸረ-ሰውራ ከገልግሉ: ብስዉር ተመዚዞም ንሜዳ ወጺኦም። “እቲ ናይ ስለላ ነገር ስዉር ስለዝኾነ ግን: ብሰነድ መልክዕ መረጋገጺ ክትሓዝ ኣጸጋሚ’ዩ“ ይብሉ። ቀጺሎም ክሕብሩ ከለው እቶም ተመራመርቲ: “እቶም ዝልኣኹ ዝነበሩ መብዛሕትኦም ብሉጻት ተመሃሮ ኮይኖም: ምስጢር ክዕቅቡ ዝኽእሉን: ብፍላይ ድማ ትግራዎት ክኾኑ ከምዘለዎም’ዩ ብክኢላታት ተሃንዲሱ“ ይብሉ። ኣብ ዩኒቨርሲቲ: ንኣብነት ከም ኩሎም ተማሃሮ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ: ኣብቲ እዋን’ቲ ዝፈልጡዎ: ለገሰ ዜናዊ ካብ ቤት ትምህርቲ ዊንጌት *(Elit school)* ጀሚሩ: ካብቶም ብሉጻት ተመሃሮ ዝነበረ’ዩ። ኣብ ዩኒቨርሲቲ ድማ ኣብ ላዕለዋይ ትምህርቲ ሕክምና (*Faculty of Medicine)* እዩ ዘጽንዕ ነይሩ። ካብኡ ኣቋሪጹ ግን ንሜዳ ክወፍር ተገዲዱ። ስለምንታይ? ነዚ ረቂቕ መስርሕ’ዚ ተራ ሓፋሽ ብቐሊሉ ክፈልጦ ኣጸጋሚ’ዩምበር: ንስራሕና ኢሎም ብልቦም ዝመራመሩን ዝድህሰሱን ክኢላታትን’ሲ እቲ ጕዳይ ብሩህ’ዩ። ዝኾነ ኮይኑ ንዓሻን ደርጕሓሉ: ንለባም ከኣ ኣምተሉ ከምዝብሃል: ከምኡ ስለዝኾነ ድማ: ድሮ እቶም ኣብ ኢትዮጵያን ኣብ ኤርትራን ዘለው: መራሕቲ:ነቲ ዘካይድዎ ዘለው ስርሓት: ብግቡእ ኣንተድኣ ተኻታቲልናዮ: “እታ ብርኽታ እምኒ’ላታ“ ጥራይ እዩ ዘብል። ኮይኑ ግን እስከ ጽሓይ ይብረቕ ማይ-ይዛሪ: ሓርበኛን ሰላዩን ከነለሊ: ጥራሕ ምባል ከድልየና’ዩ።ዝኾነ ኮይኑ ግን ግዜ እናብርሆ ይመጽእ ስለ ዘሎ: ጽባሕ ንግሆ ሓፋሽ ከይተረፈ’ውን ክፈልጦ’ዩ። ሃይልስላሴ’ውን ሰላይ ምንባሩ ድሕሪ 40 ዓመታት ምግዝኡ’ዩ ተፈሊጡ።

10) መንግስቱ ሃይለማርያም ብወገኑ ብዛዕባ ወያኔ ተሓቲቱ ክምልስ ከሎ: “ናይ ስለያ ትካልና ነዞም ጭፍራ ወያኔ: ካልእስ ይትረፍ ኣስማቶም’ውን ኣብ መዝገብ ኣየስፈሮን። ኣበይ ከምዝነበሩ ዘይንፈልጦም ውሒጅ ገፊዑ ዘምጽኦም’ዮም“ ይብል። እዚ ግን የዋህነት’ዩ። ስለላ ኣዝዩ ረቂቕን ስዉርን ስለዝኾነ: ኣቕሊልካ ዝርኤ ነገር ኣይኮነን። ርግጽ’ዩ ወያኔ ብፍላይ ብቓልስን ከቢድ መስዋእትን ህዝቢ ትግራይ: ብሓፈሻ ድማ ብውሕጅ ቃልሲ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ተገፊዖም: ኣሽሓት ትግራዎት መንእሰይ ዝበልዐ: “ትግራይ ንትግራዎት“ ዝብል ሕመሬት ዕላማን ራእዩን ጠንጢኖም: ብዋጋ ህዝቢ ትግራይ መንጠሊና ኢትዮጵያዊ ሃገራውነት ለቢሶም: ነቲ መንግስቱ ሃይለማርያም ራሕሪሑዎ ዝሃደመ: ባዶነት መንበረ ስልጣን ኣራት ኪሎ ተኺኦሞ’ዮም። ቀጺሎም ግን ምኽሪ ህዝቦም ፈንፊኖም: ምኽሪ ባዕዳውያን ስለዝመረጹ: ምስቲ ንቡር ባህልን ክፍለ-ሃገራዊ ትሕተ-ቅርጻን ህዝቢ ኢትዮጵያ ይኹን: ህዝቢ ትግራይ ዘይከይድ: ዘይተጸንዔ ናይ ተብተብ ክልላዊ ፈላሊኻ ግዛእ ፖለቲካዊ ፕሮግራም: ከም መምርሒኦም ሓንጺጾም። ንመልክዕ ጥራይ ትሕዝቶ ዘይብሉ ኢትዮጵያዊ ምስሊ ዘለዎ መንግስቲ ንኽምስርቱ: ነቲ ማንም ከይወከሎም ባዕሎም ዘርቀቕዎ: ጸቢብ ዕላማታቶም ዝሓዘ “ሃገራዊ ቅዋም“ ኣጽዲቖም። ብዓንቀጽ §39 “መሰል ርእሰ-ውሳኔ ብሔራት ክሳብ ምንጻል ፍቑድ’ዩ ዝብል ፈላሊኻ ግዛእ ስትራተጂ መምሪሒኦም ገይሮም። ከማኡ’ውን ምንጻል ዝደለየ ወገን: ካብ ዝተጠርየ ሃብቲ ሃገር (መሬትን ጸጋታቱን ገዲፍካ): እጃሙ ኣልዒሉ ክንጸል ዝብል ውሳኔ ወሲኖም።

ወያነ ሓርነት ትግራይ ኣብ ቃልሲ ከሎ: ዋላኳ ብማለሊት ፓርቲ ይመራሕ ኣምበር: ምስ ስለላ መርበብ መንግስቲ ኣሜሪካ ስዉር ዝምድና ነይሩዎ’ዩ።



ይቕጽል

I) ኣብ ግዜ ቃልሲ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ፡ ሓገዝ ካብ ስለያ-መርበ ኣሜሪካ ረኺቡ’ዩ። ከም ኣብነት ክጥቀስ ዝኽእል: ነቲ ኣብ እንዳባ-ጉና (ትግራይ) ብዝተራቐቐ መሳርሒ መራኸቢ ስለያ: ዓጢቑ ንዝነበረ ሰራዊት ደርግን ሕብረት ሶቭየትን: ብሓገዝ ስለያ-መርበ ኣሜሪካ ከምዘጥቅየ ሓበሬታ’ሎ። ብ*19 ጥሪ1989* ዓ.ም.፡ ንመሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ.ን፡ መሪሕነት ህ.ወ.ሓ ት.ን፡ ብሽምግልነት ሪቻርድ ፎን ዳላስ ዝተባህለ ኣባል ሲ.ኣይ.ኤ (ስለያ መርበብ ኣመሪካ): ላዕለዋይ ሓላፊ ጒዳይ ቀርኒ ኣፍሪቃን: ምስ ወከልቲ ክልቲኡ ውድባት ሽዑ ዋና ጸሓፊ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ዝነበረ ኢሰያስ ኣፈወርቅን፡ ዋና ጸሓፊ ህ.ወ.ሓ ት.ዝነበረ፡ ተጋዳላይ መለስ ዜናዊን: ሓባራዊ ወትሃደራዊ ሕንጻጽ ንኸካይዱ፡ ብሸፉ ኣኼባኦም: ኣብ ሆተል ሜሪድያን ካርቱም ሱዳን ከምዘካየዱ መረጋገጽ’ሎ። <u>ቀንዲ ትሕዝቶ ናይ’ቲ ዝትዛራረብሉ ኣጀንዳ ድማ: ሓባራዊ ወትሃደራዊ ሕንጻጽ ንኸካይዱን፡ ንኽዕወቱ ድማ ብምምሕዳር መንግስቲ ኣመሪካ: ንወትሃደራዊ ስሪሒታቶም ዘገልግሎም: መሳለጢ ሓበሬታ ከተስንቖም ምኻና ምትስፋው: ንዳግማይ ርክብ ቆጸራ ከምዘፋነዎም ይፍለጥ።</u>

II) ድሕሪ’ቲ ህ. ግ.ሓ.ኤ.፡ ህ. ወ. ሓ. ት.ን. ንት.ሓ.ኤ. ብልፍንቲ ተዘራርዮም ካብ ሜዳ ኤርትራ ምስ ሰጎጕዋ፣ ዝምድና ክልቲኤን ወድባት (ህ.ግ.ሓ.ኤ.፡ ህ.ወ.ሓ.ት.ን) ብ*1984* ዓ.ም. ተበቲኹ’ዩ ነይሩ። ብሓልዮትን ሽምግልነትን ኣሜሪካ ከምተፈወሰ ድማ መርትዖታት ኣሎ።

III) መንግስቲ ኣሜሪካ ኣብ ክፍላ ነሃስ *1987*ዓ.ም፡ ወትሃደራዊ ስለያዊ ሓበሬታ ንህ.ግ.ሓ.ኤ.ን፡ ህ.ወ.ሓ.ት.ን ለጊሱሎም’ዩ። እቲ ሓገዝ’ቲ ድማ ንክልቲኦም ውድባት: በርቃዊ ዝኾነ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ ኣብልዕሊ ደርጊ ንኽፍጽሙ ኣብቂዑዎም’ዩ።

IV) ነዚ ኩሉ ትንተናታት እንተድኣ ተረዲእና ኰንና: ህ.ወ.ሓ.ት. ብመደብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ዘራይን ብድሕሪት ሓለዋ ህ.ግ.ሓ.ኤ ኰይኑ ንኸገልግል’ዩ ከምተመዘዘ ክንግንዘብ ንኽእል።

V) ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ነበር ጂሚ ካርተር: ካብ *16 ሚያዝያ 1989* ዓ.ም ኣትሒዙ: ምስ መራሕቲ ህ.ግ.ሓ.ኤን፡ መራሕቲ ህ.ወ.ሓ.ት.ን ጹዑቕ ሌላ ከምዝመስረተ መረጋገጺ ሰነዳት ኣሎ።

VI) ጂሚ ካርተር ንጉዳይ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ: ኣብ ኣትላንታን ከንያን፡ ዓባይ-ብሪጣንያን ክረአ መደባት ከትሓዞ እንከሎ፡ ንጉዳይ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ድማ፡ ኣብ ዓዲ ጥልያንን: ዓባይ-ብሪጣንያን ከም ዝተሓዝ መደብ ከምዘውጽኣሎም’ውን ሓበሬታ’ሎ።

VII) ኣባል ሰናቶር ማእከላይ ስለያ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ሲ.ኣይ.ኤ.ዝነበረ ሄርሞን ኮሄንን: ምስ ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈውርቅን: ተጋዳላይ መለስ ዜናውን: ኣብ ከተማ ለንደን ክልተ ግዜ ሕቡኣት ኣኼባታት ከምዘካየደ ርጉጽ ሓበሬታ’ሎ። ቀዳምይ ኣኼባ ካብ *12* ክሳብ*17* ግንቦት 1991 ዓ.ም. ከምዝተኻየደ’ውን ብዙሕ ሰብ ዝፈልጦ ሓቂ’ዩ። እቲ ካልኣይ ኣኼባ ድማ ካብ *11* ሰነ ክሳብ*16* ሰነ *1991* ዓ.ም ከምዝተኻየደ ተፈሊጡ’ዩ። ትሕዝቶ ናይቲ እኼባ ድማ *11* ነጥብታት ዝሓዘ ከምዝነበረን: ኢሰያስ ኣፈውርቅን መለስ ዜናዊን በተን 11 ነጥብታት ተሰማሚዖም ከምዝወጹ ድማ ተፈሊጡ’ዩ። ትሕዝቶ ናይተን ክልቲኦም መራሕቲ ውድባትን ዝተሰማምዑለን 11 ነጥብታት ኣብ ዝቕጽል ክንዘርግሔን ክንፍትን ኢና።

# *9*ይ ክፋል

**ብሓልዮት ጉጅለ ደቀባት ኤርትራ** *20.11.2008* **ዓ.ም.**

| |
|---|
| ኣብ ዝሓለፉ ምዕራፋት ዝምድና ህ.ወ.ሓ.ት.ን ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.ን ከምዝተኻታተልናዮ ዝዝከር’ዩ። ሎሚ ድማ ቀጺልና እንታይነት ተቓወምቲ-ውድባትን: ምስ ህ.ወ.ሓ.ት.ን ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.ን ዘለዎም ዝምድናታትን ኣብ’ዚ *9*ይ ምዕራፍ ብሓጺሩ ክንገልጾ ኢና። |

## ዝምድና መራሕቲ ወያኔን ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.ን

“ነባሪ ምሕዝነት ወይ ነባሪ ጽልኢ የለን“ ዝብሃል ልምዳዊ ኣዘራርባ ኣሎ። እቲ ሓቂ ግን ነባሪ ምሕዝነት ብመሰረቱ ጠቓሚ ክኸውን ከሎ: ነባሪ ጽልኢ ግን ጸረ ሞዕባሌን ብልጽግናን ስለዝኾነ ጕዳኢ’ዩ። ስለዚ እቶም ኣርሒቆም ዝሓስቡ ለባማት መራሕቲ: ካብ ጽልኢ ዝርከብ ጕድኣት ከምዝኾነ ኣጸቢቖም ስለዝፈልጡ: ምእንቲ መጕነ ትሕለፍ ኣንጭዋ እናበሉ: ወትሩ ግዜ ነታ ምሕዝነት ይሕልዉዋን ጽልኢ ከይመጽእ ከኣ ይከላኸሉ። ብኸም’ዚ ከኣ ህላዌ ነብሶምን ሕብረተሰቦን ይዕቅቡ። ቅድሚ ነጻነት ኤርትራ <u>ህ.ወ.ሓ.ት. ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.ን</u>: ብቐሊሉ ዘይብተኽ ቃልኪዳን ዝመስል ኣሲሮም: ንስርዓት መንግሱቱ ኣሳናቢቶሞ’ዮም። ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ እንተኾነ’ውን: ኣብ ሕድ-ሕዳዊ ረብሓ ዝተመርኮሰ ዝምድናታት ክርእዩ ጀሚሮም’ዮም። ፖሎቲካዊን ስትራተጅያዊን ኪዳን ኢትዮጵያን ኤርትራን’ውን: ካብ *1991* ክሳብ *1996* ዓ.ም. ንቍሩብ ጊዜ ድኣ ይኹን’ምበር ተቐላቒሉ ነይሩ’ዩ። ህዝብታት ክልቲኤን ሃገራት ድማ እንቋዕ ኣርከብናሉ ክብል ጀሚሩ ነይሩ’ዩ። እቲ ንሓጺር እዋን ዝጸንሔ ዝምድና’ቲ: ንኣሰራት ኩናት ክልቲኤን ሃገራት ዘልገሰን: ኣብ ሓባራዊ ምትሕግጋዛት ዝተሞርኮሰን’ዩ ዝመስል ነይሩ። ዳርጋ ብዙሕ ህዝቢ ዓለም ድማ: ነቲ ሽዑ



**ይቕጽል**

ተጀሚሩ ዝነበረ ዝምድታት ክልቲኤን ሃገራት: “ኣብ ተሞክሮ ኣፍሪቃ ሓዲሽን ፍሉይን መድረኽ“: ኢሉ ክሰምዮ ጀሚሩ ነይሩ’ዩ። ብድኽመታት መራሕቲ ክልቲኤን ሃገራት ግን: ኢድ ባዕዳውያን ስለዝሰሎኾ: ብግስ ከይበለ ክብርዕን ተገዲዱ። “ዶባዊ ኵናት“ ዘሳበቦ ሰበብ“ ተባሂሉ ከኣ: ትርጕም ዘይብሉ ኣዕናዊ ኩናት: ካብ *1998-2000 ዓ.ም*. ኣብ ሞንጎ ክልቲኡ ጭቍን ህዝብታት ተባሪዑ። ኣሽሓት ህይወት ደቂ ክልቲኡ ሃገር ንኸንቱ መንቀ‘ሱ። ካብ ፍርቂ ሚልዮን ንላዕሊ ስድራቤታት ኤርትራ ከኣ: ካብ መንባብሮኦም ኣዘናቢሉ ገደ ስደትን መከራን ከምዝኸኑ ገይሩ’ዩ። ድሕሪ’ዚ ክሳራ’ምበር መኽሰብ ዘይነበሮ ኵናት’ዚ ከኣ: ክልቲኦም መንግስታት ኢትዮጵያን ኤርትራን: “ድሕሪ ማይ ኣብ ብዓቲ“ ከምዝብሃል: ብዘይ ይግባይ ኣብ ከተማ ኣልጀርስ: ኵናት ጠጠው ከብሉ ፈሪሞም ተሰማሚዖም። ብድሕሪኡ ከኣ እቲ ዶባዊ ኵናት ጠጠው ኢሉ ተባሂሉ። ኮይኑ ግን ብፍላይ ህዝቢ ኤርትራ ን30 ዓመታት: ህዝቢ ትግራይን ኢትዮጵያን ድማ ን17 ዓመታት ክቃለስ ከሎ: እቲ ራእዩን ዓላማን ቃልሶም: ጸረ ውሽጣውያንን ባዕዳውያንን ጭቈናዊ’ዩ ነይሩ። ብሰንኪ ዘይብቑዓት መራሕቲ ክልቲኡ ሃገራት ግን: ብድሕሪ “ዶባዊ ኵናት“: ብሑቡራት መንግስታት ዝተመዘዙ“ ባዕዳውያን ወተሃደራት: ብስም “ዓቀብቲ-ሰላም“ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ 25 ኪ.ሜ. ዝግፍሓቱ መሬት: መዓስከሮም ንኽጣጥሑ መንግስቲ ኤርትራ ተቐቢሉዎ’ዩ። በቲ ውዕል መሰረት ከኣ: እቶም ብሑቡራት መንግስታት ዝተመዘዙ: “ዓቀብቲ ሰላም“ ዝብሃሉ ወተሃደራት: ከም መንጐኛታት ኮይኖም: “ነቲ ሰላም ንኽዕቅቡዎ“: ካብ 5 ዓመታት ንላዕሊ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ሰፊሮም። ህዝቢ ድማ እዚ ዶብ ዝብሃል ዘሎ እንተ-ተሓንጺጹስ: “ኣብ መንጎ ክልቲኡ ህዝብታት ነባሪ ምሕዝነትን ሰላምን ክሰፍን’ዩ ኢሉ ተስፋ ገይሩ ነይሩ’ዩ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ግን እቲ መስርሕ ብግስ ከይበለ: “ቅድሚ ዶብ ምሕንጻጽ: መራሕቲ ኢትዮጵያን ኤርትራን ኣብ ጠረጴዛ-ዘተ ኮፍ ክንብል ኣሎና“ ብማለት: ነቲ ኣቐዲመን ክልቲኤን ሃገራት: ብዘይ ይግባይ ንኽትግበር ዝተሰማማዓሉ ውዕል ተሓሲማቶ። መንግስቲ ኤርትራ ድማ ብወገኑ: ብመሰረት እግባይ ዘይብሉ ውዕል ኣልጀርስ: ቅድም ዶብ ክሕንጸጽ ኣለዎ“ ድሕሪኡ ከኣ ኣብ ዘተ ክእቶ ይከኣል’ዩ“ ክብል: ነቲ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ዝቐረበ ኣማመ ተቓቂዊሙዎ። ካብኡ ቀጺሉ ድማ ኣብ ከተማ ዴንሃግ ዝርከብ ዓለም-ለኸ ቤት ፍርዲ *The International Court of Justice*: ዝብሃል: እቲ ዘከራኸር ዘሎ ዶብ “ንስሙ ብዘይ ዘይወግዓዊ (ብቪ.ርቷል) ተሓንጺጹ’ዩ“ ኢሉ ፈሪዱዎ። ብድሕሪ’ዚ ውሳኔ’ዚ ድማ እቶም “ዓቀብቲ-ሰላም“: ካብ’ቲ ዝነበሩዎ መዓስከር *(complitly pooled out)* ጨሪሶም ወጺኦም ተባሂሉ። ወተሃደራት ኢትዮጵያ ግን ኣብ ውሽጢ ዶብ ኤርትራ: ክሳብ ሎሚ ዓሪዶም ኣለው ይብሃል። እዚ ኹሉ ግን ስለምንታይ ኮይኑ? ንዝብል ሕቶ’ምብኣር: እታ ብርሾታስ ኣምኒ’ላታ ጥራይ እዩ መልሱ። ከም’ዚ’ሉ ከኣ ዝምድና ክልቲኤን ሃገራት: ክሳብ ሎሚ ኣብ ንቡር ክምለስ ኣይተኻእለን። ገና ድማ ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት: ኣይውግእ ኣይኵናት ሃዋህው ተኸሲቱ: ነባሪ ምሕዝነት ከይተጠርዬ ይቕጽል ኣሎ። እኳ’ደኣ እዚ ጠንቂ’ዚ ብኸም’ዚ እንተድኣ ቀጺሉ: ሓደ እዋን: ናብ ዳግማይ ኩናት ከየምርሕ ዘሰግእ’ዩ ዝመስል።

እዚ ጥራይ ከይኣክል ከኣ: “ኣብ ርእሲ ሓናትስ ጽግዕ“ ከምዝብሃል: ውሽጣዊ ጸገማት ክልቲኤን ሃገራት ገና መዕለቢ ከይተገብረሉ ከሎ: መራሕቲ ክልቲኤን ሃገራት ኢትዮጵያን ኤርትራን: ውሽጣዊ ጕዳዮም ረሲዖም: ኣብ ጕዳይ ሶማል ጣልቃ ክኣትዉ ተራእዮም። እቲ ካብ ኵሉ ዝገርም ከኣ: ጕዳይ ሶማል ብፍላይ ደቂ ሶማል ባዕሎምን: ብሓፈሻ ከኣ እቶም ሓያላት ሃገራት ወይ ናቶ (NATO= North Atlantic Treaty Organization) እኳ ክፈትሑዎ ዘይከኣሉ: መንግስቲ ኢትዮጵያ “እስላማዊ መጋበእያታት ሶማል: ንሃገራዊ ጸጥታ ሃገረይ የሰግእ’ዩ“: ብዝብል ጕልባብ ተጠቒሙ ብሙሉእ ሓይሉ: ኣብ መሬት ሶማል ከኣቱ ከሎ: መንግስቲ ኤርትራ ድማ: ምስ መርገጻት ኢስላማዊ መጋበእያታት ሶማል ኣወጊኑ: ብተዘዋዋሪን ብቐጥታን ጣልቃ ከምዝኣቶ ይስማዕ። ከምዝ’ሉ ድማ እቲ ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት: “ብሰበብ ዶባዊ-ምስሕሓብ“ ተባሪዑ: ዝብሃል ዝነበረ ኣዕናዊ ኵናት: ብዞባውን ኣህጉራውን ዕርቃዊ ተብግሶ ተወሲዱ ከብቅዕ: ገና መሰረታዊ ፍታሕ ከይተረኽቦ ከሎ: ብ*Problem-Reaction-Solution* ሜላ: ክልቲኤን መንግስታት: ኣብ ጕዳይ ሶማል ብምእታው: ንዝምድናኤን ኣብ ሕማቕ መኣዝን ገጹ ኣምሪሑዎ። ብዙሓት ተመራመርቲ ድቂ ሃገር: ነዚ ብመራሕቲ ወያኔን ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.ን ዝግበር ዘሎ ገርህኛ ውዲት: ርእይትኦም ክህቡሉ ከለው:- “ብመሰረቱ ኣብዚ ዘሎናዮ ምዕቡል ዘመን: ሕቶ ዶብ ከም ቀዳማይ ግርጭት ወሲድካ: ኣብ ኵናት ምእታው: ንረብሓ ክልቲኡ ሃገራት ኣይኮነን“ ይብሉ። ቀጺሎም እቶም ተዓዘብቲ ርእይቶኣኦም ክህቡ ከለው:- “ካብኡ ሓሊፉ ውሽጣዊ ግርጭታትካ ከይኣሌኻ: ኣብ ጕዳይ ስግር ዶብ ጣልቃ ምእታው: ንህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን: ሶማልን ኣገራጨኒዩ: ሰብኣዊን ቍጠባዊን ዕንወት ጥራይ እዩ ትርፉ። ብኣንጻሩ ድማ እቲ ረብሓ ንባዕዳውያን ጥራይ እዩ ዝውዕል“ ይብሉ። እቲ ካብ ኩሉ ዝገርም ድማ: ብፍላይ መብዛሕትኤን ውድባት: ነቲ ምስጢር ዶባዊ ኵናት ኣንዳፈለጥኦ ክነሰን: ኣብ ክንዲ ንክልቲኦም መንግስታት ብትብዓት ዝቃወሙኦም: ፍርቀን ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ: ፍርቀን ድማ ምስ መንግስቲ ኤርትራ ክሳብ ሎሚ ምውጋነን’ዩ። እተን ተቓወምቲ ዝብሃሉ ሓይልታት: ነቲ ልቸንሳ ቃልሲ ስለዝብሓትኦ: ህዝቢ ኤርትራ ይኹን ህዝቢ ኢትዮጵያ: “እምቢ ንኵናት ኢሉ ብትብዓት ተላዒሉ: ንኽልቲኦም መንግስታት ዓገብ ከይብል: መኽልኣያ ኮይነን ዓጊተንኦ ኣለዋ።

## ተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራ: ወይከኣ “ኪዳን“: እንታ’ዩ ትርጕሙ?


ይቕጽል

ምቅዋው:- ንሓደ ፍትሒ ዘጕደለ መንግስቲ: መሰረታዊ ለውጢ ንምምጻእ እተካይዶ ቃልሲ'ዩ። ወይድማ ነቲ ጸረ ፍትሕን መስልን ነጻነትን ዝኾነ መንግስቲ: መጀመርያ ብሰላማዊ ሰልፊ ይኹን ብዘተ ኣቢልካ: ኣይፋልካን ትጋገ ኣሎኻ: መንገዲ ፍትሕን ሰላምን ሓዝ: ኢልካ ዓገብ ምባል ማለት'ዩ። በቲ ሰላማዊ መንገዲ ምስ ዘይሰምዓካ ግን: በቲ ካልኣይ ኣገባብ ብጐነጻዊ መንገዲ ክትምክቶ ባህርያዊን መጐታዊን ሕጊ'ዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ: ተቓውሞ ማለት መስትያት ናይቲ ዝገዝእ ዘሎ መንግስቲ'ዩ። እንተድኣ ሓደ መንግስቲ ንሓደ ህዝቢ ብፍትሕን ብሰላምን ብራህዋን ብምዕብልናን ዘማሓድር ኣልዩ ግን: ትተሓባበሮን ትድግፎን ኣምበር ክትቃወሞ ባህርያዊ ኣይኮነን።

መንግስቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ካብ *1991* ዓ.ም. ጀሚሩ: ኣብ ኤርትራ: ብግዝያዊ መንግስቲ ጥራይ: ሓደ ሰብ ስልጣን ካብ ዝብሕት ድሮ *18* ዓመታት ኮይኑ። ድሕሪ ስልጣን ምብሓቱ: ድማ ተቖጻጺሙ ኵሉ ቍጠባን ንግድን ባንክን: ሕክምናን ሓይሊ ፖሊስን ወተሃደራዊ ሓይልን: ብሕልፊ ከኣ ዜና-ማዕከናትን: ስለላ-መርበብን ወኒኑ። ብፍላይ ዜና-ማዕከናት ስለዝተቓጻጸረ ድማ: ንህዝቢ ስምዒቱ መዝሚዙ ዓቢ ስነ-ኣእምራዊ ጽልዋ ከሕድረሉ ክኢሉ። እቲ ካብ ኩሉ ዝኸፍኤ ከኣ: ካብ *1994* ዓ.ም. ጀሚሩ ብስለላን ግብረ-ሽበራን ንህዝቢ ኣርዒዱ: ብዘይ ሕጊ ንህዝቢ ኤርትራ ሰጥ-ለበጥ ኣቢሉ ይገዝኦ'ሎ። ንመንእሰያት ደቂ ሃገር ከኣ: ብዘይ ፍትሒ ብሃንደበት እናገፈፈ: ኣብ ኣብያተ ማእሰርትን መዓስከር ሳዋን ክሳብ ሎሚ ይጓርቶም ኣሎ። ነቲ ህዝቢ ድማ ኣደዳ ጥሜትን ሕሰምን ገይሩዎ ኣሎ።ነዚ ዝፍጽሞ ዘሎ ተግባር ግን: ብዘይካ'ቲ ውሑድን ገርሂኛን ክፋል ህዝቢ ኤርትራ: ዳርጋ ሎምስ ብዙሕ ህዝቢ ፈሊጡዎ'ዩ። ኣብዘን *18* ዓመታት መግዛእቲ መንግስቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ከኣ: ውላዱ ዘይተኣሰረን ዘይሞቶን ኤርትራዊ ወላዲ ዳርጋ የልቦን። እቲ ካብ ኩሉ ዘገርም ድማ: ህዝቢ ኤርትራ ብሰንኪ ረቂቕ ስለላዊ መርበብ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ተዳሂሉ ስለዝርዓደ: ዘይኣመሉ ሓርበኝነቱ ተመንዚዑ: ነቲ ምቍዋም ዝብሃል መስርሕ ለውጢ ከይተረፈ ክርስዖ ምግዳዱ'ዩ። ብሓልፊ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ መንግስቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ኮነ ኢሉ: ዝፍጽሞ ዘሎ ርኡይ ስነ-ኣእምራዊ ውዲት: ህዝቢ ኤርትራ በቲ ንፍርቂ ዘመን ዝተቓለሶ: መዘና ዘይብሉ ቃልሲ: "ዋይ ኣነሼ ነዚዶ'የ ተቓሊሰ!" ኢሉ ከምዝጥዓስ ገርካ: ኣብ መወዳእታ ንዝኾነ ባኒ ሒዙ ዝመጸ ባዕዳዊ መንግስቲ: ኣላሽ ኢሉ ሰጊዱ ከምዝምእዘዞ ምግባርዩ። እቶም ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ "ተቓወምቲ ሓይልታትን ምሁራትን" እንተኾኑ'ውን: ነዚ ብመንግስቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ዝፍጸም ዘሎ ጃምላዊ ወጽዓን: ስነ-ኣእምራዊ ፋሽስትነትን (ሳይኮሎጂካል ፋሺዝም) ኣንዳርኣዩ: ብውህደት ክምክትዎ ኣይበቕዑን። እቶም ንመንግስቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. "ንቃወም ኢና" ኢሎም ዝተበገሱ: ኣባላት መንግስቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ዝነበሩ ጕጅለ እንተኾኑ'ውን: ከምቲ መብጽዕኦም ኣብ ውሽጢ'ቲ ኣብ ወጻኢ ዝርከብ ሓፋሽ ውድባት ህ.ግ.ሓ.ኤ ኣትዮም: ነቲ ርኡይ ጕድለታት መንግስቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.: ብግህዶ ኣረዲኦምን ኣላዒሎምን ክንዲ ዝቃወሙ: ንሓፋሽ ውድብ ገዲፎም: ነቶም ጀብሃዋያን ተቓወምቲ ንኽብትኑዎም: ብረቂቕ ሜላ ሰሊኾም ተጸንቢሮሞም። ነዚ'ውን መብዛሕትኦ ኤርትራዊ ክሳብ ሎሚ ስለላዊ ውዲት ምዃኑ ከየቕለበሉ ጸኒሑ'ዩ።

ኣብኡ ምስ ተጸንበሩ ድማ: ንሃገራዊ ድሕነት ኣቐዲሞም: ብሓድንትን እንኮ ስትራተጂካዊ ቅድን ተመሪሖም: ንህዝቦም ኣቃሊሶም ንመንግስቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.: ክሳብ ሎሚ ክምክትዎ ኣይበቕዑን። ስለዚ እቲ ቀንዲ ሜላኦምን ተልእኾኦምን ንተቓወምቲ ውድባት በታቲንካ: ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ ኣብ ስልጣን ንኽቕኒ ጥራይ ምዃኑ እንዳተጋህደ ይመጽእ ኣሎ። ብኻልእ ኣዘራርባ ተቓሊሶም ኣብ ክንዲ ንህዝቢ ዘቃልሱ: ሕሉፍ ሓሊፎም ዋርድያታት ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ ብምዃን: ንህዝቢ ኤርትራ ንኸይቃለስ ንምዕጋት ጥራይ እዩ ተልእኾኦም። እዚ እውን ኣብዚ ኣዋን'ዚ ንብዙሓት ብኤርትራ ዝግደሱ ሃገራውያን: እንዳተነጸረሎም ይኸይድ ኣሎ። ብፍላይ ከኣ ብዛዕባ'ቲ ቀንዲ ጠንቂታት ኣልዒሎም ከይቃለሱ: ነቲ ብኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ ዝፍጸም ዘሎ ሳዕቤናት ጥራይ እናጸባጸቡን: ንቃለስ ኣሎና እንዳበሉን: ንህዝቢ ምትላሎም'ዩ። እታ ሓንቲ ንህዝቢ መደዓዓሲትን ዘይፍጸም ተስፋ ዝሓዘትን ዝፍንውዋ ዘለው ፕሮፓጋንዳ ድማ: "ዲክታቶር ኢሰያስ" ክንቅይሮ ኢና" እትብል'ያ። እዚኣ ግን ብዘይ ግብሪ ከንቱ'ያ።

ብወገን ካልኦት ጀብሃውያን "ተቓወምቲ ውድባት" እንተኾነ'ውን: ኣብ ክንዲ ነቲ ኣውራ ራእዩ ህዝቢ ከተግብር ዝኽእል: ቅኑዕ ዲሞክራስን ንጹር ስትራተጅን ሒዞም: ነቲ ብጃምላ ንኹሉ ወዲ ሃገር ዝጭቍን ዘሎ መንግስቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.: ኩሉ ገዲፎም ብሓባር ዝቃለሱዎ: ጸቢብ ብሔራዊን ሃይማኖታዊን ዝምባሌታት ንቕድሚት ሰሪያም: ዕድመ ኢሰያስ የናውሑ ምህላዎም'ዩ። እቲ ኤርትራዊ ዜጋ ከስተብህለሉ ዘለዎ ኣውራ ኣገዳሲ ጕዳይ ድማ: እዞም "ኪዳን" ወይ ከኣ "ተቓወምቲ ኢና" ብሃልቲ: ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዘስርጽዎ ዘለው ሃሳዪ ስነ-ኣእምራዊ ወፍሪ'ዩ። ንሱ ድማ ነቲ ሰውራዊ ኒሕን ሓቦን ህዝቢ ኤርት: ክሳብ ዝጽንቀቕ: ብሜላ ሽንኮለል ከምዝብል ምግባሮም'ዩ። ንኣብነት ሓባራዊ ስትራተጅካዊን ወተሃደራዊን ቤት ጽሕፈት ዘይብሎም ክነሶም: ገሊኦም ንወያኔ ንምምሳል ብሔራዊ ሕቶ ኣልዒሎም: ንስልጣን ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ክንቅይሮ ኢና ክብሉ ከለው: እቶም ሓደ ክፋል ድማ: ንሱዳን ወይ ንገለ-ገለ ሃገራት ኣዕራብ ክመስሉ: ኣብ ኤርትራ ኣስላማዊ መንግስቲ ክንተክል ኢና እናበሉ: ተፈላልዮም ኣብ ማእከል ኣዲስ ኣበባ ብሑጻ ዝተሰርሐ ድፋዕ ምግባሮም'ዩ። ሓቂ ክንዛረብ እንተድኣ ኰንና ግን: ህዝቢ ኤርትራ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ: ጸገም ብሔርን ሃይማኖትን ዘይኮነ: ጃምላዊ ሰብኣዊ መሰሉ ተገፊፉ. መንነቱ ኣብ ዘጠራጥር ወዲቑ'ዩ ዝርከብ ዘሎ። ነዚ



ይቕጽል

እንዳረእዩ ግን: ንህዝቢ ንምዝንጋዕ: ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጉዳያትን: ክፍሊ ዜናን ሓበሬታን: ቤት ጽሕፈት ምጣኔ-ሃብትን ቊጠባን: ኣቑምና ኣሎና እንዳበሉ: ነቲ ንኽይቃለሱ ዝስረፎም ማሃያ እናወሰዱ: ብመገሻ ጥራይ ነቲ ብኢሰያስ ዝምራሕ ጭፍራ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.: ንቃለሶ ኣሎና ይብሉ ኣለው። ስለ'ዚ እዚኦም ንስቓይ ህዝቢ ኤርትራ እንዳናውሑ: ንነብሶምን ንህዝቦን ምድንጋር ጥራይ እዩ'ምበር: ክሳብ ሎሚ ዘምጽኡዎ ፍረ የልቦን። እቲ ኩሉ ክሳብ ሎሚ ዝኸድዎ ዘለው መስርሕ: ብዓሚቑ መጽናዕቲ እንተድኣ-ተኻታቲልናዮ: ንሳቶም እንተኾኑ'ውን ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ: ዘብዔኛታት ኢሰያስ'ዮም። ዋርድያታት ኢሰያስ ካብ ኮኑ ድማ: ጸረ ህዝቢ ኤርትራ'ዮም ማለት'ዩ። ንዝመጽእ ግዜ'ውን ብቕኑዕን ሓባራዊ ራእዪ ተመሪሑም: ንህዝቢ ወዲቦምን ጠርኒፎምን: ህዝባዊ ባይቶ ከይመስረቱ መንግስቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ብሓይሊ ዓበይቲ መንግስታት እንተዘይኮይኑ: ወይድማ ሕጂስ ኣሪገ'የ ኢሉ ስልጣን ኣንተዘየረኪቡ: ስልጣን ለቐቐን: ኤርትራ ድማ ሓለፈላ ማለትን ዘበት'ዩ። እቶም ቅድሚ ሕጂ ካብ ስልጣኖም ዝተሳናበቱ: ቀዳሞት ኣፍሪቃውያን ዲክታቶራት: ንኣብነት:- ከም ብዓል መንግስቱ ሃይለማርያምን: መቡቱ ሰ-ሰ-ሰኮን: ኢዲ-ኣሚን: ብሕልሚ ዘይኮነስ ብብረታዊ ሓይሊ ጥራይ እዮም። ኢሰያስ ድማ ብዕጡቕ ኤርትራዊ ሓይሊ እንተዘይኣልጊሱ: ብፍቶት ባዕሉ ከልግስ ከምዘይክእል: እዞም ተቓወምቲ ኢና ብሃልቲ ኤርትራውያን ክስቈሮም ኣለዎ።

እኳድኣ እዞም ብስም ኪዳን ንኣዲስ ኣበባ እንዳተመላለሱ: "ብዛዕባ ልዑላውነት ኤርትራ ንጣበቕ ኣሎና ዝብሉ ዘለው ውድባት እዚኣቶም: ክሳብ ሎሚ ነቲ ዝኸድዎ ዝጸንሑን ዘለውን መስርሕ ዘይገምጊሞም: ሕቶ ህዝቢ ኤርትራ ዝምልስ ስርሒትን: ንህዝቢ ኤርትራ ካብ'ዚ ወሪዱዎ ዘሎ ስቓይ ዘጋላግልን: ሓባራዊ ኣንፈት-ቃልሲ ክሳብ ዘየርእዩን: ምትእኽኻቦም ንኹንቱ ምዃኑ ክርድኡ ይግባእ። ብኣንጻሩ ግን ሓደ ወተሃደራዊን ፖለቲካዊን ስሙር ሃይሊ ኣብ ክንዲ ዝሃንጹ. ክፍንጥሑን ክዝረውን ጥራይ ይርኣዩ'ለው። ንኣብነት ሰውራዊ ባይቶ ሓደ ውድብ ዝነበረ: "ሃገራዊ ድሕነትን" ሰውራዊ ባይቶን ተባሂሎም: ኣብ ክልተ ተገሚዓም። እቶም ንመንግስቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. "ንቃወም ኢና" ኢሎም ዝተበገሱ ኣባላት መንግስቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.: መስፍን ሓጎስን: ኣድሓኖም ገብረማርያምን: ዓብደላ ኣደምን ከኣ: ብሓደ ጀሚሮም ከብቅዑ ተፈላልዮም። መስፍን ሓጐስ "ሰልፊ ዲሞክራስያ" ክብል ከሎ: ኣድሓኖም ገብረማርያም ከኣ: "ህዝባዊ ምንቅስቓስ" ዝብል ስም ኣጠሚቑ ተፈልዩ። ዓብደላ ኣደም ድማ ምስ "ሃገራዊ ድሕነት" ወጊኑ። ካብኡ ቀጺሎም ድማ "ሰልፊ ዲሞክራስያ" ኣብ ክልተ ተገሚያም። ብወገን "ሃገራዊ ድሕነት" ድማ ፍርቂ መሪሕነት ድምሓኤ ብሃንጀማ ዝፍለጥ: ዝሓዘ ሒዙ ተፈንጪሉ ይስማዕ ኣሎ። ካብኡ ቀጺሉ ዝኸይድ ዘሎ መስርሕ ድማ. ሰውራዊ ባይቶ ስሙ ቀይሩ: "ህዝባዊ ሰልፊ" ክብል ኣዊጁ። ምስ ሰልፊ ዲሞክራሲ ንኽትሓናፈጽ ድማ መስርሕ ይኸይድ ኣሎ ይብሃል። ኣድሓኖም ገብረማርያምን ከኣ: ኣብቲ መኣዲ "ሰልፊ ዲሞክራስያን": "ህዝባዊ ሰልፍን" ክጽንበር'ዩ ዝብል ወረ ይጭኖ'ሎ። ዓብደላ ኣደም'ውን ተልእኾኡ ምስፈጸመ: ውዒሉ ሓዲሩ ምስቶም ብጾቱ ከምዝጽንበር ጥርጥር የልቦን። እዚ ኹሉ ምግልባጥስ ስለምንታይ እዩ? ብኸም'ዚ ዓይነት ቃልሲ ገርካ ንመንግስቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ክትክእ'የ ምባልሲ ተዋስኦ'ዶ ኣይኮነን? ነዚ ተዋስኦ'ዚ ካብ ምውሳእ ግን: ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ኣሪጉን ባዕሉ ሓሲቡን ክሳብ ዝቕየረሎም: ኮፍ ኢሎም ምጽባይ ምሓሾም ነይሩ። እቲ ዝሓሸ ኣማራጺ ግን: እዞም ናይ ሓባር ስትራተጅን ራእዩን ዘይብሎም: ቊጽሮም ካብ 18 ንላዕሊ ዝኾኑ "ተቓወምቲ ኢና" ብሃልቲ: ንህዝቢ ኤርትራ ኣስላሙን ክርስትያኑን ነጻ እንተዝገድፉዎ: ባዕሉ ሓሲቡ ሽግሩ ክፈትሕ ምኸኣለ ነይሩ። እቲ ቀንዲ ሽግር ኮይኑ ዘሎ ግን: ህዝቢ ኤርትራ ብሓባር ህዝባዊ ዋዕላ መስሪቱ: ንኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. መታን ከይምክቶ: ዓቢ ዕንቅፋት ኮይኖም ዘለው: እዞም ወልፊ ስልጣን ዘለዎም "ተቓወምቲ ኢና" ብሃልቲ'ዮም። ተፍርዮ ነገር እንተዘየልዩካ: ኢድካን እግርኻን ኣኪብካ: ትም-ምባል ብርግጽ ሓጥያት ኣይኮነን። እኳድኣ ካብ ሕማቕ ታሪኽ ትድሕን። ነቶም ክቃለሱ ዝደልዩ ሓርበኛታት ደቂ-ሃገር ከኣ ዓቢ ሓገዝ'ዩ ነይሩ። ካብኡ ሓሊፉ ግን "ተጽግበኒ ቅጫስ ኣብ መቑልኣ ከላ እፈልጣ ከምዝብሃል: ሕጂ ንህዝቢ ኤርትራ ንጹር ተስፋ ዘይቀረብሉ: ጽባሕ ማና ከውርዱሉ ከቶ ኣይክእሉን'ዮም። ከም'ዚ ዓይነት ዝንባሌ ተሸኪምካ: ነቲ ብጃምላ ንምሉእ ህዝቢ ኤርትራ ዝጭቁን ዘሎ መንግስቲ: ከልግሶ'የ ምባል ግን ዓቢ ክሕደት'ዩ። እዞም ብሓባር ተሳኒዮም ኣብ ክንዲ ዝሰርሑ: ክፍንጥሑን ክዝረውን ዝርኣዩ ዘለው ተቓውሞ ዝብሃሉ 13 ውድባት: መስርሖምን ስትራተጅኦምን እንተዘይቀይሮም: ህዝብና ብትብዓት ኣለልዩ: ሓደ እዋን "ሕጂስ ይኣክል ንስኹም ጋንታ ጥልመት ኢኹም: ተልእኾኹም ከኣ ህዝቢ ኤርትራ ሓቢሩ መታን ከይቃለስ: ንምዕጋትን ነታ ሃገር ኣሕሊፍካ ንጓኖት ምሃብን ምዃኑ ኣለሊናዮ ኣሎና": ክብሎም'ዩ። ሓንቲ ክስሕቱዋ ዘይብሎም መስርሕ ቃልሲ ግን: ውዒላ ሓዲራ ክትመጽእያ። ንሳ ድማ ሰራዊትን ህዝብን ኤርትራ ክውሕድ'ዩምበር: ከምዘይጸንት ክፈልጡ ኣለዎም። ሓደ እዋን ደም ምስጠዓሞ ንዓታቶም ረሲዑ: ብሓዲሽ መንፈስን ሓዲሽ ሃገራዊ ጥርናፈን መስሪቱ: ምስቶም ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዘለው ሰራዊትን: ኣብ ወጻኢ ዘለው ቅኑዓት ሃገራውያን ደቂ-ሃገርን ተላፊኑ: ህላዌኡ ንኸረግግጽን: መንነቱ ክዕቅብን: ሃገሩ ከድሕን እዩ። በዚ መስርሕ'ዚ ብሓደ ስትራተጂን ራእዩን ተወሃሂዱ: ንጒዳዩ ባዕሉ ክጣበቕ ከምዝልዓል ክግንዘቡ ኣለዎም። እዚ ድማ ባህርያዊን መጐታዊን መስርሕ ሰውራ'ዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ ነጻነት ኤርትራ: ካብ ኣዲስ ኣበባ ለሚንካ ትመጽእ እንተትኸውን ነይራስ: ጀጋኑ ኤርትራውያን ንሳሕልን ዓላን ባርካን ጋሽን ወፊሮም: ንጸላኢ ብብረቱ ስዒሮም: ነታ ነጻነት መንዚያም ኣይመምጻኡዋን ነይሮም። ሎሚ ድኣ እቲ ባህርያዊን ስነ-መጐታዊን መስርሕ ቃልሲ: ስለዝተቐየረ ድዩ ነዚ ሜላ'ዚ ወሲዶም። ኣይግድን ኣናፍራ ቈጃሕ ዘይፈለጠስ ኣይሃዳናይን።



ይቕጽል

ኣዞም ካብትን ካብትን ተኣኻኺቦም ሓንሳብ "ብምሕዝነት": ሓንሳብ "ብኪዳን": ሓንሳብ "ብብሎክ" እንዳተጸውዑ: ብዘይካ ንድሕሪት ንቕድሚት ዘይስጉሙ: "ንቃወም ኣሎና" ብሃልቲ: ብርግጽ ትርጉም ተቓውሞ ዝስሓቱ: መናውሕቲ ስልጣን ናይቲ ዝገዝእ ዘሎ መንግስቲ'ዩም። ብኻልእ ኣዘራርባ ተቓውሞ ማለት: ሓደን ንጹርን ዓላማ ሒዙ: ነቲ ዝገዝእ ዘሎ መንግስቲ ብልመና ዘይኮነ መስዋእቲ ከፊሉ ዝምክት'ዩ። ነዚ መጕት'ዚ ረሲዑ እቃወም ኣሎኹ ዝብል ውድብ ወይ ማሕበር ግን: ጸረ ራእዪ ህዝቢ ኤርትራን: ተሓባባሪ ጸላኢ ህዝቢ ኤርትራን ጥራይ እዩ ክኸውን ዝኽእል። ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፋት ደጋጊምና ከምዝገለጽናዮ: ህ.ወ.ሓ.ት.ን ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.ን ክልተ ገጽ ናይ ሓደ ቅርሺ ምኻኖም'ዩ። ተቓዋማይ እየ ኣናበለ ምስ ክልቲኦም መንግስታት ዝዛመድ ከኣ: ካብኦም ኣይፍለን'ዩ። እዚ ኣባሃህላ'ዚ ድማ መጕታዊ'ዩ። ንኣብነት:- ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ ምስ ህ.ወ.ሓ.ት ዝምድና እንተድኣ ኣለዎ ኮይኑ: ህ.ወ.ሓ.ት ከኣ ማስ ተቓወምቲ ዝምድና ኣለዎም ማለት'ዩ። ስለዚ ተቓወምቲ ድማ ምስ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ ዝምድና ኣሎዎም ማለት'ዩ። እዚ መርትየ ዘለዎ ስነ-መጕት'ዩ። *If* A = B *and* B = C *therefore* A=C እዚ መሰረተ-ሓሳብ ናይ ዝኾነ ይኹን መጕታዊ ምርምርዩ።ከምኡ ምኻኖም ድማ እንሆ ውጽኢቱ ብግብሪ ይርኤ'ሎ። እዞም ዝኾነ ይኹን ፖለቲካዊ ካርታ ዘይብሎም: ብሓፈሻ ተስፍኦምን ጸግዖምን ካብ ሰንዓ-ፎርም: ብፍላይ ድማ ካብ መንግስቲ ወያኔን ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.ን ዝኾነ "ጋንታ ኪዳን" እዚኦም: ህዝቢ ኤርትራ እንዳጸነተ ከሎ: መታን ተቓሊሶም ከይቃለሱ ተባሂሉ ብልኣኽቶም ዝምጽውትሎም መሳርፍ እናተሰረፉ: ሽዋን ሱዳንን ኤውሮጳን ኣሜሪካን ኣናተዘዋወሩ: ብሰላማዊ መንገዲ ክንቃለስ ኢና ክብሉ ከለው: እቲ ብኤርትራ ዝግደስ ቅኑዕ ሃገራዊ ክሰምዮ ከሎ: ኣዝዩ ዘጸይፍ ነውሪ'ዩ። ንህዝብና ድማ ክሕደት'ዩ።

ብኻልእ ኣዘራርባ: "ኪዳን": ኣብ ክንዲ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ዝማኸሩ: ምስ ወያኔ ኣንዳተማኸሩ: ብስም ተቓለስቲ ዝሸቕጡ: መንኮርኮር ዘይብሉ ዓረብያ ኮይኖም: ቀንዲ መናውሕቲ ስልጣን መራሕቲ ህ.ወ.ሓ.ት.ን ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.ን'ዮም። ተፋላልዮም እንዳተጓዕዙን: ሓጥያት ኢሰያስ እንዳጸባጸቡን: ዘይፍጸም መብጽዓታት ንህዝቢ ኣናተማባጽዑን: ብዘይካ ምፍንጫል ለውጢ ከየርኣዩ: መንጠሊና ቃልሲ ለቢሶም ንቃለስ ኣሎና ዝብሉ ታሪኽ ዝሓደጎም ጋንታ'ዮም። እቲ ካብ ኩሉ ዘስደምም ውዲቶም ድማ: ካብ *1983* ዓ.ም. ጀሚሮም ክሳብ ሎሚ: ነቲ ኤርትራዊ ተዘሪኡሉ ዘሎ ዓዲ ስደት: ብሓባራዊ ስትራተጂ ቀሪቦም ክጥርንፉዎ ኣይበቕዑን። "ኣቦይን ኣደይን በበይኑ ጸሎቶም" ከምዝብሃል: በበይኖም ተፋላልዮም ከኣ ገና ይጕዓዙ ኣለው። ዓመት ዓመት ኣብታ ህዝቢ ኤርትራ: ከም ቀዳመይቲ ጸላኢቱ ወሲዱ: ን*40* ዓመታት ዝተዋግኣ ኢትዮጵያ እናተመላለሱ ጥራይ: ተኣኪብናን ተፈንጢሕናን እናበሉ: ንነብሶም ከም ተቓውሞ እናወሰዱ: ክሳብ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ባዕሉ ኣሪገ'የሞ ኣብርዩኒ ዝብሎም: በቲ ሓደ ወገን "ብሃይማኖት": በቲ ሓደ ኸርናዕ ድማ: "ብሔራዊ እስትራተጂ" ሒዞም ንስልጣን ጭንን ክብሉ ጽሓይ ይዓርቦም ኣሎ። ከምቲ መንግስቲ ወያኔን መንግስቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.ን: ጋንታ ኪዳንን ዝሓልምዎ ግን: ህዝቢ ኤርትራ ይውሕድ'ምበር ከቶ ኣይጸንትን'ዩ። እዚ ኩሉ ላዕልን ታሕትን ግን. ብዘይካ: ንኤርትራ ሶማላይዝድ ንምግባር እንተዘይኮይኑ: ካልእ ተልእኾ የብሎምን። እዚ ኩሉ ዝሓልምዎ ዘለው ሕልምታት ድማ: ኣብቲ ዓንቀጽ §*36* ክልላዊ ፕሮግራም ወያኔ ዝተመርኮሰ'ዩ። እዚ ንኢትዮጵያ ንኽትመስል ብሔር ዝብል ጽውጽዋይ ምልዓል: ንሱዳን ንኽትመስል ድማ ኣስላማዊ መንግስቲ ንኽትተክል ምሕላም: ካብ ጥቕሙ ጕድኣቱ ዝበዝሐ ኮይኑ ዝበለየ ውዲት'ውን'ዩ። ነቲ ዝመራመር ሃገራዊ ግን: እዚ ወፍሪ'ዚ ንራእዪ ህዝቢ ኤርትራ: ንምጥላም ዝግበር ቅሉዕ ውዲት ጥራይ ምኻኑ ብሩህ'ዩ። እቲ ሓቂ ድማ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ተቓውሞ የሎን። እቲ "ኪዳን" ዝብሃል'ውን: ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ወይድማ ምስ መንግስቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ኣንተዘይኮይኑ: ምስ ህዝቢ ኤርትራ ከምዘሎ ዘረጋግጽ ምልክት የብሉን። እቲ መራሕቲ ኪዳን "ዲሞክራስያዊ ፕሮግራም" እናበሉ ከም መጽረይ-ኣፎም ዝጭርሑዎ ፍልስፍና ድማ: ካብ ብዓል ሳዳምን መዓመር ቃዛፊን ወዘተ.. ዝተቐድሐ: ግጉይን ዝንቡዕን ፍልስፍና'ዩ። ኣዚ "ነናይ ባዕልና ፕሮግራም ኣሎና" ኣናበሉ ኩሉ ግዜ ዘመኽንዩዎ: ንምድንጋር ጥራይ እዩ'ምበር: ብዓይኒ ሓቂ ኣንተዳኣ ተራእዩስ: ብሕልፊ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ: ንህዝቢ ኤርትራ ሓደ ስትራተጂን ሓደ ራእዩን ኣንተዘይኮይኑ: ዝተፈላለያ ውድባትን: ዘትፋላለየ ፕሮግራምን ስትራተጂን ከቶ ንረብሓኡ ኣይኮነን።

መሲሉዎም ድኣምበር: ዋላኳ ከም ሓደ ጽኑዕ ዕርዲ ኮይኖም: ንህዝቢ ንኽይቃለስ ኣንተዓገቱዎ: ህዝቢ ኤርትራ እንተድኣ ተልእኾኦም ኣለልዩዎን: ነቶም ብድሕሪ መጋረጃ ኮይኖም ዘዋፍሩዎም ዘለው እንተድኣ ፈሊጡዎምን: ሓደ እዋን ሓቢሩ ንመሰሉ ንኽጣበቕ ከምዝልዓል ኣየጠራጥርን'ዩ። ፍልስፍናን ራእዩን ህዝቢ ኤርትራ: መተካእታ ዘይብሉ ኣብ ዓድን ኣብ ርስትን ክቡር ባህልን ናይ ባዕሉ ስርዓተ-ሕግን ዝተሰረተ'ዩ። ንሱ ድማ ኣብ ሃገሩ ብልዑላውነትን ብሰላምን ብቕሳነትን: መታን ክነብር ብፍላይ ንውሽጣውያን ጸላእቱ ብሓፈሻ ድማ ንግዳማውያን ጸላቱ እንተድኣ ኣለሊዩ: መስዋእቲ ከፊሉ ንመሬቱን ባሕሩን ክዕቅብ'ዩ። እዚ ኣገባብ ቃልሲ ድማ: ምስ ዝኾነት ትኹን ጕረቤት ሃገር ተሳኒዩ ንኽነብር: ዝሕግዞ'ምበር ዝዓግቶ ኣይኮነን። ዓቢ መረዳእታ ክኾነና ዝኽእል: እቲ ሑቡራት ሃገራት ኤውሮጳ ዝገብርኦ ዘለዋ: ሓባራዊ ምዕባሌ ምዕዛብ እኹል ኣብነት'ዩ። ንህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ድማ: ልዕላውነቱ ዓቂቡ: ከምዚ ሞዴል ኤውሮጳ-ሕብረት ጥራይ እዩ ኣብ መወዳእታ ዘዋጽኦ። ብቐደሙ'ውን እቲ ህዝቢ ብግቡእ ከም'ዚሉ ከይሓስብን ከይነቅሕን: ኮነ'ሎም ኣደናጊሮሞም ኣደንቍሮሞን ጸኒሖም'ዮም። ክሽንቡ ደልዮም እምበር: ባዕሎም እቶም "ተቓወምቲ" ዝብሃሉ: ካብ ቅድም ፍታሕ ሽግር ህዝቢ ኤርትራ: ከመይ ከምዝመስል ኣጸቢቖም ይፈልቱዎ ነይሮም'ዮም። ንስልጣኖም ክብሉ ግን ሸንኮለል ከብሉዎ መሪጾም።ብሰንኮም ከኣ ህዝቢ ኤርትራ: ከይፈለጠ ብራዕድን



ይቕጽል

ብፍርሕን ከምዝነብር ኮይኑ'ሎ። ጽባሕ ንግሆ ግን: እቶም ባዕዳውያን: ነቲ ብሰንኮምን ብሰንኪ ዕሱባቶም ደቂ ሃገርን: እቲ ህዝቢ ምስ ጸጋኡ ክነሱ: ቅጫ ስኢኑ ተጸባያይ ንኽከውን ተቐሲቡ ዘሎ: ተሰልቢጦም ባኒ ሒዞም ክመጽዎ'ዮም። ሽዑ እቲ ህዝቢ ንተቓወምቲ ከምዘይዝክሮም ክፈልጡ ይግብኦም።

ብሓጺሩ እዚ ብተቓወምቲ ዝግበር ዘሎ ኮለል: ብሃንደበት ዝመጸ ከምዘይኮነ ህዝብና ክስሕቶ የብሉን። ብረቂቕ ስልቲ ባዕዳውያን ዝተማህዘን: ገና ድማ ብባዕዳውያን ረቂቕ ሜላ ዝቃነ ዘሎን'ዩ። ድሮ'ኳ ሎምስ እቲ ምስጢር እናተኸሸሔ ይመጽእ ኣሎ። ነዚ ረቂቕ ውዲት'ዚ ድማ: ህዝቢ ኤርትራ ተመራሚሩ ክግንዘቦ ይግባእ። እዚ ብባዕዳውያን ዝተኣልመ ማኣለማ'ዚ ከኣ: ቀንዲ ዓላማኡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ክንዲ ብሓባር ንመሰሉ ተላዒሉ ልዕላውነቱ ዓቂቡ እፎይ ኢሉ: ከም ካልኦት ህዝብታት ዓለም ነጻ ኮይኑ ዝነብር: ተፋላልዩ ኣንጻር ጥቕሙ ንኽቃለስሞ: ፈጺሙ ምስ ደኸመን ኣላሽ ምስበለን: ሽዑ ባዕዳውያን ሓለይቲ ተመሲሎም: "ካብ ዕርቃንካ ከነገላግለካ ካብ ጥሜትካ ክንዕንግለካ: ካብ ድንቊርና ሓራ ከነውጽኣካ" ኢሎም: መሲሃን ኮይኖም ክመጽዎ'ዮም። እቶም ተቓወምቲ ዝብሃሉ ሾነታት ኤርትራ ከም'ዚ ከምዝኸውን እናርኣዩ ግን: ኣብ ውሽጢ ጸላእቲ ኤርትራ ዝኾና ሃገራት ዓሪዶምን: ብክኢላታት ጸላእቲ ኤርትራ ተማዒዶምን: "ንኤርትራ ካብ መንግስቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ከነገላግላ ኢና" ክብሉ ከለው: ብሓፈሻ ብቃልሲ ኤርትራን ብህዝቢ ኤርትራን: ብፍላይ ድማ ብመንነቶምን ይጣልዑ ከምዘለው'ዩ ዝሕብር። እዚኦም ጸረ መንነቶም ተዓሲቦም ዝንቀሳቐሱ ዘለው: ንህዝቢ ኤርትራ ዘይውክሉ: ብግዝያዊ ጥቕሚ ዝሰኸሩ: ጠላማት እኽብካብ'ዮም። ኤርትራ ክሓልፈላ እንተድኣ ኮይኑ: ብህዝቢ ኤርትራን ብልዑላውነት ኤርትራ ዝሓስቡ ደቃ ተጣራኺፎም: ውድባዊ ዝንባሌን ጸግዕን ዘይኮነስ: ሃገራዊ እምነት ሒዞም ጥራይ ብንጹር ስትራተጂ: እሞኸኣ ካብ ታሕቲ ናብ ላዕሊ እናተጠርነፉ: ኣብ መድረኽ ወጺኦም ብህዝባዊ ዋዕላ መስርሕ ክምክቱ ምስዝበቕዑ ጥራይ እዩ። እዚ መስርሕ'ዚ'ዩ እቲ ሓቀኛን ዘየወላውልን: ሃገራዊ ተቓውሞ ክምስረት ዝኽእል። "ኪዳን ይኹኑ ምሕዝነት" ግን: ነቲ ረቛሒ ዝኾነ ሃገራዊ ሓድነት: ካብ ቅድም ፈጺሞም ስለ ዝተሓሰምዎ: ብሓደ ስትራተጂ ዝኣምን ሃገራዊ ዋዕላ መስሪትካ: ሞግዚታዊ መንግስቲ ምእዋጅ: ደርፌ ኣንተዘይኮይኑ: ኣብ ግብሪ ከተግብሩዎ ከቶ ኣይሓልሙን'ዮም። ነዚ ክንብል ከሎና: ነቲ ኣብ ልዕሊ'ቲ ዘራይ ዘይብሉ ህዝቢ ኤርትራ: ዝወርድ ዘሎ ሕሰምን መከራን: ብተስፋ ዘለዎ ስትራተጂ ተመሪሖም ክሳብ ሎሚ ክፈትሑዎ ስለዘይረኣና ኢናምበር: ኣብ ዝኾነት ትኹን ውድብ ውልቃዊ ጽልእን ቅርሕንትን: ከምዘይብልና ከነረጋግጽ ንፈቱ። ነዚ ክርድኡልና ድማ ሓደራ ንብሎም።

## መዘክር

ህዝቢ ኤርትራ ክድሕን ኣንተድኣ ኮይኑ: ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ተጠርኒፉ ሃጋራዊ ባይቶ ክምስርት እዋኑ ኣኺሉ'ዩ። እዚ ማለት ድማ ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ: ካብ ዓዲ ናብ ወረዳ: ካብ ወረዳ ናብ ኣውራጃ: ብወከልቱ ተዋጺኡ: ብሓደ ስትራተጂ ተመሪሑ: በቲ ክጥዕም ዝኽእል ግዜን ማእከላይ ቦታን መሪጹ: ሓደ ግዝያዊ ሃገራዊ ባይቶ ክምስርት እቲ ግዜ በሲሉ'ዩ። ነዚ መስርሕ'ዚ ከኣ ብህጹጽ ከሳልጦ ኣለዎ።ብድሕሪ'ዚ መስርሕ'ዚ ምስቲ ናይ ዳላይ ላማ ወኪል ሃገር ቲቤት: ዝመሳሰል መጕዚታዊ መንግስቲ: ኣብ ወጻኢ ብሕጊ ክእውጅ ዝኽልክሎ የብሉን።ሽዑ ብሕቡራት መንግስታትን: ሕቡራት ኤውሮጳን ካልኦት ዓለም- ለኸ ማሕበራትን: ተሰማዕነት ክረክብ ይኽእል'ዩ። ካብኡ ሓሊፉ በዚ ዝኸዶ ዘሎ መንገዲ: ማለት ካብ 18 ዝበዝሑ ውድባት ኣሞ ዝተፋላለየ ስትርራተጂ ዘለዎም ጥራይ ለውጢ ክመጽእ'ዩ ኢልካ ምሕላም: ዋላ ትንፈር ጠል'ያ ምባል ጥራይ እዩ ዘስምዕ። ወይ ድማ "ገመል እገበይካ" እዩ ዘብል።

**ህዝቢ ኤርትራ ዋላ'ኳ እቶም ንቃለሰልካ ኣሎና: ዝበሉዎ ተቓወምቲ ኣንተዘረዩዎ ክዕወት'ዩ!!!**

ይ ቕ ጽ ል